ኣብ ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ
THE INTERIM REGIONAL ADMINISTRATION OF TIGRAY
ቤት ፅሕፈት ፕሬዚደንት
OFFICE OF THE PRESIDENT

ዕለት
Date 13/07/2016

ቑፅሪ
Ref.No 9/34/8/84

ናብ ቢሮ መሬትን መዓድንን ክልል ትግራይ

<u>መቐለ</u>

**ዋኒን:- <u>ዝፀደቐ መምርሒ ቁፅሪ 4/2016 ዓ/ም ምልኣኽ ይምልከት</u>**

ኣብ ርእሲ ዋኒን ከም ዝተገለፀ ንረብሓ ህዝቢ ክበሃል ትሕዝቶ መሬት ንዝለቐቑ ተጠቀቲ ኣዋህባ ካሕሳ ብመቕረባይነት ቢሮ መሬትን መዓድድን ብቢሮ ፍትሒ ክልል ትግራይ ተራእዩ መበገሲ ናብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ቀሪቡ እዩ ፡፡ ብቲ ዝቐረበ ዝርዝር መሰረት ቤት ምኽሪ ካቢኔ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ብዕለት 18/06/2016 ዓ/ም ኣብ ዘካየዶ ስሩዕ ኣኼብኡ ዝርዝር ትሕዝቶ እቲ መምርሒ ብምዝታይ 75 ዓንቀፃትን 59 ገፅን መምርሒ ንረብሓ ህዝቢ ክበሃል ትሕዝቶ መሬት ንዝለቐቑ ተጠቀቲ ኣዋህባ ካሕሳ ኣፅዲቑ ስለ እዚ መምርሒ ካብ ዝፀቀሉ ዕለት ጀሚሩ ዝምልከተኩም ኣካላት ኩሉኹም ተግባራዊ ክትገብርዎ የተሓሳስብ ፡፡

ምስ ሰላምታ

ጌታቸው ረዳ ካሕሳይ
ፕሬዚደንት ግዚያዊ ምምሕዳር ትግራይ

<u>ቅዳሕ</u>

- ✓ ንቢሮ ፍትሒ ክልል
- ✓ ንቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን
- ✓ ንላዕለዋይ ቤት ፍርዲ

<u>መቐለ</u>

8:40
13/7/16

**ንረብሓ ህዝቢ ክብሃል ንዝልቀቕ መሬት ዝኽፈል ካሕሳ፣**

**ዝወሃብ ተለዋጢ መሬት ወይ ገዛን ተልዓልቲ ልምዓት እግሪ ንምትካልን ዝወፅአ**

**<u>ቁፅሪ መምርሒ 4/2016 ዓ/ም</u>**

*ንረብሓ ህዝቢ ክበሃል ትሕዝቶ መሬት ዝልቀቐሉ፣ ኣብቲ ትሕዝቶ ዝዓረፈ ንብረት ካሕሳ ዝኽፈለሉን ተልዓልቲ ልምዓት መሊሶም እግሪ ዝተኽልሉን ኩነታት ምስ ዘለናሉ ጭቡጥ ኩነታት ተራእዩ ክመሓየሽ ስለዝግባእ፣*

*መንግስቲ ፌዴራል ኣቐዲሙ ካሕሳ ትሕዝቶ መሬትን ንብረትን ምትካል እግሪ ተልዓልትን ዝምልከት ሕጊ ብምምሕያሽ ናብ ስራሕ ኣትዩ ስለዝፀንሐን ኣብ ትግራይ እውን ብተመሳሳሊ ክትግበር ስለዘለዎን፣*

*ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ብመሰረት መንግስቲ ፌዴራል ንረብሓ ህዝቢ ክበሃል ትሕዝቶ መሬት ዝልቀቐሉ፣ ኣብቲ ትሕዝቶ ዝዓረፈ ንብረት ካሕሳ ዝኽፈለሉን ተልዓልቲ ልምዓት መሊሶም እግሪ ንምትካል ዘኽእል ኩነታት ንምውሳንን ዝወፀ ቁፅሪ ኣዋጅ 1161/2011 ዓ/ም ዓንቀፅ 26 (2) ዝተውሃቦ ስልጣን እዚ ዝተመሓየሸ መምርሒ ኣውፂኡ ኣሎ።*

**<u>ክፋል ሓደ</u>**

**<u>ሓፈሻዊ</u>**

**ዓንቀፅ 1. ሓፂር ርእሲ**

*እዚ መምርሒ "ዝተመሓየሸ መምርሒ ካሕሳ፣ ተለዋጢ ቦታ ወይ መሬትን ምትካል እግሪ ተልዓልትን ቁፅሪ 4/2016 ዓ/ም" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።*

**ዓንቀፅ 2. ትርጉም**

*ኣብ ንረብሓ ህዝቢ ክበሃል ትሕዝቶ መሬት ዝልቀቐሉ፣ ካሕሳ ዝኽፈለሉን ተልዓልቲ ልምዓት መሊስካ እግሪ ዝተኽሉሉን ኩነታት ንምውሳን ብመንግስቲ ፌዴራል ዝወፅአ ቁፅሪ ኣዋጅ 1161/2011 ዓ/ምን ቁፅሪ ደንቢ 472/2012 ዓ/ምን ዝተውሃበ ትርጉም ኣብዚ መምርሒ እውን ተፈፃሚ ዝኾውን ኮይኑ፦*

1. *"ኣዋጅ" ማለት ንረብሓ ህዝቢ ክበሃል ትሕዝቶ መሬት ዝልቀቐሉ፣ ካሕሳ ዝኽፈለሉን ተልዓልቲ ልምዓት መሊስካ እግሪ ዝተኽሉሉን ኩነታት ንምውሳን ብመንግስቲ ፌዴራል ዝወፅአ ቁፅሪ ኣዋጅ 1161/2011 ዓ/ም እዩ።*
2. *"ደንቢ" ማለት ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ መሬት እንትልቀቕ ስለዝኽፈል ካሕሳን ተልዓልቲ ምትካል እግርን ዝምልከት ብቤት ምኽሪ ሚኒስተራት ዝወፀ ቁፅሪ ደንቢ 472/2012 ዓ/ም እዩ።*
3. *"ረብሓ ህዝቢ" ማለት ብቀጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ማሕበራውን ቁጠባውን ልምዓት ንምዕባይ ቤት ምኽሪ ሰራሕ ፈፃሚ ክልል፣ ወይ ኣገባብ ዘለዎ ናይ ፌዴራል ኣካል ብመሰረት*

ብሕጊ ስልጣን ዝተውሃቦ ኣካል ኣቐዲሙ ብትልሚ ኣጠቓቕማ መሬት ወይ ብትልሚ ልምዓት ወይ ብመሪሕ ፕላን መሰረት ልምዓት ንህዝቢ ዝሓሸ ናይ ሓባር ጥቕምን ዕቤትን የምፅእ እዩ ተባሂሉ ዝውሰን እዩ።

4. "ክልል" ማለት ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ማለት እዩ።
5. "ሓበራዊ መሬት" ማለት ካብ መንግስቲ ወይ ካብ ውልቀ ትሕዝቶ ወፃኢ ዝርከብ ማሕበረሰብ እቲ ከባቢ ንመግሃጫ፣ ንደንን ካልኦት ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን ብሓባር ዝጥቀሙሉ ትሕዝቶ መሬት እዩ።
6. "ትልሚ ኣጠቓቕማ መሬት" ማለት መሬት ገፀር ክህቦ ካብ ዝኽእል ዝተፈላዩ ረብሓታት ውሽጢ ብመንፅር ቁጠባዊን ማሕበራዊን ረብሓ ዝሓሸ ረብሓ ክህብ ተባሂሉ ዝውሰነሉን ተግባራዊ ዝግበረሉን ትልሚ እዩ፡
7. " ቢሮታት ማለት" ቢሮ መሬትን መዓድንን ከምኡ እውን ቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን እዮም።
8. "ቢሮ" ማለት ቢሮ መሬትን መዓድንን እዩ
9. "ቤት ፅሕፈት" ማለት ቤት ፅሕፈት መሬትን መዓድንን ማለት እዩ፣
10. "ዝተዳለወ መሬት" ማለት ካብ ዝኾነ ይኹን ይግበኣኒ ነፃ ዝተገበረ፣ ዝተሸንሸነ፣ ወሰን ሽኻል ዝተገበረሉን ንልምዓት ወይ ህንፀት ድልው ዝኾነ መሬት እዩ።"
11. "ዝነኣሰ ስታንዳርድ ገዛ" ማለት ሓደ ሰብ ክነብረሉ ዝኽእል ዝተሓተ ስፍሓት ዘለዎ መንበሪ ገዛ ኮይኑ ኣብ ሓባር መንበሪ ኣባይቲ ኮንዶምንየም ድማ ስትድዮ ማለት እዩ።
12. "ዝነኣሰ መንበሪ ኪራይ ዋጋ" ማለት ብስታንዳርድ መሰረት ዝነኣሰ ስታንዳርድ ዘለዎ መንበሪ ገዛ ንምክራይ ዘድሊ ዝተሓተ ናይ መንበሪ ገዛ ናይ ካሬሜትር ዋጋ እዩ።
13. "ፍረ ዝህብ ቀዋሚ ተኽሊ" ማለት ነቲ ፍረ ክበሃል ዝትከልን ፍርያቱ ሓደ ዓመትን ልዕሊኡን ደጋጊሙ ምህርቲ ዝህብ ክከውን ኮይኑ ማንጎ፣ ኣቮካዶ፣ኣፕል፣ ኣራንሺ፣ ሙዝ፣ ሎሚን፣ ትርጐ፣ ዘይትሁ፣ ፓፓየ፣ ካዝሚር፣ ገይሾ፣ በለስን፣ ቡንን ካልኦትን እዮም።
14. "ፍረ ዘይህብ ቀዋሚ ተኽሊ" ማለት ኣብ ኣገልግሎት ንምውዓል ካብ ሓደ ዓመት ንላዕሊ ዝወስድን ብዋናነት ጉንዱ ወይ ሱሩ ወይ ቆፅሉ ወይ ጉንዱን ቆፅሉን ኣገልግሎት ዝህብ ወይ ክሽየጥን ዋጋ ከውፅእን ዝኽእል ተኽሊ ኮይኑ ንዝተፈላለየ ኣገልግሎት ህንፃ መሳርሒ፣ ዕንፀይቲ፣ ኣግሮ ፎረስትሪ፣ ሓፁር፣ ፅላልን ዝውዕል ብፈዕስን ዘርእን ዝትከልን ብተፈጥሮ ዝበቖሉን ተወልዊሉ ክንክን እናተገበረሉ ዝዓቢ ተክሊ ማለት እዩ።
15. "ነባር በዓል ትሕዝቶ" ማለት እቲ መሬት ንህዝቢ ረብሓ ክውዕል ቅድሚ ምውሳኑ እናተጠቐመ ዝፀንሐን ብሕጊ ተቐባልነት ብዘለዎ ኣገባብ ናይ ምጥቃም መሰል ዝተረጋገፀሉ ወይ ሕጋዊ ትሕዝቶ ምስክር ወረቐት ዘለዎ በዓል ትሕዝቶ መሬት እዩ።

ጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State Interim Administration

16. "ውልቀ ትሕዝቶ" ማለት ብዝኾነ ይኹን ሰብ ዝተትሓዘ በዓል ትሕዝቶ ኣብቲ መሬት ናይ ምጥቃም መሰል ሕጋውነት ዝተረጋገፀሉ ወይ ሕጋዊ ናይ ትሕዝቶ ምስክር ወረቐት ዘለዎ በዓል ትሕዝቶ መሬት ማለት እዩ።

17. "መሬት ገፀር" ማለት ካብ ናይ ከተማ ምምሕዳራዊ ወሰን ወፃኢ ዝርከብ ዝኾነ መሬት ማለት እዩ።

18. "ተልዓሊ ልምዓት" ማለት ንህዝቢ ረብሓ መሬት ኣብ ዝልቀቐሉ እዋን ነቲ ልምዓት ዝለዓል ኣብቲ መሬት ይነብር ዝነበረ በዓል ትሕዝቶ ማለት እዩ።

19. "ምትካል እግሪ" ማለት ንልምዓት ተባሂሉ ዝተወሰደ መሬት ምኽንያት ዝረኸቡዎ ዝነበረ ረብሓ ዝተቛረፆም ተልዓልቲ ዘላቒ ፍልፍል እቶት ንኽህልዎም ዝግበር ደገፍ እዩ።

20. "ፓኬጅ ደገፍ" ማለት ብመሰረት ዓንቀፅ 35 ንኡስ ዓንቀፅ (1) ደንቢ ዝርዝር ፓኬጅ ምትካል እግሪ ተሓሳቢ ብምግባር ዝዳሎ ሰነድ እዩ።

21. "ብርኪ ጉድኣት" ማለት ንልምዓት ዘድሊ መሬት ብምውሳዱ ምክንያት ተልዓልቲ ዝስእኑዎ ናይ እቶት መጠንን ከይተወሰደ ዝተርፎም ቦታ ብቐፃሊ ህይወቶም ንምምራሕ እኹል ምስ ምኳኑ ተተሓሒዙ ዝፍለየሉ ኩነታት እዩ።

22. "ጊዜ ስግግር" ማለት ተልዓልቲ ልምዓት እቲ መሬት ንህዝቢ ረብሓ ከምዝድለ ምስ ህዝቢ ምይይጥ ካብ ዝተገበረሉ መዓልቲ ጀሚሩ ክሳብ ተለዋጢ ቦታ ወይ ተለዋጢ ገዛ ተዋሂቡዎም ዝለቐቑሉ መዓልቲ ዘሎ እዋናት እዩ።

23. "ምስራሕ ዘይኽእል ተልዓሊ ልምዓት ማለት" ብእርጋን ወይ ብኣካል ጉድኣት ወይ ብሕክምና ዝተረጋገፀ ምኽንያት ኣብ ስራሕ ምውፋር ዘይኽእል በዓል ትሕዝቶ ናይ ልምዓት ተልዓሊ ማለት እዩ።

24. "ሙሉእ ብሙሉእ ተልዓሊ" ማለት ባዓል ትሕዝቶ ሙሉእ ብሙሉእ ወይ ዝበዝሐ ክፋል ብምውሳዱ ምኽንያት ካብ ዝነበረሉ መረበት ተላዒሉ ናብ ካሊእ ከባቢ ዝሰፍር ተልዓሊ እዩ።

25. "ብኽፋል ተልዓሊ" ማለት ባዓል ትሕዝቶ ብክፋል ዝተወሰዶን መንበሪኡ ናብ ካሊእ ከባቢ ዘይተዛወረን ናይ ልምዓት ተልዓሊ እዩ፣

26. "ብጊዜያዊነት ዝለዓል ተልዓሊ" ማለት ብልምዓት ምኽንያት ንዝተወሰነ ግዘ ካብ ዝነበሮ መረበት ድሕሪ ምልዓሉ ተመሊሱ ናብ ዝነበሮ መረበት ወይ ትሕዝቶ ክሰፍር ዝግበር ተልዓሊ ማለት እዩ፣

27. "ዝበቐዐ ተልዓሊ ልምዓት" ማለት ኣድላዩ ደገፍ እናተገበረሉ ድሕሪ ምፅናሕ ዓርሱ ኪኢሉ ናብርኡ ምምራሕ ዘኽእል ናይ እቶት ብርኪ ዝበፅሐ ተልዓሊ ልምዓት ማለት እዩ፣

28. "ፕሮጀክት" ማለት ተልዓልቲ ልምዓት እግሪ ንምትካል ኣብ ዝህነፁ ህንፀታት መስርሒን መሽጢን ምድላው ቦታን ኣብ ሓፂር እዋን ሃኒፅካ ንምዝዛም ክበሃል ዝቕረፅ ብግዘ ዝተገደበ ስራሕ እዩ፣

29. "መዳርግቲ ኣካላት" ማለት ተልዓልቲ ልምዓት ምትካል እግሪ ኣብ ዝሰራሕ ስራሕ ብቐጥታ ኮነ ብተዘዋዋሪ መንገዲ ደገፍ ዝገብሩ ትካላት ወይ ኣወዳድባታት ወይ መሰል ኣካላት የጠቓልል፣

30. "እዋናዊ ዋጋ ከባቢ" ማለት እቲ ንብረት ኣብ ዝተመነሉ እዋን ዝተፀንዐ እዋናዊ ዋጋ ከባቢ ስልጣን ብዘለዎ ቤት ዕዮ ዝወሃብ ማለት እዩ፣

31. "መሊስካ ምልማዕ" ኣብ ውሽጢ ከተማ ብምኽንያት ዝደቐቑን ዝኣረጉን ከባቢታት ተባሂሎም መሊሶም ክሕደሱ ብስፈር ልምዓት ፕላን ዝተነፀሩ ከባቢታት እዮም።

32. "ስድራ ስውእ ሓርበኛ" ማለት ውሉድ፣ ወለዲ፣ ሰበይቲ ፣ ሰብኣይን ውላድ ጡብን ኮይኖም መረዳእታ ዘምፅኡ እዚኦም እንተዘይሃልዮም ሓውን ሓፍትን ስዉእ ሓርበኛ ክሓውስ ይኽእል።

33."ሰብ" ማለት ተፈጥራዊ ሰብ ወይ ብሕጊ መሰል ሰብነት ዝተውሃ ኣካል እዩ።

**ዓንቀፅ 3. ወሰን ተፈፃምነት**

እዚ መምርሒ ኣብ ትግራይ ኣብ ከተማ ይኹን ገፀር ኣብ በዓል ትሕዝቶ ንረብሓ ህዝብን ልምዓትን ተባሂሉ ዝለዓል መሬትን ንብረትን ተፈፃሚ ይኸውን።

**ክፋል ክልተ**

**ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ዝልቀቕ ትሕዝቶ መሬት ኣከፋፍላ ካሕሳን ኣወሃህባ ተለዋጢን**

**ንኡስ ክፋል ሓደ**

**ኣወሳስና ንረብሓ ህዝቢ ዝልቀቕ መሬት**

**ዓንቀፅ 4. ንረብሓ ህዝቢ ዝልቀቕ መሬት ምፍላይ**

1. ቢሮታት በቢብፂሖቶም ንህዝቢ ዝጠቅም ዝተደለየ መሬት ብግልፂ ፈልዮም ክሕዙ ኣለዎም፣
2. ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ዝለዓል መሬት፦
   ሀ) ካብ መንግስቲ ፌደራል ወይ ካብ ኣብያተ ዕዮመንግስቲ ፌደራል ዝቐርብ ሕቶ ጠለብ መሬት፣
   ለ) ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝርከቡ መንግስታዊን ዘይመንግስታዊን ትካላት ዘቕርብዎ ሕቶ ጠለብ መሬት፣
   ሐ) ቢሮታት ብዘካይድዎ ዳህሳሳዊ መፅናዕቲ ዝፈለዩዎን ዝሓዙዎን ትልሚ ምድላው መሬትን ዳግም ምልማዕን፣
   መ) ብተሳትፎ ሕብረተሰብ ዝሰራሕ መንገዲ ወይ ኣጠቓቕማ ፕላን ንምሕላው ዝኸፈት መንገዲ ዝቐርብ ሕቶ ምልቃቕ መሬት፣

ረ) ብሕጊ ምምሕዳር መሬት ብብርኪ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ዝተፈለዩን ፀዲቖም ናብ ቢሮ ዝቐረቡን ሕቶ ድሌት መሬት፣

3. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ብመሰረት ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (2) እዚ ዓንቀፅ ካብ "ሀ" ክሳብ "ረ" ዝተቐመጡ ነጥብታት ኣማራፂ ቦታ ወይ ግድን ንዝተደለየ ልምዓት ክውዕል ዘለዎ መሬት ይፈልዩ፣

4. ኣብ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ብመሰረት ፕላን ንዝሰርሑ መሰረተ ልምዓትን ኣገልግሎት ህዝብን ሕቶ ምልቃቕ መሬት ከምኡነታቱ ናብቲ ቤት ምኽሪ ወረዳ ወይ ከተማ ክቐርብ ይኽእል፣

5. መሬት ንረብሓ ህዝቢ እንትልቀቕ ኣብ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ክልል ወይ እዚ ውክልና እንትህብ ብቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ወረዳ ወይ ከተማ ቀሪቡ ዝውሰን ኮይኑ፦

   ሀ) ንልምዓት ዝተደለየ መሬት ብመንፅር ፕላን ኣጠቓቕማ መሬት ወይ መሪሕ ፕላን መሰረተ ልምዓት ወይ ትልሚ ልምዓት ብምፍታሽን ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ክልቀቕ ዝኽእል ምዃኑ፣

   ለ) ንልምዓት ዝድለ መሬት ብመንፅር ፕላን ኣጠቓቕማ መሬት ተቐባልነት ዘለዎ ምዃኑ ብቤት ፅሕፈት መሬትን መዓድን ወይ ብቢሮ እንትረጋገፅ፣ ፕላን ዘይተዳለወሉ እንተኾይኑ ብቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ወይ ብኣማኻሪ ትካል ፕላን ተዳልዩ ክፀድቕ ብምግባር ይኸውን፣

**ዓንቀፅ 5. መፅናዕቲ መሬት ንምልቃቕ ዘድሊ ወፃኢን ምፍላይ ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ**

1. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ብመሰረት ዓንቀፅ 46 እቲ ደንቢ ዳህሰሳዊ መፅናዕቲ ብምክያድ ኣድላዪ መረዳእታ መሬት ንምልቃቕ ዘድሊ ወፃኢን ምፍላይ ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ ወዲቡ ክሕዝ ኣለዎ።

2. እቲ ንልምዓት ዝድለ ቦታ ቅድሚ ምውሳኑ ናይቲ ልምዓት መዋፃኣይነት ተራእዩ ምስቲ ዝመፅእ ልምዓትን እቶም ሰብ ትሕዝቶን ብምንፅፃር ኣዋፃኣይ ኮይኑ እንትርከብ ዝውሰን ይኸውን፣

3. ዝካየድ ዳህሰሳዊ ፅንዓት ብዋናነት፦

   ሀ) ንኽፍሊት ካሕሳ ዘድሊ መጠን ገንዘብ፣

   ለ) ተልዓልቲ እግሪ ንምትካልን ንምደገፍን ዘድሊ መጠን ገንዘብ፣

   ሐ) ንቀንዲ ቀንዲ መሰረተ ልምዓት ዝርግሐ ዘድሊ ወፃኢ፣

   መ) ተልዓልቲ መራሕቲ ስድራን በዝሒ ኣባላት ስድራን፣

ሰ) ንተልዓልቲ ልምዓት ዘድሊ ተለዋጢ ስፍሓት መሬትን በዝሒ ገዛን ብዝርዝር ከመላኽት ኣለዎ።

ዓንቀፅ 6. ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ዝልቀቕ መሬት ምውሳን

1. ብመቕረባይነት ቢሮ ንረብሓ ህዝቢ ዝለዓል መሬት ዝውሰን፣

ሀ)ሃገራዊን ክልላውን ረብሓ ዘለዎም ዓበይቲ ፕሮጀክታት ኢንቨስትመንት ፣

ለ)ብፌደራል ወይ ብክልል መንግስቲ ዝስርሑ ፕሮጀክታት መንግስቲ፣

ሐ)ሃገራዊ ወይ ክልላዊ ስምምዕነት ዘለዎም ዘይመንግስታዊ ፕሮጀክታት ልምዓት ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ፊደል ሀ-ሐ ዝተገለፁ ዝትግበር ቢሮ ካብ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ዝቐረበሉ ሕቶ ልምዓት ብመሰረት ኣጠቓቕማ መሬት ፕላን፣ ፕላን ከተማን መሪሕ ፕላን መሰረተ ልምዓትን ኣረጋጊፁ ናብ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ክልል ኣቕሪቡ የወስን፣ ቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ክልል ኣብ ውሽጢ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ብመሰረት ትልሚ ወይ ፕላን ልምዓት ንዝፍፀሙ ኣናእሽተይ ፕሮጀክትታት እዚ ስልጣኑ ከም ኣገባብነቱ ንቤት ምኽሪ ስራሕ ፈፃሚ ምምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ብውክልና ክህብ ይኽእል፤

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1(ሀ) ዝተገለፁ ፕሮጀክታትን ኢንቨስትመንትን ተባሂሉ ኣቐዲሙ እቲ ዝተሓሰበ ልምዓት ኣድላይነቱ፣ ዝርዝር ኣጠቓቕማ መሬት፣ ትልሚ ወይ ፕላን ብርኪ ልምዓትን ረብሓ ህዝብን ነቲ ዝልቐቕ መሬት ዘድሊ ወፃኢ ወይ ገንዘብ ካሕሳን ምትካል እግርን ዝተዳለወ ምኽኑ ዝምልከቶ ቤት ፅዮ ክልል ክረጋግፅ ኣለዎ፣

4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተገለፀ ከም ዘሎ ኮይኑ ዝተመረፀ ቦታ ኣብቲ ኣዋጅን ደንብን ንተልዓልቲ ልምዓት ዝተቐመጡ መሰላት ብምርግጋፅ ወፃኢ ወይ ገንዘብ ካሕሳን ምትካል እግርን ተገቢጦ ክልኣኽሉ ዝርዝር መግለፂን ስፍሓትን እቲ ቦታ ወይ መሬት ብምንፃርን ብምትሕሓዝን ንቢሮ ክሓትት ኣለዎ፣

5. ቢሮ ነቲ ዝተመረፀ ቦታ ወይ መሬት ዝሓቶ ወፃኢ ወይ ገንዘብ ካሕሳን ምትካል እግርን ተገቢጡ ክልኣኽሉ እቲ መሬት ናብ ዝርከበሉ ወረዳ ወይ ከተማ ምምሕዳር ክፍልዋ ኣለዎ፣

6. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ዝተመረፀ ቦታ ወይ መሬት ምስ ኣጠቓቕማ መሬት ብምንፅፃር ንምልቃቕ ተልዓልቲ ልምዓት ዘለዎም መሰል ቀዳምነት ምልማዕ ብምርግጋፅ ዘድሊ ወፃኢ ወይ ገንዘብ ካሕሳን ምትካል እግርን ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንቢሮ ክፍልዋ ኣለዎ፣

7. ቦታ ወይ መሬት ክልቀቐሉ ዝሓተተ ቤት ፅዮ ነቲ ዝልቐቅ መሬት ዘድሊ ወፃኢ ወይ ገንዘብ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ናብቲ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ኣታዊ ክገብር ኣለዎ፣

8. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (7) ዝተገለፀ ኣታዊ ዝተገበረ ገንዘብ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ንተልዓልቲ ልምዓት ካሕስኦም ብምኽፋል እቲ ቦታ ናብ ባንኪ መሬት ኣታዊ ገይሩ ንቢሮ ክፍልጥ ኣለዎ፣

9. ዝምልከቶ ቤት ፅዮ ፍልፍል ወፃኢ ወይ ገንዘብ ካሕሳን ምትካል እግርን ካብ በዓል ሃፍቲ ወይ ኢንቨስተር ዝቐርበሉ እንተኾይኑ እቲ በዓል ሃፍቲ ወይ ኢንቨስተር ዘውፅኦ ገንዘብ ካብ ጠቕላላ ክፍሊት ሊዝ ወይ ክራይ መሬት ተነክዩ በብዓመቱ ክኽፈሎ ይግበር፣

10. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (9) እዚ ዓንቀፅ ከምዘለዎ ኾይኑ መጠን ክፍሊት ሊዝ ወይ ክራይ መሬት ዘድሊ ወፃኢ ወይ ገንዘብ ክፍሊት ካሕሳ፣ ምትካል እግርን ህንፀት መሰረተ ልምዓትን ተሓሳቢ ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ፣

11. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (9)ን (10)ን እዚ ዓንቀፅ እንተሃወ እውን ወፃኢ ወይ ገንዘብ ክፍሊት ካሕሳ፣ ምትካል እግርን ህንፀት መሰረተ ልምዓትን ኣቐዲሙ ሸፊኑ ቦታ ወይ መሬት ዝወሰደ በዓል ሃፍቲ ወይ ኢንቨስተር ብመሰረት ዝኣተዎ ውዕሊ እቲ ልምዓት ብዘይምፍፃሙ ዝውሰድ ስጉምቲ እንትህልው ንካሕሳ፣ ምትካል እግርን ህንፀት መሰረተ ልምዓትን ኣቐዲሙ ዘውፅኦ ገንዘብ ክምለሰሉ እንተሓቲቱ ፈፂሙ ኣይምለሰሉን፣

12. ካሕሳ ተፈፂሙሉ ናብ ባንኪ መሬት ኣታዊ ዘይተገበረ ወይ ስራሕቲ ምድላው መሬትን ካሕሳን ተወዲኡ ገደብ ጊዜ ምስማዕ ጥርዓን ክይተወደአ ክለምዕ ዝኽእል መሬት ኣሎ ተባሂሉ ብዝምልከቶ ቤት ፅዮ መንግስቲ ክልል ናብ ሰብ ሃፍቲ ወይ ኢንቨስተራት ምፍላጥ ወይ ምቅላሕ ይኹን ምምሕላፍ ኣይክኣልን፣

13. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (12) ዝተገለፀ ከም ዘሎ ኮይኑ ካሕሳ ተኸፊልዎ ናብ መሬት ባንኪ ኣታዊ ዘይተገበረ መሬት ስራሕቲ ምድላውን ምልማዕን መሬት ኣብ ከይዲ ከምዘሎ ተሓሲቡ ንህዝቢ ግልፂ ይግበር።

14. ካብ ሓደ ወረዳ ወይ ከተማ ንላዕሊ ዝትንክፉ ፕሮጀክትታት ልምዓት እንተጋጥሙ ብውሳነ ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ክልል ይፍፀም፣

15. ካብ ገፀር ናብ ከተማ ኣብ ዝኣተው ትሕዝቶታት እቲ ትሕዝቶ ንረብሓ ህዝቢ እንትድለ ናይ ሃፍተ ገነት ርክክብ ኣብ ዘይተፈፀመ ወይ ኣብ ሕሉፍ ዓመታት ዝተፈፀሙ ናይ ርክክብ ሰነድ ምዕፋፍ ፀገማት እንተጋጢሙ፣-

ሀ) ንክፍፀም ኣቐዲሙ ሕጋዊ ርኽክብ ዝተፈፀመሉ ሰነዳት ይፍተሽ ወይ

ለ) ነቲ ስራሕ ዘድልዩ ምምሕዳር ኣካላት ከምኡ እውን ናይ ገፀርን ናይ ከተማን በቢ ብርኩ ዘለው ናይ መሬት ምምሕዳር ኣመራርሓን ሰብ ሞያን ናይ ሓባር ኮሚቴ ብምጥያሽ ዝምልከቶም ሕጋውያን ሰብ ትሕዝቶ መረዳእታ ብምፅፋፍ ይፍፀም፣

ሐ) ኣብ ገፀር እናሃለወ ካዳስተር ዝተሰርሐሉ እንተኾይኑ ናብ ከተማ እንትኣቱ እቲ ዝነበረ ካልኣይ ብርኪ መረዳእታ ከም ዝነበሮ መረዳእታ ተገይሩ ይውሰድ፣

መ) ኣብ ገፀር 2ይ ብርኪ ካዳስተር ዘይተሰረሐሉ 1ይ ብርኪ ሰርቲፊኬት ብምምሕዳር መሬት እናተረጋገፀ መረዳእታ ኮይኑ ይተሓዝ፣

ረ) ኣብ ገፀር 2ይ ብርኪ ካዳስተር እንተተሰሪሑሉ እቲ ዝተረጋገፀሉ በዓል መሰል ትሕዝቶ ኮሚቴ እንተይኣድለየ ኣብ ምዝገባን ምርግጋፅን ካዳስተራል ሰርቨይን ዘሎ መረዳእታ ብቐጥታ ምጥቃም ይከኣል፣

ሰ) ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ፊደል ሐ ዝተገለፀ ከም ዘሎ ኮይኑ 2ይ ብርኪ መረዳእታ መሬት ኣብ ዘይተሰረሐሉ 1ይ ብርኪ መረዳእታ ዝጥቀም እንተኮይኑ እቲ መረዳእታ ብምምሕዳር መሬት ወረዳ ዝተረጋገፀ ክኸውን ኣለዎ፣

ሸ) ኣብዚ ንኡስ ዓንቀፅ ፊደል "ሰ" ዝተገለፀ ከምዘሎ ኮይኑ ካብ 1ይ ብርኪ ሰርቲፊኬት (ቨልባል) መረዳእታ ወፃኢ ዝቐርብ መረዳእታ ግን ተቐባልነት የብሉን።

16. እቲ ርክክብ ዝፍፀም ድሕር እዚ መምርሒ ምፅዳቁ ዝፍፀም እንተኾይኑ፣-

ብመሰረት መምርሒ ሊዝ ክልል ቑፅሪ 05/2007 ዓ/ምወረዳ ገፀር ናብ ከተማ ዝኣትው ገባራትን ሰብ መሰል ትሕዝቶን ጠቕላላ ሃፍቲ ገነቶም ስፍሓት መሬቶምን ኣብ ልዕሊ መሬቶም ዘፍረይዎ ሕጋዊ ንብረት ተረጋጊፁ ናብ ምምሕዳር ከተማ ብሰሩዕ ሰነድ ሕጋዊ ርክክብ ክፍፀም ኣለዎ፤

17. ፈፃሚ ስራሕ ወረዳ ወይ ከተማ ብብርኪ ወረዳ ወይ ከተማ ዝዝርግሑ መሰረተ ልምዓታትን ንህዝቢ ግልጋሎት ዝውዕል መሬት ንክለዓሉ ናይ ምውሳን ስልጣን ኣለዎም፡

18. ዝምልከቶ ኣካል ናይ ክልል ወይ ወረዳ ወይ ከተማ ፈፃሚ ስራሕ ንምውሳን ዝሕግዞም ንልምዓት ዝተደለየ ትኽክለኛ ቦታን ስፍሓቱን ዝገልፅ ሳይት ፕላን ምስ ውሳነ ሓሳብ ወዲቡ ክቕርብ ኣለዎ።

19. ዝልቀቕ መሬት እንትውሰን ንካሕሳን ምትካል እግሪ ተልዓልቲን ዘድሊ በጀት ዝሸፍን ኣካል ሓቢሩ ክውሰን ኣለዎ።

20. ክልል ወይ ከተማ ወይ ወረዳ ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ንክልቀቕ ውሳነ ዝተውሃቦ ቦታ ዝተፈላለየ ኣማራፂ ብምጥቃም ንህዝቢ ግልፂ ክግበር ኣለዎ።

21. ቢሮ ከም ኣድላይነቱ ንህዝቢ ረብሓ ተባሂሉ ናይ ምልቓቕ ስራሕ ዝተሰርሓሉ ከተማ ወይ ወረዳ ዳህሳስ ብምክያድ ኣብ ዝተረኸቡ ርካባት መስተኻኸሊ ስጉምቲ ክወስድ ይኽእል።

**ዓንቀፅ 7. ዝልቀቕ መሬት ንረብሓ ህዝቢ ምኻኑ ምምይያጥ**

1. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ንረብሓ ህዝቢ ክልቀቕ ኣብ ዝተሓሰበ መሬት ዝተተለመ ልምዓት፣ ናይቲ ልምዓት ኣድላይነት፣ ንህዝቢ ዘለዎ ረብሓን ናይ ህዝቢ ደገፍን ከምዘለዎ፣
   - ሀ) ተወከልቲ ኣብ ዝለዓል መሬት ዝነብሩ ሰብ ትሕዝቶ፣
   - ለ) ናይ ከተማ፣ ወረዳ፣ ክፍለ ከተማን ጣብያን ምምሕዳር ኣካላት፣
   - ሐ) ናይ ልምዓት ተልዓልቲ እግሪ ዘትክል ናይ ስራሕ ክፋል፣
   - መ) ካብ ዝምልከቶም መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት ተወከልቲ፣ ከምኣድላይነቱ ናይ መሰረተ ልምዓት ዘርጋሕቲ ትካላት፣ ናይ ፍትሒ ኣካላትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ኣብ ዝተረኽብሉ ምይይጥ የካይድ።
   - ሰ) ተወከልቲ መናእሰይ፣ ሓረስቶት፣ ደቂ ኣንስትዮን ጉድኣት ኣካልን፣
   - ረ) ተወከልቲ ኣብ ዙርያ መናእሰይ፣ ደቂ ኣንስትዮን ጉድኣት ኣካልን ዝሰርሑ ትካላት፣

2. ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 ካብ ዝተገለፀ ብተወሳኺ ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ክልቀቕ ኣብ ዝተሓሰበ መሬት ቢሮታት ነቲ ስራሕ ቅርበት ዘለዎም ካብ ስራሕ ክፋል ዝተውፃኡ ሰብ ሞያ ክግምገም ብምግባር ንውሳነ ዝሕግዝ ሞያዊ ሪኢቶ ከተኣኻኽቡ ይኽእሉ።

3. ብብርኪ ክልልን ፌደራልን ዝሰርሑ ፕሮጀክትታት ልምዓት እንተኾይኖም ኣብ ዝግበሩ ናይ ህዝቢ ምይይጣት ዝተረኸቡ ናይ ህዝብን ሰብ ሞያን ርኢቶታት መበገሲ ብምግባር ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ክልል እቲ መሬት ንረብሓ ህዝቢ ክለዓል ወይ ካሊእ መመረፂ ክቐርብ ክውስን ይኽእል።

**ዓንቀፅ 8. ኣገባብ ኣፈፃፅማ ምልቃቕ**

ንኣፈፃፅማ ድንጋገታት እቲ ደንቢ ዓንቀፅ 3፣ 4፣ 5ን 6ን ምስ ናይ ልምዓት ተለዓልቲ ዝግበር ምይይጥ ብዝስዕብ ኣገባብ ይፍፀም፡-

1. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ከከም ኣድላይነቱ መሬት ምስ ዘልቅቕ ኣካል ብሓባር ብምኻን ረብሓ እቲ ልምዓትን ኣፈፃፅማኡን ዝምልከት ምስ ተላዓልቲ ልምዓትን መዳረግቲ ኣካላትን ምይይጣት ምክያድን ምፍላጥን ተግባራት ክፍፅም ኣለዎ፣

2. ዝልቀቕ መሬት ናይቲ መሬት ዋኒን ዝምልከቶም ናይቲ ከባቢ ኣመራርሓን ተወከልቲ ሕብረተሰብን ካልኦት እዚ ጉዳይ ዝምልከቶም ኣካላትን ኣብቲ ምይይጥ ይሳተፉ፣
3. እቲ ምይይጥ ብልምዓት ተለዓልቲ ቅድሚ ምልዓሎም እንተነኣሰ ቅድሚ ሓደ ዓመት ክካየድ ኣለዎ፣
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን ዝልቀቕ ቦታ ንህፁፅ ናይ መንግስቲ መሰረተ ልምዓት ሃገራዊ ወይ ክልላዊ ረብሓ ዘለዎም ፕሮጀክታት ንክልቀቕ ብናይ ክልል ወይ ፌደራል ኣካላት እንትውሰን ቅድሚ ምልዓሎም እንትወሓደ ካብ 6 ወርሒ ኣብ ዘይነኣሰ ግዘ ተለዓልቲ ክፈልጡዎን ክመያየጡሉን ይግበር፣
5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዝተገለፀ ከም ዘለዎ ኮይኑ ብናይ ልምዓት ተልዓልቲ ድሌትን ብምትእምማን ካብኡ ንታሕቲ ክትግበር ይኽእል።
6. ተሳተፍቲ ምይይጥ ብምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ኣቢሉ ደበዳቤ ወይ ካልእ ኣማራፂ ብምጥቃም ፃውዒት ይግበር፣
7. ናብቲ ምይይጥ ክሳተፉ ዝዕውዑ ብልምዓት ተላዓልቲ ኣካላት ዕድሚኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን ኮይኖም ዕድመ፣ፆታን ጉድኣት ኣካልን መሰረት ዝገብር ኮይኑ ደቂ ኣንስትዮ፣ ጉድኣት ኣካልን ሕጋዊ ወኪል ዘለዎም ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ብወከልቶም ኣቢሎም ምይይጥ ዝግበረሉ ምችውን ተበፃሓይን ቦታ ምኻኑ ኣብ ግምት ከኣትው ኣለዎ፣
8. እቲ ዝግበር ምይይጥ ቸክሊስት ተዳልዩ ደቂ ኣነስትዮ፣ ኣረጋውያን፣ ጉድኣት ኣካል፣ ትሕቲ ዕድመን ብዝምቹ ኣገባብ ክፍፀም ኣለዎ፣
9. ኣብ ዝካየድ ምይይጥ፣

    ሀ) ካብ ተለዓልቲ ልምዓት እንተነኣሰ 3/4 ክርከቡ ይግባእ፣

    ለ) ኣብ ናይ መጀመርያ ፃውዕዒት ዝተረኸቡ ትሕቲ 3/4 እንተኾይኖም ኣብ ካልኣይ ፃውዒት እንተነኣሰ ፍርቂ (1/2) ክርከቡ ይግባእ፣

    ሐ) ኣብ ካልኣይ ፃውዒት ዝተረኸቡ ትሕቲ ፍርቂ (1/2) እንተኾይኑ ኣብ ሳልሳይ ፃውዒት ብዝተረኸቡ ተላዓልቲ ልምዓት ይካየድ፣

    መ) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ሀ፣ ለን ሐን ዝተገለፀ ከም ዘሎ ኮይኑ ኣብ ፃዊዒት እንተዘይተረኺቦም እቲ ልምዓት ክቐፅል ይውሰን፣

10. ኣብ መወዳእታ እቲ ምይይጥ እቶም ተለዓልቲ ልምዓት ግልፂ ብዝኾነ ኣገባብ ተወከልቶም ይመርፁ፣

11. በዝሒ ዝምረፁ ተወከልቲ ተልዓልቲ ልምዓት ከም ብዝሓት ናይቶም ተለዓልቲ ልምዓትን ዓይነት ትሕዝቶን ኮይኑ ኩሉ ናይ ማሕበረሰብ ክፋል ኣብ ግምት ብምእታው ካብ 5 ክሳብ 7 ሰባት ክኾኑ ይግባእ፣

12. ኣብ መንጎ ዝተመረፁ ተወከልቲ ተልዓልቲ ልምዓትን ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳን መተኣማመኒ ሰነድ ስምምዕነት ይፍረም።

**ዓንቀፅ 9. ንልምዓት ካብ ዝለዓሉ ሰብ ትሕዝቶ መረዳእታ ምእካብ**

1. ምስ ተለዓልቲ ልምዓት ምይይጥ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ብተወከልቶም ኣቢሉ ክበፅሕ ብምግባር ወይ ኣብ ግልፂ ዝኾነ ሰለዳ ብምልጣፍ መረዳእታ ዝእከበሉ መዓልቲ ንተለዓልቲ ይግለፅ፣

2. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ናይ መንግስቲ ኣባይቲ ካብ ዘመሓድሩ ኣካላት ብልምዓት ምኽንያት ኣብ ልዕሊ ዝልቀቕ ትሕዝቶ ዘለው ተኻረይቲ መረዳእታ ንክፃረ ኣብ ዝለምዕ ከባቢ ዝርከብ ቦታ ዝገልፅ ሳይት ፕላንን ሽም ዝርዝር ተልዓልትን ብምግላፅ ስራሕቲ ምልቃቕ ቅድሚ ምጅማሩ ሰለስተ ወርሒ ኣቐዲሙ ብደብዳቤ የፍልጥ፣

3. ኣብ ልዕሊ ዝልቀቕ መሬት ዝርከቡ ሰብ ትሕዝቶ ሰብ መሰልን ብዛዕባ ምኻኖም ዝሀልዎም መረጋገፂ ትሕዝቶ ውዕሊ፣ ካርታ ወይ ደፍተር፣ ናይ ገፀር መጥቀሚ ሰርቲፊኬት፣ ናይ ግብሪ ክፍሊት መረዳእታ ኣተሓሒዙ ከቕርቡ ኣለዎ፣

4. ኣብ ናይ መንግስቲ ገዛ ተኻርዮም ዝነብሩ ተኻረይቲ ዝተሓደሰ ውዕሊ ክራይ፣ ናይ መወዳእታ ወርሒ ክፍሊት ቅብሊት፣ መለለይ መንነት ኮፒ፣ እቲ ክራይ ንንግዲ እንተኾይኑ ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ከቕርብ ኣለዎ፣

5. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ፣

ሀ) ኣብቲ ዝልቀቕ ቦታ ዝርከቡ ሰብ ትሕዝቶ፣

ለ) ናይ ሓባር መሬት እንተኾይኑ ካብ ምምሕዳር ገፀር መሬት ፣

ሐ) ናይ መንግስቲ ገዛ ተካራይቲ እንተኾይኖም ውዕሊ ክራይን መለለዪ መንነትን መረዳእታ ከቕርቡ ኣለዎም፣

መ)ስራሕቲ ምትካል እግሪ ተለዓልቲ ንምስራሕ ዝሕግዙ መረዳእታታት ከምኡ እውን ካሕሳ ክኽፈሎም ዝግባእን ንብረታትን ዝምልከት መረዳእታን ዓቐንን ምእካብ፣

ረ) ኣብ ገፀር ይኹን ከተማ ምስ ተልዓሊ መራሒ ስድራ ሓቢሮም ዝነብሩን 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝመልኦምን ውላዳት ዝምልከት መረዳእታ ይሕዝ፣

ሰ) መሰል ሰብ ትሕዝቶ ንምፅራይን ንምውሳንን ዝሕግዙ ሰነዳት ብምፍላይ መረጋገፂ ትሕዝቶ ሰነድ ወይ መሰል ዝፈጠረ መረዳእታን ካብ ውሕስናን ዕዳን እገዳን ነፃ ምኻኑ ከረጋግፅ ኣለዎ።

6. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ን 5ን፣

   ሀ) ሕቶ ዝቐረበሉ ኣካል ሕቶ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ሓሙሽተ (15) ናይ ስራሕ መዓልቲ መልሲ ክህብ ኣለዎ፣ በዝሒ ተልዓልቲ ልዕሊ 200 እንተኾይኖም ከከም ክብደት ናይቲ ስራሕ ተራእዩ ክሳብ 30 መዓልቲ ክናዋሕ ይኽእል፣

   ለ) ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ "ሀ" ዝተቐመጠ ገደብ ጊዜ መልሲ እንተዘይተዋሂብዎ ዝቐረበ መረዳእታ ትኽክለኛ ከም ዝኾነ ተገይሩ ይውሰድ።

7. ኣብ ልዕሊ ብልምዓት ዝልቀቕ መሬት ዝርከብ ንብረት ብውሕስና ዝተትሓዘ እንተኾይኑ ብውሕስና ዝሓዘ ኣካል ንልምዓት ዝለዓል ምኻኑ ብዳብዳቤ ክፈልጥ ይግበር፣

8. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 7 ዝተገለፀ ከም ዘለዎ ኮይኑ ብውሕስና ዝሓዘ ኣካል ብደብዳቤ ንዘፍለጠ ትካል ኣብ 7 ናይ ስራሕ ማዓልቲ ግብረ መልሲ ክህብ ኣለዎ፣

9. መረዳእታ ዝጠፍኦ በዓል ትሕዝቶ ወይ ተኻራዪ ኣገባብ ብዘለዎ ናይ ሕጊ ኣተኻኽሉ መረዳእታ መረጋገፂ መሰል ትሕዝቶ መሬት ተኸቲሉ ክቐርብ ምስተገበረ ይተኣናገድ ፣

10. ሰነድ ኣልቦ ዝኾኑ ሰብ ትሕዝቶ ሰነድ ምሃብ ስልጣን ብዝተውሃቦ ኣካል ሕጋዊነቱ ተረጋጊፁ ክቕርብ ኣለዎ፣

11. ዝልቀቕ መሬት ንስራሕቲ መዓድን ዝተትሓዘ እንተኾይኑ ፍቓድ ካብ ዝሃቦ ኣካል ውዕልን ዝተሓደሰ ናይ ስራሕ ፍቓድ መረዳእታን ክቕርብ ኣለዎ፣

**ዓንቀፅ 10. ትንተና መረዳእታ ተለዓልቲ ልምዓት**

1. ኣብ ምትካል እግሪ ተልዓልቲ ክሕቆፉ ዝግበኦም ዝርዝር መረዳእታ ናይ ውልቀ ሰብ ትሕዝቶ ክፍለ ኣለዎ፣
2. ግምት ንብረት ካሕሳ ነዚ ተባሂሉ ብዝተዳለወ ሶፍትዌር ብምጥቃም ክትንተን ኣለዎ፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን ካሕሳ ግምት ሶፍትዌር ክሳብ ዝምዕብል ብዝተለመደን እናተሰርሐሉ ዝርከብን ኣሰራርሓ ግምት ካሕሳ መሰረት ብምግባር ይትግበር፣

**ዓንቀፅ 11. ምውሳን በዓል ትሕዝቶ መሬት ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ**

1. ዝለዓል ውልቀ በዓል ትሕዝቶ ዘቕርቦ መረዳእታ ምስ ዝምልከቶ መንግስታዊ ቤት ፅዮ ዝቐርብ መረዳእታ ተገናዚቡ በዓል መሰል ተለዋጢ ቦታ ይኸውን፣
2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ሕቶ ዝቐረበሉ መንግስታዊ ቤት ፅዮ ዝሃቦ መረዳእታን ብልምዓት ተልዓልን ዝቐረበ መረዳእታ ኣፈላላይ እንተሃልዩ መረዳእታ ብዝሃበ መንግስታዊ ቤት ፅዮ ዳግም ክረጋገፅ ብምግባር ብዝርከብ መረዳእታ በዓል ትሕዝቶ ይውሰን፣

ጊዜያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional Interim Administration

3. በዓል ትሕዝቶ ምኽኑ ዝተወሰነሉ ናይ ልምዓት ተልዓሊ ኣብ ልዕሊ ሕጋዊ ትሕዝትኡ ዝዓረፈ ቀዋሚ ንብረት ሕጋዊ ንብረቱ ከምዝኾነ ይቑፀር፣

4. ተኻራይ ናይ መንግስቲ ገዛ ዝኾነ ብልምዓት ተልዓሊ ዘቕረቦ መረዳእታ ካብ ዝምልከቶ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ምስ ዝእከቦ መረዳእታ ብምግንዛብ ዝጠዓዓም እንተኾይኑ ተኻራይ ካልእ ናይ ውልቀኡ ገዛ ወይ ቦታ እንድሕር ዘይሃልዩዎ ወይ ድሕሪ 2009 ዓ/ም ብዝኾነ መንገዲ ናብ ሳልሳይ ወገን ትሕዝትኡ ዘየመሓላለፈ እንተኾይኑ ተለዋጢ ናይ መንግስቲ ገዛ እንተሃልዩ ብክራይ ናይ ምርካብ መሰል ይህልዎ፣

ዓንቀፅ 12. ካሕሳን ተለዋጢ ቦታን ወይ ተለዋጢ ገዛ ተልዓልቲ ልምዓት ግልፂ ምግባር

ናይ ልምዓት ተልዓሊ ካሕሳን ተለዋዋጥን ቅድሚ ምሃብ መረዳእታ ተዳልዩ ኣብ ምልክታ መለጠፊ ቦታ ወይ ሰለዳ ንሸውዓተ /7/ መዓልቲ ብምልጣፍ ንህዝቢ ግልፂ ክግበር ዘለዎ ኮይኑ ከከም ኣድላይነቱ ክልተ ግዜን ልዕሊኡን ብቴሌቪዥንን ብሬድዮ፣ጋዜጣን ካልእ ኣመራፂ መራኸቢ ሓፋሽን ብምጥቃም ግልፂ ክግበር ይኽእል፣

ዓንቀፅ 13. ካሕሳ፣ ምሃብ ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ

1. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ካሕሳ ንዝግበኦ ተልዓሊ ልምዓት ዓይነት ካሕሳን መጠን ገንዘብን ገሊፁ ብፅሑፍ ክበፅሖ ክገብር ኣለዎ፣

2. ዝካሓስ ናይ ሓባር ንብረት እንተኾይኑ ተጠቀምቲ ብፅሑፍ ንዝወከሉዎ ወኪል ወይ ንኩሎም ተጠቀምቲ ክበፅሕ ይግበር፣

3. ብልምዓት ተልዓሊ እቲ ካሕሳ ብፅሑፍ ካብ ዝተውሃቦ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ዝተተመነ ካሕሳ ክወስድ ኣለዎ፣

4. ኣብ ልዕሊ ንብረትን ትሕዝቶን ወይ ኣብ ሓዲኡ ናይ ይግበኣኒ ክትዕ እንተልዒሉ እቲ ናይ ካሕሳ ገንዘብ ብምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ነዚ ተባሂሉ ኣብ ዝተኸፈተ ዕፅው ቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ይቅመጥ፣

5. ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ ዝግበኦ ብልምዓት ተልዓሊ ተለዋጢ ኣብ ዝወሃበሉ እዋን ተመሳሳሊ መጠን ዝግበኦ ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ ክይዲ ኣወሃህባ ብዕፃ ግልፂ ይኸውን፣

6. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 ዝተገለፀ ከም ዘሎ ኮይኑ ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ ክይዲ ኣወሃህባ ብዕፃ ኮይኑ ናይ ቦታ ወይ ገዛ ኣመራርፃ ግን ኣብቲ ዝነብረሉ ከባቢ ብኣጠቓቕማ ሽንሻኖ ዝጠዓዓም እንተሃልዩ ቀዳምነት ነቲ ካብቲ ከባቢ ዝለዓል ተልዓሊ ይወሃቦ፣

7. ዝወሃብ ተለወጢ ቦታ ነቲ ብልምዓት ተልዓሊ ተፈቒድሉ ዝነበረ ቦታ ብመሬት ኣጠቓቕማ ወይ ፕላን ተመሳሳሊ ክኸውን ኣለዎ፣

8. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ 7 ዝተገለፀ ከም ዘለዎ ኮይኑ ብነባር ትሕዝቶ ዝረኸቦ እንተኾይኑ ተመሳሳሊ ኣጠቓቕማ መሬት ዘለዎ ዝነኣሰ ወይ ዝለዓለ ወይ ተመሳሳሊ ብርኪ ዘለዎ ክኸውን ይኽእል፣

9. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 7 ዝተጠቐሰ እንተሃለወ እውን ብልምዓት ተልዓሊ መጀመርያ ሒዝዎ ዝነበረ መሬት ሕውስዋስ ግልጋሎት ይህብ ዝነበረ እንተኾይኑ ዝወሃብ ተለዋጢ ንሕውስዋስ ግልጋሎት እንተዘይሃልዩ ናይ ንግዲ ወይ መንበሪ ግልጋሎት ክውዕል ዝኽእል ተለዋጢ ቦታ ካብ ዝተዳለወ ናይቲ ከባቢ መሬት ክፍቀደሉ ይኽእል፣

10. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ተለዓልቲ ሰብ ትሕዝቶ ደቂ ኣንስትዮ፣ ጉድኣት ኣካልን ኣረጋውያንን ዘለውዎ እንተኾይኑ ነዚኦም ቅድሚያ ክህብ ይኽእል፣

11. ኣብዚ ዓንቐፅ ንኡስ ዓንቐፅ 10 ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ንተልዓልቲ ጉድኣት ኣካል ተጋደልቲ ትግራይ እንተኾይኖም ካብ ኩሎም ቀዳምነት ክረኽቡ ይኽእሉ፣

12. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 10 ቅድሚያ ቦታ ዝወሃቡ ደቂ ኣንስትዮ መራሕቲ ስድራ፣ ጉድኣት ኣካልን ኣረጋውያንን ናይ ልምዓት ተለዓልቲ ቀዳምነት ክረኽቡ ዝኽእሉ ዘቕረብዎ መረዳእታ ብተልዓልቲ ተወከልትን ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳን ተቐባልነት እንትረክብ እዩ፣

13. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 11 እዚ ዓንቀፅ ከምዘለዎ ኮይኑ ንተልዓልቲ ደቂ ኣንስትዮ መራሕቲ ስድራ፣ ጉድኣት ኣካልን ኣረጋውያንን ዝተዳለወ ቦታ ትሕቲ ቁፅሮም እንተኾይኑ ቀዳምነት ንጉድኣት ኣካል ዝወሃብ ኮይኑ ዝተረፉ ብዕፃ ይወሃቡ፣

14. ንነባር በዓል ትሕዝቶ ዝወሃብ መጠን ተለዋጢ ቦታ ወይ መሬት ብመሰረት ምስዚ መምርሒ ዝተተሓሓዘ ሕዝል 01 ይፍፀም፣

15. ተልዓሊ ልምዓት ብሊዝ ዝፀንሐ ትሕዝቶ እንተነይርዎን በቲ ዝተረፈ እዋን ሊዝ ተለዋጢ ቦታ ክወስድ እንተደልዩን፣

   ሀ) ዝወሃቦ ተለዋጢ ቦታ ምስቲ ዝነበሮ ቦታ ብኣገልግሎት ተመሳሳሊ፣ ብብርኪ ማዕረ ክኸውን ኣለዎ፣

   ለ) ብኣገልግሎት ተመሳሳሊ ኮይኑ ብብርኪ ማዕረ ዝኾነ ቦታ እንድሕር ዘይተረኽበ ብፍቓድ በዓል ትሕዝቶ ዝለዓለ ብርኪ ኣብ ዘለዎ ቦታ ዝወሃብ እንተኾይኑ ናይቲ ቦታ እዋናዊ መበገሲ ዋጋ ካብቲ ዝወሰዶ ዋጋ ዝበልፅ እንተኾይኑ ኣፈላላይ ብምኽፋል ተለዋጢ ክፍቀደሉ ይክእል፣

   ሐ) ተልዓሊ ዝተረፎ መዛዘሚ ናይ ሊዝ ዘመን ትሕቲ 10 ዓመት እንተኾይኑ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ቀሪቡ መናውሒ ፍቓድ ምስ ረኸበ ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቐፅ (15) ፊደል (ሀ)ን (ለ)ን ብዝተቐመጠ መሰረት ተለዋጢ ቦታ ይወሃቦ፣

16. ንተልዓሊ ልምዓት ተለዋጢ መሬት እንትወሃብ ይጥቀመሉ ዝነበረ ዓይነት ኣገልግሎት መሬት ለውጢ ክግበር የብሉን፣

ዓንቀፅ 14. ስልጣን ካብ መሬት ምልቃቕን ምሃብ መልቀቒ ትእዛዝን፣

1. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ንረብሓ ህዝቢ ክውዕል ዝተወሰነ መሬት ገፀር ወይ ከተማ ብቐዳምነት በዚ መምርሒ መሰረት ካሕሳ ከፊሉ ከልቅቕ ኣለዎ፣
2. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ተልዓሊ በዓል ትሕዝቶ ዝለቀሉ እዋን፣ ዝኸፈል መጠን ካሕሳን ዝወሃቦ ተለዋጢ ስፍሓት ቦታን ከባብን ተጠቒሱ መልቀቒ ትእዛዝ ብፅሑፍ ክህብ ኣለዎ፣
3. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ዝወሃብ መሬት ዝለቀሉ ግዜ ገደብ ካሕሳ ካብ ዝወሰደሉ ብዝኾነ ኩነታት ካብ ቴስዓ /90/ ማዓልቲ ክንእስ የብሉን፣
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 3 ዝተጠቐሰ እንተሃወ እውን ተልዓሊ ብናይ ባዕሉ ድሌት ቅድሚ ቴስዓ /90/ መዓልቲ መሬቱ ኣረኪቡ ክለቅቕ ይኽእል፣
5. በዓል ትሕዝቶ ካሕሳ ምስተኸፈሎ ወይ ከከም ኣገባብነቱ ብስም ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ኣብ ዕፁውቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ክቕመጥ ድሕሪ ምግባር ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 መልቀቒ ትእዛዝ ምስ በፅሖ ኣብ ውሽጢ ቴስዓ /90/ መዓልቲ መሬቱ ንምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ከረክብ ኣለዎ፣
6. ኣብ ልዕሊ ዝልቀቕ መሬት ንብረት እንተዘይሃልዩ ወይ እቲ ንብረት ኣብ ክንዲ ኣልዒልካ ምውሳድ ካሕሳ ክኽፈሎ እንተተሰማዕሚዑ በዓል ትሕዝቶ መልቀቒ ትእዛዝ ምስ በፅሖ ኣብ ውሽጢ ሰላሳ /30/ መዓልቲ ንምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ መሬቱ ከረክብ ይኽእል፣
7. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 በዓል ትሕዝቶ መሬቱ እንተዘይኣረኪቡ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ከም ኣድላይነቱ ናይ ሓይሊ ፖሊስ ብምጥቃም ቦትኡ ክርከብ ይኽእል፣
8. ዝልቀቕ ትሕዝቶ ናይ መንግስቲ ገዛ ዘለዎ እንተኾይኑ መልቀቒ ትእዛዝ እቲ ገዛ ንዝተኻረየ ሰብን ነቲ ገዛ ዘመሓድር ኣካልን ክበፅሖ ይግበር።

ዓንቀፅ 15. ኣገባብ ኣለዓዕላ ኣገልግሎት መስመራትን ምኽባር ወሰንን

1. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ኣብ ልዕሊ ዝልቀቕ መሬት መሰረተ ልምዓት ምንባሩ ንምርግጋፅ ንመሰረተ ልምዓት ዘርጋሒ ቤት ዕዮ ብፅሑፍ ይሓትት፣
2. መሰረተ ልምዓት ዘርጋሒ ቤት ዕዮ መሰረተ ልምዓት ምህላውን ዘይምህላዉን እንተሃልዩ እውን ናይቲ ንብረት ዋጋ ብምትማን ብፅሑፍ ካብ ዝተሓተተሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ንምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ክፍልጥ ኣለዎ፣
3. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ግምት ካሕሳ ምስ በፅሖ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካሕሳ ይኸፍል፣
4. መሰረተ ልምዓት ዘርጋሒ ቤት ዕዮ ክፍሊት ምስተፈፀመሉ ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ ናይ ኣገልግሎት መስመር ጠቕሊሉ ብምልዓል ወይ ብምዝዋር መሬቱ ክለቅቕ ኣለዎ፣

5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዝተገለፀ እንተሃለወ እውን ዝለዓል መሰረተ ልምዓት ዝተሓላለኸ እንተኾይኑ ኣብ ውሽጢ 120 መዓልቲ ጠቕሊሉ ብምልዓል ወይ ብምዝዋር መሬቱ ክለቅቕ ኣለዎ፣

6. መስመር ኣገልግሎት ዝዛወር እንተኾይኑ በዓል ዋና እቲ ኣገልግሎት መስመር ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 4ን 5ን እዚ ዓንቀፅ ዝተጠቐሰ ግዜ ገደብ ናይ ምኽባር ግቡእ ዝኸውን እቲ መስመር ዝዛወረሉ ቦታ ካብ ሳልሳይ ወገን ነፃ ምዃኑ ብምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ እንትረጋገፅ ይኸውን።

ዓንቀፅ 16. ካሕሳ ዝተኸፈሎ ንብረት ምውጋድ

1. ካሕሳ ዝተኸፈሎ ንብረት ዋንነቱ ናይ ካሕሳ ኸፋሊ ይኸውን፣
2. ካሕሳ ዝተኸፈሎ ንብረት ካሕሳ ከፋሊ ብዝዋፅሞ መንገዲ ብምልዓል እቲ ቦታ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብቲ ንብረት ነፃ ገይሩ ክለቅቕ ኣለዎ፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተገለፀ ከም ዘለዎ ኮይኑ ወረዳ ወይ ከተማ ምምሕዳር ብዓል ንብረት ትሕቲ ዝተውሃቦ ግዜ ገደብ ንብረቱ ኣልዒሉ ክወስድ ክፈቅድ ይኽእል፣
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተገለፀ ከም ዘሎ ኮይኑ ብዝተውሃቦ ገደብ ጊዜ ዘየልዓል ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ተፈፃሚ ይኸውን፣
5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 እንተዘይተፈፀሙ ብዘሎ ናይ መንግስቲ ንብረት ኣወጋግዳ ስርዓት ይውገድ፣

ዓንቀፅ 17. ንመልምዒ ዝተመሓላፈ ቦታ ምልማዕን ክትትል ምግባርን

1. ተካሒሱ ናብ መልማዕቲ ዝተመሓላለፈ መሬት ኣብቲ ቦታ ዝካየድ ልምዓት ምስ ስራሕቲ ምትካል እግሪ ስራሕቲ ዝትኣሳሰር እንተኾይኑ ካብ ውዕሊ ምምሕዳር መሬት ብተወሳኺ ናይ ምትካል እግሪ ውዕሊ ምስ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ክእሰር ኣለዎ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገለፀ ውዕሊ ብዘይምፍፃሙ ኣብቲ ከባቢ ክስራሕ ዝግበኦ ናይ ህዝቢ ረብሓን ምትካል እግሪን ብዘይምፍፃሙ ዘጋጠመ ክሳራ ብምሽፋን ስጉምቲ ይውሰደሉ፣
3. ኣገባብነት ብዘለዎ ሕጊ ናብ መልማዕቲ ዝተመሓላለፈ ንረብሓ ህዝቢ ዝተለቐቐ መሬት ናይ ከባቢ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ብስሩዕ ወይ ብፅሑፍ ክፈልጡ ይግበር፣

## ንኡስ ክፋል ክልተ

## መሰል ቀዳምነት ምልማዕን ኣብ ኢንቨስትመንት ብሼር ወይ ብብፅሒት በዓል ዋና ምዃንን

ዓንቀፅ 18. መሰል ቀዳምነት ምልማዕን ዝፍቀደሉ ኣገባብን

1. ሕቶ ቀዳምነት ምልማዕ ንነበርቲ ምይይጥ ካብ ዝተገበረሉ መዓልቲ ጀሚሩ ተልዓልቲ ልምዓት ኣብ ውሽጢ 60 መዓልቲ ናብ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ብፅሑፍ ክቕርቡ ኣለዎም።

ጊዜያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ Tigray Regional Interim Administration

2. ብሕጊ ተቐባልነት ዘለዎ ምኽንያት እንተሃልዩ ጊዜ ሕቶ መቐበሊ ክሳብ 15 መዓልታት ክናዋሕ ይኽእል እዩ።

3. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ብመሰረት ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ዝቐረበሉ ሕቶ ተቐቢሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ስራሕ ውሳነ ይሀብ ፣ ምስ ተወሰነ ብፅሑፍ ኣብ ውሽጢ 7 መዓልቲ ስራሕ ንኣቕራቢ ሕቶ መልሲ ክህብ ኣለዎ፣

4. ኣቕራቢ ሕቶ ብእዋኑ ሕቶኡ ኣቕሪቡ መልሲ እንተዘይረኺቡ ወይ ብዝተውሃቦ መልሲ ወይ ውሳነ ቅርታ እንተሃልይዎ መልሲ ብፅሑፍ ኣብ ኢዱ ካብ ዝተውሃቦ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 15 መዓልቲ ናብ ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን ቅርትኡ ከቕርብ ይኽእል።

5. መሰል ምልማዕ ቀዳምነት ዝፍቀድ፦

   ሀ) ኣብ ከተማ እቲ ቦታ ንመሊስካ ምልማዕ ኣብ ገጠር ንሕርሻ ስራሕ ዝልቀቕ እንተኾይኑ፣

   ለ) እቲ ቦታ ሃገራዊ ወይ ክልላዊ ረብሓ ንዘለዎ ልምዓት ወይ ብመንግስቲ ዝስራሕ መሰረተ ልምዓት ወይ ንሓምለዋይ ልምዓት ዝውዕል ኣጠቓቕማ መሬት ፕላን ዝተሸለለ እንተዘይኮይኑ፣

   ሐ) ኣብቲ ቦታ ዝካየድ ልምዓት ብውልቀ ወይ ብሓባር ንምልማዕ ንውልቀሰባት ዝተፈቐደ እንተኾነ እዩ፣

   መ) ዝምልከቶ ኣካል ብዝንፅሮ ስታንዳርድ ኮይኑ ኣብ ገፀር ዝነኣሰ መበገሲ ስታንዳርድ ኣቐዲሙ ክቕመጥ ኣለዎ።

6. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (5) እዚ ዓንቀፅ ከምዘለዎ ኮይኑ ነባር ሰብ ትሕዝቶ ቀዳምነት ምልማዕ ዝፍቀደሎም

   ሀ) ሕጋዊ ሰብ ትሕዝቶ ዝኾኑ፤

   ለ) ኣብ ከተማ ነባር በዓል ትሕዝቶ ናይቲ ትሕዝቶ ኣገልግሎት ነቲ ቦታ ዝተዳለወ ሓዱሽ ሽንሽና ፕላን ዝተኻተተ ኣገልግሎት እንተኾይኑ፣ ኣብ ገፀር ነባር በዓል ትሕዝቶ መሬቱ ንሕርሻ ኣገልግሎት እናተጠቐመ ዝነበረ እንተኾይኑ፣

   ሐ) ኣብ ከተማ እቲ ነባር ትሕዝቶ ሕውስዋስ እንተኾይኑ ሓዱሽ ሽንሽና ኣገልግሎቱ ንሕውስዋስ ወይ ንመንበሪ ወይ ንንግዲ ኣገልግሎት እንተኾይኑ፣

መ) ብውልቀ ወይ ብሓባር ንምልማዕ ዝሓተቱዎ ናይ ትሕዝቶ መጠን ነቲ ቦታ ዝተዳለወ ሓዱሽ ሸንሸና ካብ ዘለዎ ናይ ቦታ ሸንሸና መጠን ማዕረ ወይ ካብኡ ንላዕሊ እንተኾይኑ፣

ሰ) እቲ ቦታ ብፕላኑ መሰረት ንምህናፅ ኣብ ሕጊ ዝተቐመጠ ገደብ ጊዜ መጀመሪን መዛዘሚን ንምፍፃም ምስ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ውዕሊ እንተኣቲ፣

ረ) ሰብ ትሕዝቶ ብውልቀ ወይ ብሓባር ዘቕርቡዎ ትልሚ ልምዓት ኣብቲ ቦታ ክሰራሕ ዝድለ ትልሚ ልምዓት ኣንፃር ማዕረ ወይ ዝሓሸ ልምዓት ከምዘምፅእ እንትእመን ይኸውን፣

7. ኣብቲ ቦታ ዝተዳለወ ዝርዝር ፕላን ዝተፈቐደ ቁራስ መሬት በዝሒን ቀዳምነት ንምልማዕ መሰል ሃልይዎም ናይ ምልማዕ ሕቶ ዘቕረቡ ተልዓልቲ ቁፅሪ ተመጣጣኒ እንተዘይኾይኑ ተወዲቦም ዘልምዑሉ ኩነታት ይመቻቸ፣

ዓንቀፅ 19. ምርካብ ቀዳምነት መሰል ምልማዕ

1. ተልዓልቲ ልምዓት ወይ ነበርቲ ኣብ ዓንቀፅ 18 ንኡስ ዓንቀፅ (1) ኣብ ውሽጢ ዝተውሃበ ገደብ ጊዜ ንዝምልከቶ ኣካል መሰል ቀዳምነት ምልማዕ ክረኽቡ ብፅሑፍ ሕቶ ከቕርቡ ኣለዎም፣ እዚ ገደብ ጊዜ እንተሓሊፉ ዝቐርብ ሕቶ ተቐባልነት የብሉን፤

2. ብእዋኑ ሕቶ እንተዘይኣቕሪቦም ድሌት መሰል ቀዳምነት ምልማዕ ከምዘይብሎም ተሓሲቡ እቲ ቦታ ንኻሊእ ኣልማዒ ይወሃብ።

ዓንቀፅ 20. ከይዲ ኣወሃህባ ውሳነ ሕቶ ቀዳምነትምልማዕ ንዘቕረቡ ነባር ሰብ ትሕዝቶ

1. ነባር ሰብ ትሕዝቶ ዘልምዑ በቢውልቀኦም ክልምዑ እንተኾይኑ ውሳነ ዝወሃብ ብዝሓዙሉ ስሪት ይኸውን፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ዝተጠቐሰ እንተሃለወ እውን ብነባር ስሪት ሒዞም ዝነበሩ ብፍቓዶም ብመበገሲ ዋጋ ናብ ሊዝ ስሪት ምእታው ይኽእሉ፣

3. ነባር ሰብ ትሕዝቶ ዘልምዑዎ ብሓባር እንተኾይኑን ነባር ቦታ ዝሓዙዎ ብነባር ትሕዝቶን ብሊዝን ስሪት እንተኾይኑ ዝተኣናገዱ ብሊዝ ስሪት ሓዱሽ ውዕሊ ብምእታው ይኸውን፣

4. ብሓባር ንምልማዕ ኣብ ዝምልከቶ ኣካል ዝፀደቐ ሕጋዊ ሰውነት፣ መመስረቲ ፅሑፍን መተሓዳደሪ ደንብን ከቕርቡ ኣለዎም፣

5. ነባር ሰብ ትሕዝቶ ብውልቆም ዘልምዑ እንተኾይኖም ዓቕሚ መርኣዩ ኣብቲ ቦታ ንዝግበር ህንፀት ወይ ንልምዓት ካብ ዝድሊ ወፃኢ፦

ሀ) ካብ 10% ዘይነኣሰ ኣብ ዕፅው ቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ክቕምጥ ወይ



ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State
Interim Administration

ለ) ንተኸታታሊ 6 ኣዋርሕ ዝፀንሐ በቢወርሑ ዘይተቖራረፀ 10% ምንቅስቓስ ዝውውር ገንዘብ ከምዘለዎ መረዳእታ ወይ

ሐ) ን10% ተመጣጣኒ ዝኾነ ውልቀ ንብረት ብዝምልከቶ ዝተረጋገፀ ወይ ኢንሹራንስ ብዝቐርብ ብመትሓጃነት ክቐርብ ኣለዎ።

6. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 ዝተጠቐሰ እንተሃለወ እውን ብሓባር ቀዳምነት ንምልማዕ ሕቶ ዘቕረቡ ሰብ ትሕዝቶ ልዕሊ ፍርቂ መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ወይ 20%ን ልዕሊኡን ጉዱእ ኣካል ዝሓዘ ውዳብ ብውልቀ እውን መራሒት ስድራ ጓል ኣንስተይቲ ወይ ጉዱእ ኣካል እንተኾይኑ ዝቕመጥ ገንዘብ 7% ይኸውን፣

7. በዓል ትሕዝቶ ኣካል ጉዱእ ኩናት ትግራይ ወይ ስድራ ስውእ/ቲ ሓርበኛ ኩናት ትግራይ እንተኾይኑ ብዘቕረቦ ሕጋዊ መረዳእታ መሰረት ዝቕመጥ ገንዘብ 5% ይኸውን፣

8. ነባር ሰብ ትሕዝቶ ብሓባር ዘልምዑ እንተኾይኖም ዓቕሚ መርኣዩ ኣብቲ ቦታ ንዝግበር ህንፀት ወይ ልምዓት ካብ ዘድሊ ወፃኢ 10% ዘይነኣሰ ብሓባር ኣብ ዝተኸፈተ ዕፅው ቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ክቕምጡ ኣለዎም።

## ዓንቀፅ 21. መሰል ቀዳምነት ምልማዕ ንዝተውሃበ ክትትል ምግባር

1. ብውልቀ ይኹን ብሓባር ንክልምዑ ቀዳምነት ናይ ምልማዕ መሰል ዝተወሃቦም ሰብ ነባር ትሕዝቶ ውሳነ ካብ ዝተገለፀሎም ኣብ ውሽጢ ትሽዓንተ /9/ ናይ ስራሕ መዓልቲ ቐሪቦም ምስ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ውዕሊ ክኣስሩ ኣለዎ፣
2. ብዘይ ብቑዕ ምኽንያት ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ቐሪቡ ውዕሊ ዘይኣሰረ ብድሌቱ ከም ዝገደፎ ይቖፀር፣ ብቑዕ ምኽንያት እንተሃልዩዎ ግን ኣብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ይግበር፣
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 መሰረት ውዕሊ ዝኣተወ በዓል ነባር ትሕዝቶ ብዝኣተዎ ውዕሊ መሰረት ኣብ ውሽጢ ሽዱሽተ ወርሒ ናይ ህንፃ ፍቓድን ኣድለይቲ ቅድመ ኩነት ኣማሊኡ ስራሕ ክጅምር ኣለዎ፣
4. ውዕሊ ዝኣሰረ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ብዝኣተዎ ውዕሊ መሰረት እቲ ህንፃ ወይ ልምዓት እናተሰርሐ ምዃኑ እናተኸታተለ ንቢሮ ናይ ምፍላጥ ሓላፍነት ኣለዎ፣
5. ኣብ ዕፁው ሒሳብ ዝተቐመጠ መጠን ገንዘብ ዝልቀቐሉ መንገዲ፦

    ሀ) ካብ ዝተቐመጠ ሓፈሻዊ መጠን ገንዘብ 50% ናይቲ ፕሮጀክት ዲዛይን ኣፅድቑ ህንፃ ፍቓድ ወይ ናይ ሕርሻ ስራሕ ፍቓድ ምስወድአ ይኸውን፣

    ለ) ካብ ዝተቐመጠ ሓፈሻዊ መጠን ገንዘብ 40% ናይቲ ፕሮጀክት መሰረት ስራሕ ምስ ወድኣ ይኸውን፣

ምምሕዳር ክልል ትግ...
...gray Regional
Interim Administ...

ሐ) ካብ ዝተቐመጠ ሓፈሻዊ መጠን ገንዘብ 10% ናይቲ ፕሮጀክት ህንፀት ምስ ተወድአ፣ ሕርሻ እንተኾይኑ ብልምዓት ትልሚ መሰረት ምምራት እንትጀምር ይኸውን፣

6. ብዝተወሃቦ መጠንቐቕታ ኣብ ውሽጢ ግዜ ገደብ ምልማዕ ዘይጀመረሉ ብቑዕ ምኽንያት እንተሃልዩዎ ውዕሉ ንሰለስተ ወርሒ ክናዋሕ ይኽእል፣

7. ቀዳምነት ናይ ምልማዕ መሰል ዝተወሃቦ በዓል ነባር ትሕዝቶ ውዕሊ ብመሰረት ዝተቐመጠሉ ግዜ ገደብ እንተዘይኣልሚዑ ናይ ፅሑፍ መጠንቀቕታ ይወሃቦ፣ ብመሰረት መጠንቐቕታ ናብ ልምዓት እንተዘይኣትዩ ቀዳምነት ናይ ምልማዕ መሰሉ ይቋረፅ፣

8. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 መሰረት እንተዘይተፈፅሙ በቢ ብርኪ ዝተቐመጠ መጠን ገንዘብ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ይኸውን፣

9. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 8 መሰሉ ዝተቋረፀ በዓል ነባር ትሕዝቶ ዝነበረ ንብረት ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ኣልዒሉ ብሕጊ ኣብ ዝተፈቐደሉ ተለዋጢ ቦታ ክኸይድ ይግበር

10. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 9 ዝተገለፀ ካም ዘሎ ኮይኑ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ዝበፅሐ ክሳራ እንተሃልዩ ተሓታቲ ኮይኑ መሰል ቀዳምነት ምልማዕ ምስተውሃበ ንዝዓረፈ ንብረት ወይ ህንፀት ብውዕሊ ብዘይምፍፃሙ እንትሕደግ ናይ ንብረት ካሕሳ ኣይኽፈልን፣

11. ክምኩሉ ተገልጋሊ ዝለዓል ኮይኑ ቐዳምነት ክልምዕ እየ ኢሉ ብዘይምልማው ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ዝበፅሕ ኪሳራ ብውዕሊ መሰረት ተሓታቲ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 22. ተለዓልቲ ብሼር ወይ ብፅሒት በዓል ዋንነት ናይ ምልማዕ መሰል**

1. መሬት ንኢንቨስትመንት ዝውሰድ እንተኾይኑ መሬቱ እናተጠቐሙ ዝነበሩ ሰብ ነባር ትሕዝቶ ሼር ወይ ብፅሒት ብምዕዳግ ሰብ ዋና ክኾኑ ይኽእሉ

2. ብመሰረት ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (1) እዚ ዓንቀፅ ሰብ ነባር ትሕዝቶ ሼር ወይ ብፅሒት ብምዕዳግ ሰብ ዋና ክኾኑ ዘይኽእሉ እንተኾይኑ እቲ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ተልዓልቲ ልምዓት ብሓባር እግሪ ንምትካል ዝሓሸ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ዘረጋግፅ ተለዋጢ መፍትሒ ክህብ ኣለዎ።

3. ኣብቲ ሼር ወይ ብፅሒት ዘለዎ ትካል ዝውሰድ ስጉምቲ እንትሃልዩ ብሼር ወይ ብፅሒት ዝኣተወ ተልዓሊ ካብ ካሕሳ ክረኽቦ ዝግባእ ዝነበረ ካብቲ ሼር ዝገዝኣሉ ትካል ክረክብ መሰል ይህልዎ፣

**ዓንቀፅ 23. ተልዓልቲ ልምዓት ብሼር ወይ ብፅሒት ንምልማዕ ዝፍቀደሉ ኣገባብ**

1. ናይ ልምዓት ተልዓልቲ ብሼር ንምልማዕ ናይ ነበርቲ ምይይጥ ካብ ዝተገበረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዉሽጢ 90 ናይ ስራሕ ማዓልቲታት ሕቶ ክቕርቡ ኣለዎም፤

2. ሼር ንምእታው ዝደልዩ ሰብ ትሕዝቶ ካብ መሰል ካሕሳን ሊዝን ካብ ዝህልዎም ካፒታል ውሽጢ ሼር ንምግዛእ ዝወሰንዎ መጠን ገንዘብ ክፍለይን ክፍለጥን ኣለዎ፣

3. ተልዓልቲ ልምዓት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ (1) ኣብ ውሽጢ ዝተገለፀ ገደብ ጊዜ ሕቶ እንተዘይኣቕሪቦም ብሼር ንምልማዕ ድልየት ከም ዘይብሎም ይቑፀር፤

4. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ተልዓልቲ ብሼር ናይ ምልማዕ ሕቶ እናረኣየ መልሲ ይህብ፣

5. ሕቶ ዝቐረበሉ ኣካል ሼር ንምልማዕ ሕቶ ካብ ዝቐረበሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ዘለዉ 30 ናይ ስራሕ ማዕልቲታት ዉሽጢ ዉሳነ ክህብ ኣለዎ፣ ዝተወሃበ ዉሳነ ኣብ ዘለዉ ቀፀልቲ 7 ናይ ስራሕ ማዕልቲታት ብፅሑፍ መልሲ ክህብ ኣለዎ።

6. ብሼር ክልምዑ ዝደልዩ ሰብ ትሕዘቶ ብዘለዎም ናይ መሬት ናይ ምጥቃም መሰል ካብ ካሕሳ፣ ካብ ሊዝ መሰልን ብዉልቀ ዘለዎ ናይ ፋይናንስ ዓቅሚ መበገሲ ብምግባር ሼር ንምእታዉ ዝህልዎ ናይ ካፒታል መጠን ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ (3) ንዝተጠቐሰ ኣካል ክፍልጥ ኣለዎ።

7. ናይ ልምዓት ተልዓልቲ ምስ ዉልቀ ብዓል ሃፍቲ ብሓባር ብሼር ክልምዑ ዝፍቀደሎም፡-

ሀ) ሕጋዊ ናይ ዉልቀ ወይ ናይ ሓባር ሰብ ትሕዘቶ እንተኾይኖም፣

ለ) ዝተተለመ ልምዓት ብሼር ንምልማዕ ዝተፈቐደ እንተኾይኑ፣

ሐ) ምስ ብዓል ሃፍቲ ብሓባር ብሼር ንምልማዕ ዉዕሊ ንምእሳርን ብመሰረት ኣገባብነት ዘለዎ ሕጊ ንግዲ ወይ ሼር ክመሓደሩ ፍቓደኛታት እንትኾኑን ምስ ካልኦት ሕግታት ኢንቨስትመንት እናተርኣየ ዝፍቀድ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 24. ብሼር ወይ ብብፅሒት ንምልማዕ ዝተፈቐደሎም ክትትል ብዛዕባ ምግባር**

1. ብሼር ዘልምዕ ኣካል ብዉዕሊ መሰረት ክልምዕ ናይ ኢንቨስትመንት ጉዳይ ብዝምልከቶ ቤት ፅዮ ኣቢሉ ክትትልን ገምጋምን ክግበረሉ ኣለዎ፤

2. ብሼር ዘልምዕ ኣካል ብዝኣተዎ ዉዕሊ ዝግደድ ኾይኑ ኣብ 3 ወርሒ ዉሽጢ ናይ ህንፃ ፍቓድ ብምዉፃእ ዘድሊ ረቋሒ ኣማሊኡ ስራሕ ይጅምር፤

3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 ዝተገለፀ ዉዕሊ ኮፒ ንወረዳ ወይ ንከተማ ወይ ነቲ ስራሕ ንምስራሕ ስልጣን ዝተዉሃቦ ኣካል ንክትትል ዝመሓላለፍ ኾይኑ ብዝኣተዉ ዉዕሊ መሰረት ልምዓት ዝተኻየደ ምኻኑ ናይ ምክትታል ሓላፍነት ኣለዎ፤

4. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ባዕሉ ክትትል ብምግባር መሬት ብዉዕሊ መሰረት እንተዘይኣልሚዑ ንኮሚሽን ኢንቨስትመንት ትግራይን ንቢሮን ክፍልጥ ኣለዎ፤

5. ብሽር ንምልማዕ ዝተወሰደ መሬት ብዘይምልምዑ ስጉምቲ እንትውሰድ እቲ ቦታ ናብ ባንኪ መሬት ኣታዊ ዝግበር ይኸውን፣

6. ብሼር ክልምዕ ዝሓተቱ ኣካላት ፍቓድ ምስ ረኸቡ ሕጋዊ ኣፍልጦ ረኺቦም ናብ ኢንቨስትመንት ብሕጊ ናይ ኢንቨስትመንት ይስተኣናገዱ፣

7. ኣብ ሼር ዝተሓቖፉ ዳግም ኣብ ስራሕቲ ወይ መደባት ምትካል እግሪ ክሕቆፉ ኣይኽእሉን፣



ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State Interim Administration

ዓንቀፅ 25. ካብ ገፀር ናብ ከተማ ዝኣተወ ሓረስታይ መጠን ቦታ መንበሪ ብዛዕባ ምውሳን

1. ካብ ገፀር ናብ ከተማ ዝኣተወ ሓረስታይ ንመንበሪ፣ ንሕርሻን ዝመሳሰሉን ዝጥቀመሉ ሕጋዊ ትሕዝቶ መጠን እቲ ቦታ ናብ ከተማ ኣብ ዝኣተወሉ እዋን ክንፀርን መረዳእታ ክተሓዝን ኣለዎ።
2. ብግልፂ ዘይተፈለየን መረዳእታ ዘይተትሓዘሉን እንተኾይኑ ወይ ኣብ ርኽክብ ሰነድ እንተዘይተመላኺቱ ምምሕደር ከተማ መጀመርያ ብሕጊ ምምሕዳር መሬት ሰብ መሰል ሕጋዊ ትሕዝቶ መረዳእታ ክሕዙ ይግበር፣
3. ንረብሓ ህዝቢ መሬቱ እንትድለ ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2ን ንመንበሪ ካብ ዝሓዞ ውሽጢ ንልምዓት ዝተወሰዶ መጠን ትሕዝቶ መንበሪ መልዐሊ ብምግባር ብመሰረት ኣብዚ መምርሒ ዝተተሓሓዘ ሕዛል 01 ዝፍፀም ኮይኑ፦

   ሀ) ንበዓል ትሕዝቶ ሓረስታይ ብመሰረት ሽንሻኖ ንዝነበሮ ተመጣጣኒ ስፍሓት ኣብ ወረዳ ምምሕዳር እናሃለወ ብመጠኝ ካብ 200 ክሳብ 400 ካሬ ሜትር ንመንበሪ ተዋሂቡ ዝፀንሐ እንተኾይኑ ነቲ ዝነበሮ ተመጣጣኒ ስፍሓት ይወሃቦ፣ 500ን ልዕሊኡን ካሬ ሜትር ሒዙ ንዝፀንሐ ናይ ልምዓት ተልዓሊ ንመንበሪ ተለዋጢ ቦታ ክሳብ 500 ካሬ ሜትር ጥራሕ ይወሃብ።

   ለ) ኣካለ መጠን ዝበፅሑ እቶቱ ብምክፋል ሓቢሮምዎ ዝነብሩ ውልዳት ናይ ወለዶም መሬት ኣብ ዝለዓለሉ እዋን ኣብ ከተማ ናይ መንበሪ ቦታ ነቲ ከተማ ዝተፈቐደ ናይ ሽንሻኖ መጠን መሰረት ብምግባር ዝተሓተ ስታንዳርድ ናይ መንበሪ ቦታ መጠን ይወሃቡ።

   ሐ) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ለ ዝተገለፀ ከምዘለዎ ኾይኑ ኣብ ገፀር ናይ ወለዶም ተሓራሲ መሬት ዝነበሮም እቲ መሬት ናብ ከተማ እንተኣትዩ መንበሪ ገዛ ዘይነበሮም ትሕቲ ዕድመ ደቂ ስዉኣት ተጋደልቲ ትግራይ እንተሃልዮም ብሞትዚቶም ኣቢሎም ብዝተፈቐደ ሽንሻኖ መሰረት ብሓባር መንበሪ ቦታ ናይ ምርካብ መሰል ኣለዎም።

   መ) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ለ ዝተቐመጠ እንተሃለወ'ውን ብናይ ሽንሻኖ መጠን (ስታንዳርድ) ንውሉዳት ነንውልቆም ንምሃብ እኹል ኣብዘይኮነሉ እዋን ንሓባር መንበሪ ብዝተቐመጠ መጠን (ስታንዳርድ) ክወሃቦም ይግበር።

   ሰ) ንመራሒ ስድራን ንውሉዳትን ዝወሃብ ናይ መንበሪ ቦታ መጠን ድምር ንልምዓት ካብ ዝተወሰደ ትሕዝቶ መሬት መጠን ክበልፅ የብሉን።

ክልል ምምሕዳር ግዚያዊ * Tigray Regional State Interim Administration

ረ)ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ለ ዝተቐመጠ እንተሃለወ እውን ቅድሚ እዙይ ካብ ውርሲ ወፃኢ ብዝኾነ ኣገባብ ብሓባር ይኹን ብተናፀል መሬት ዘይረኸቡ ክኾኑ ኣለዎም ፤

4. ተለዋጢ ቦታ እንትወሃቦ ብነባር ስሪት እንተኾይኑ እቲ ከተማ ብዘዳለዎ ተለዋጢ ቦታ እንትውሃብ ተመሳሳሊ ብርኪ ስፍሓት ንምሃብ ኣይግደድን፤
5. ብልምዓት ተልዓልቲ ዝተውሃቦም ተለዋጢ ቦታ ንዝለዓለ ግልጋሎት ብሼር ወይ ብሓባር ክልምዑ ይኽእሉ እዮም፣
6. ብልምዓት ተልዓልቲ ዝተወሃቦም ናይ ከተማ መንበሪ ቦታ ተለዋጢ ቦታ ብሓባር መልማዕቲ ሓዊሶም እንተሃንፁ ናይ መንበርን ናይ ንግድን ወይ ሕውስዋስ ግልጋሎት ኣብ ዝኾነሉ እቲ ናይ ንግዲ ግልጋሎት ከም ናይ ምትካል እግሪ ስራሕቲ ክሕሰብ ይኽእል፣
7. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 እንተሃለወ እውን ብሓባር ዘልምዕዎ ቦታ ህንፀት ዛዚሞም ናይ ውልቀ ካርታ እንተይሓዙ ናብ ሳልሳይ ወገን ምዝዋር ኣይከኣልን፣
8. ብትካል ተፈቒድሎም ብውዕሎም መሰረት ኣብ ስራሕ ዝነበሩ ሰብ መሰል ዝነበሩ ብልምዓት እንትልዓሉ ብመሰረት ሽንሻኖ ስታንዳርድ ከተማ ተመጣጣኒ ስፍሓት ንተመሳሳሊ ኣገልግሎት ንዝተረፎም ውዕል ዘመን ይፍቀደሎም፣
9. ተፈቒድሎም ዝነበረ ሙሉእ ብሙሉእ ኣብ ልምዓት እንተዘይኣትዩ እቲ ዝፍቀድ ተለዋጢ ቦታ ኣብ ተግባር ኣትዩ ዝፀንሐ ስፍሓት መሬት ጥራሕ ተመጣጣኒ ስፍሓት ይኸውን፣

## <u>ንኡስ ክፋል ሰለስተ</u>

## <u>ስርዓት ኣተማምና ካሕሳ</u>

### ዓንቀፅ 26. ካሕሳ ንብረት ዝትመነሉ ኣገባብ

1. ቢሮ ስርዓት ኣተማምና ካሕሳ ንብረት ከምዝስዕብ የነፅር፦

   ሀ) ንብረት ንምትማን ፈቓድ ዝተውሃቦ ውልቀ ትካል ወይ ኣማኸሪ ውልቀ ሰብ ወይ፣

   ለ) ፍቓድ ዘለዎ ውልቀ ትካል ወይ ውልቀ ሰብ እንተዘይሃልዩ ነዚ ስራሕ ብብርኪ ክልል ወይ ከተማ ወይ ወረዳ ብዝተጣየሸ መንግስታዊ ትካል ወይ ክፋል ስራሕ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ 1 ሀን ለን ዝተገለፁ ትካላት ክሳብ ዝጣየሹ ከተማ ወይ ወረዳ ኮሚቴ ገማቲ ካሕሳ ብምጥያሽ ይፍፅም፤
3. ዝለዓል ንብረት ብናይ መንግስቲ መሰረተ ልምዓት ዝዘርግሑ ትካላት እንተኾይኑ እቲ ንብረት በቶም መንግስታዊ መሰረተ ልምዓት ዝዝርግሑ ኣካላት ክግመት ይግበር፤
4. ዝግመት ንብረት ብውልቀ ትካል ዝፍፀም እንተኾይኑ ብሕጋዊ ስርዓት ዕደጋ ብውዕሊ ዝፍፀም ይኸውን፤

Tigray Regional State Interim Administration

5. ንናይ ልምዓት ተልዓልቲ ዝኸፈል ካሕሳ ቕድሚ ምኽፋሉ ብምልክታ ሰሌዳ ብምልጣፍ ወይ ብኻሊእ ተበፃሓይ ብዝኾነ መንገዲ ዝተተመነ ካሕሳ ነባሪ ህዝቢ ክፈልጥ ኣለዎ፤

6. ናይ ንብረት ካሕሳ ምግባጥ ዝፍፀም ነዚ ተባሂሉ ብዝተዳለወ ናይ ካሕሳ መገመቲ ሶፍትዌር ይኸውን፤

7. ካሕሳ መገመቲ ሶፍትዌር እንተዘይሃልዩ ነቲ ስራሕ ብዝጥዕም ኣሰራርሓ ወይ ብማንዋል ክግመት ይኽእል፣

8. ካሕሳ ዝኸፈሎም ንብረታት መረዳእታ ብፎቶን ቪድዮን ተቐሪዖም ብመረዳእታ ክተሓዙ ኣለዎም፤

9. ኣብቲ ዝለዓል ንብረት ክርክር እንተተላዒሉ ወይ ኣብ ናይ ካሕሳ መጠን ሕቶ እንተሃልዩ ውሳነ ክሳብ ዝረክብ እቲ ናይ ካሕሳ ገንዘብ ኣብ ዕፅው ቁፅሪ ሒሳብ ባንኪ ክቕመጥ ይግበር፤

10. ሕጋዊ በዓል ትሕዝቶ ዝተተመነሉ ካሕሳ ብእዋኑ ቀሪቡ እንተዘይወሲዱ ብሽሙ ኣብ ዕፅው ባንኪ ሒሳብ ክቕመጥ ተገይሩ ኣብ ዝቐርበሉ እዋን ተረጋጊፁ ዝኸፈል ይኸውን፤

11. ግምት ካሕሳ ንበዓል ትሕዝቶ ብፅሑፍ በዊሕዎ ብምኽንያት ካሕሳ ክፋሊ ክይተኸፈለ እንተፀኒሑን ሓዱሽ ናይ ነፀላ ዋጋ ተመን እንተፀዲቑን እቲ ዝፀደቐ ሓዱሽ ነፀላ ዋጋ ዝለዓለ እንተኮይኑ ዝኸፈል ካሕሳ በቲ ሓዱሽ ዝፀደቐ ነፀላ ዋጋ ተተሚኑ ይኸፈል፤

12. ኣብ ዝልቀቕ መሬት ንዝህሉ ቀዋሚ ምምሕያሽ ካሕሳ ዝፅብፀብ ንፀረጋ ቆጥቋጥ፣ ንሓመድን ማይን ዕቓባ፣ ንገደባ ስራሕቲ፣ ማይ ንምዕቋር፣ ምኩልባት ዓይኒ ማይ፣ መትረባት መስኖን ካልኦት ብውልቀ ዝወፀ ናይ ጉልበትን ንብረትን ብእዋናዊ ዋጋ ብምስላሕ ዝፍፀም ይኸውን፣

13. ኣብ ናይ መንግስቲ ትሕዝቶ ውሽጢ ዝርከብ ገዛ ውልቀ ተኻራይ ናይ ህንፀት ፍቓድ ኣውፂኡ ብናይ ባዕሉ ወፃኢ ንዝሰርሖ ተወሳኺ ህንፀት ካሕሳ ይኸፈሎ፤

14. ዓበይቲ ናይ ኤሌክትሪክ መስመር ተሸከምቲ ኣብ ዝትክለሉ እዋን ንዝለዓል ቀዋሚ ንብረት ካሕሳ ይኸፈል።

**ዓንቀፅ 27. ምምሕያሽ ተመን ነፀላ ዋጋ ንብረት**

1. ንንብረት መተመኒ ዘድሊ ናይ ንብረት ነፀላ ዋጋ በቢሰለስተ ወርሑ ክዳለው ኣለዎ።

2. መፅናዕቲ ነፀላ ዋጋ ብብርኪ ክልል፦

    ሀ) ንህንፀት እታዎት ዘድሊ ናይ ጉልበት፣ ማተርያልን መሽነርን ክምኡውን ካልኦት ምስእዚ ርክብ ዘለዎም ነገራት ነፀላ ዋጋን ዝተሓተ ስታንዳርድ መንበሪ ገዛ ዲዛይንን መሀነፂ ዋጋን፣ ናይ ገዛ ክራይ ብቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ይወፅእ፤

ለ) ናይ ዝራእቲ፣ ኣትክልቲ፣ ፍረምረ፣ ቀዋሚ ተኽልታት፣ ናይ ኣእዋምን ሳዕርን ነፀላ ዋጋ፣ ናይ ሕርሻ መሬት ቀዋሚ ምምሕያሽ ዋጋ፣ ናይ መረባ መመላኽዒ ተኽሊ (ዕምበባ፣ ሳዕርን) ካልኦትን  ምህርቲ ወይ እቶት ብቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ናይ ፍርያት ነፀላ ዋጋ ብኤጀንሲ ሕብረት ስራሕ ማሕበራትን ልምዓት ዕዳጋን ይወፅእ፤

ሐ) ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 2 ሀን ለን ዝተገለፀ ኣገባብ ተፀኒዑ ምስ ፀደቐ ኣብ ስራሕ ክውዕል ይግበር።

መ) ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 2 "ሀ"ን "ለ"ን ዝተገለፀ ኣገባብ ነፀላ ዋጋ ምስተፀንዐ ዘይተኻተቱ ዘይተፀንዑ  ንብረታት እንተጋጥሙ ካብ ዝምልከቶ ኣካል ሕቶ እንትቐርብ ኣብ ውሽጢ 1 ወርሒ ተፀኒዑ ነፀላ ዋጋ ንዝሓተተ ኣካል ይወሃብ።

ሰ) ነፀላ ዋጋ ክንፀር ሓላፍነት ዘለዎ ኣካል ብእዋኑ ብዘይምልኣኹ ዘጋጠመ ጉድኣት ኣገባብነት ብዘለዎ ሕጊ ተሓታቲ ይኸውን፣

**ዓንቀፅ 28. ኮሚቴ ገማቲ ካሕሳ ብምጥያሽ ንብረት ምትማን**

1. ውልቀ ገመቲ ናብ ስራሕ ክሳብ ዝኣትው ወይ ናይ መንግስቲ ገማቲ ስራሕ ክፋል ክሳብ ዝጣየሽ ናይ ንብረት ገማቲ ኮሚቴ ብምጥያሽ ካሕሳ ግምት ይስራሕ።
2. ንብረት ገማቲ ኮሚቴ ዝጣየሽ ኣብ ወረዳ ወይ ከተማ ኮይኑ ዝትመን ንብረት መሰረት ተገይሩ ካብ ዝምልከቶም ናይ ስራሕ ክፍልታት ነቲ ክስራሕ ዝተሓሰበ ግምት ብቕዓትን ፍልጠን ዘለዎም ሰብ ሞያታት ብምምራፅ ይኸውን።
3. ኣብ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ተደላይ በዓልሞያ እንተዘይተረኺቡ ወይ ዝተፈለየ ሞያ ዝሓትት ስራሕ እንተጋጥም ንዝምልከቶም ቢሮታት ሓገዝ ክሓትት ይኽእል።
4. ናይ ሓደ ንብረት ገማቲ ኮሚቴ ኣባላት በዝሒ ካብ 5 ክሳብ 7 ኮይኑ እዞም ዝስዕቡ ዝሓቘፈ ይኸውን።

ሀ) ምስ ባህሪ እቲ ዝትመን ንብረት  ስራሕ ቅርበት ዘለዎ በዓል ሞያ ምህንድስና

ለ) ምስ ባህሪ እቲ ዝትመን ንብረት  ስራሕ ቅርበት ዘለዎ በዓል ሞያ ሕርሻ

ሐ) ምስ ባህሪ እቲ ዝትመን ንብረት  ስራሕ ቅርበት ዘለዎ በዓል ሞያ ምምሕዳር መሬት

መ) በዓል ሞያ መሰረተ ልምዓት፣

ሰ) ናይ ሕርሻ  ምህርትን  ዋጋ ዕዳጋን  ምስ ባህሪ እቲ ዝትመን ንብረት  ስራሕ ቅርበት ዘለዎ በዓል ሞያ፣

Tigray Regional State Interim Administration

5. ካልኦት ነቲ ስራሕ ዘድልዩ ቅርበት ሞያ ዘለዎምን ተወሰኽቲ ቴክኒካዊ ጉዳያት እንትጠልብ ካብ ወረዳ ወይ ከተማ ክሓውስ ይኽእል

6. ኣብቲ ወረዳ ወይ ከተማ ኮሚቴ ንምጥያሽ ፍሉይ ሞያ ዘይረኽቡ እንተኾይኖም ካብ ቢሮታት ምሕታት ይኽእሉ፣

7. ናይ ካሕሳ ግምት ንምስራሕ ናይቶም ኣባላት ናይ ሞያ ተዋፅኦን በዝሕን ነቲ ዝትመን ንብረት ኣብ ግምት ብምእታው በቲ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ይውሰን ።

8. ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 6 ከምዘሎ ኮይኑ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ክከም ስራሕ በዝሒ እናረኣየ ካብ ሓደ ኮሚቴ ንላዕሊ ክጣይሽ ይኽእል።

9. ኣብቲ ሞያ ኣፍልጦ ዘለወን ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ኮሚቴ ክካተታ ይግበር።

10. ኮሚቴ ገማቲ ንብረት ናብ ስራሕ ቅድሚ ምእታው ብምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ናይ ስራሕ መምርሒን ሓላፍነቶምን ክፈልጡ ክገብር ኣለዎ፣

11. ኮሚቴ ገማቲ ንብረት ስርሑ ንምስራሕ፦

   ሀ) ካብ ኣባላት እቲ ኮሚቴ ሓደ ኣካቢ በቲ ምምሕዳር ዝስየም ኮይኑ ካልኦት ኣባላት ኣመራርሓ ባዕሎም ኮሚቴ ይመራረፁ፣

   ለ) ብዝዳሎ ናይ መረዳእታ መእከቢ ቅጥዒ መሰረት ብምግባር ኣብ ባይታ ዘሎ ዘድሊ ዓቐን ብምውሳድን መረዳእታ ብምእካብን ሓቕነቱ ክረጋገፅ ኣለዎ፣

   ሐ) ናይ ንብረት ዓቐን ስራሕ በዓል ትሕዝቶ ወይ ሕጋዊ ወኪል ኣብ ዝተረኽበሉ ክስራሕ ኣለዎ።

   መ) ዓቐን መረዳእታ ኣብ ዝእከበሉ እዋን እቲ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ በዓል ንብረት ወይ ሕጋዊ ወኪል ንክርከብ ብደብዳበ ቅድሚ ሓደ ሰሙን ክፍልጦ ኣለዎ።

   ረ) ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 11 (መ) ዝተቐመጠ ከምዘለዎ ኮይኑ በዓል ንብረት ወይ ሕጋዊ ወኪል ዝተፅሓፈሉ ደብዳበ ንምቕባል ፈቓደኛ እንተዘይኮይኑ እቲ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ እቲ ንብረት ኣብ ዝርከበሉ ቦታ ምልክታ ብምልጣፍ ክፍልጥ ኣለዎ።

   ሰ) በዓል ንብረት ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀጽ 11 (ረ) ዝተገበረሉ ፃዊዒት መሰረት ቐሪቡ እንተዘይኣገሚቱ ኣብ ግምት ንዝፍጠር ጉድለት ወይ ኪሳራ ክሓትት ኣይኽእልን ፣

   ሸ) ዝእከብ መረዳእታ ብሰነድ ካብ ዝተሓዝ ብተወሳኺ ብፎቶ ወይ ብቪድዮ ተቐሪፁ ክቕመጥ ኣለዎ።

ምምሕዳር
* ጊዜያዊ ምምሕዳር ትግራይ *
Tigray Regional State
Interim Administration

ቀ) ኮሚቴ ገማቲ ንብረት ዝፍፀሞም ተግባራትን ውሳነታትን ብዝምልከት ዝተማልአ ቃለ ጉባኤ ክሕዝ ኣለዎ።

ቐ) ኮሚቴ ገማቲ ንብረት ዝኣከቦ ናይ ዓቐን መረዳእታ ብዝግባእ ሰኒዱ ብናይ መረኻኸቢ ቅጥዒ ንምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ተፈራሪሙ ክረክብ ኣለዎ።

በ) ኮሚቴ ገማቲ ንብረት ንትመና ስራሕ ዘድልዩ ናይ ምህርቲ እቶት፣ እዋናዊ ናይ ከባቢ ነፀላ ዋጋን ተተሓሓዝቲ መረዳእታን ክቕበል ዘለዎ ካብ ወረዳ ወይ ከተማ ወይ ቢሮታት ዝምልከቶ መንግስታዊ ቤት ዕዮ ጥራሕ እዩ።

ተ) ኣባላት ኮሚቴ መንግስቲ ወይ በዓል ትሕዝቶ ንምጥቃም ወይ ንምጉዳእ ኢሎም ግቡእ ዘይኮነ ካሕሳ ክትመን እንተገይሮም ብሕጊ ተሓተቲ ይኾኑ።

12. ተፀዋዕነት ኮሚቴ ገማቲ ንብረት ንምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ይኸውን፣

**ዓንቀፅ 29. መንግስታዊ ኣካል ክፋል ስራሕ ገማቲ ንብረት ብምጥያሽ ንብረት ምግማት**

1. ፈቓድ ዘለዎ ገማቲ ውልቀ ሰብ ወይ ውልቀ ትካል እንተዘይሃልዩ ናይ ካሕሳ ተማኒ ዝፍፀም ብወረዳ ወይ ከተማ ብርኪ ብዝጣየሽ መንግስታዊ ናይ ስራሕ ክፋል ይኸውን።
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገለፀ እንተሃለወውን ከምኣድላይነቱ ብብርኪ ክልል ኣብ ትሕቲ ቢሮታት ናይ ካሕሳ ገማቲ ትካል ወይ ስራሕ ክፋል ክጣይሽ ይኽእል
3. ዝጣየሽ መንግስታዊ ካሕሳ ገማቲ ስራሕ ክፋል ብዝኾነ ብርኪ ካብ ካሕሳ ክፋል ስራሕን ካብ ተልዓልቲ መሊስካ ምትካል እግሪ ስራሕ ክፍልን ተፈልዩ ክውደብ ኣለዎ።
4. ካሕሳ ገማቲ ክፋል ስራሕ ኣብ ባይታ ዝሰርሖ ዓቐን መረዳእታ ብምስናድ ዝተቐበሎ መረዳእታ ብምትንታን መጠን ካሕሳ ብምፍላጥን ብመረኻኸቢ ቅጥዒ ንካሕሳ ክፋሊ ስራሕ ክፋል ክረክብ ኣለዎ፣
5. ብክልል ብርኪ ኣፍልጦ ዝተውሃቦም ብቑዓትን እኹላትን ናይ ውልቀ ንብረት ገማቲ ትካላት ወይ ውልቀ ሰባት ምህላዎም ቢሮ ኣረጋጊፁ እንትውስን ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ እቲ ትመና ስራሕ ብስርዓት ዕደጋ ብምውድዳር ነዞም ኣካላት ብምሃብ ክስርሕ ኣለዎ፣
6. ቢሮ ከምኣድላይነቱ ካብ ጭቡጥ ወድዓዊ ኩነታት ተላዒሉ ናይ ካሕሳ ገማቲ ኣካል ብኽፋል ብውልቀ ንብረት ገማቲ ኣካል ወይ ብንብረት ገማቲ ስራሕ ክፋል ወይ ብንብረት ገማቲ ኮሚቴ ክስራሕን ክውስን ይኽእል።

**ዓንቀፅ 30. ካሕሳ ንምኽፋል ዘየኽእል ኩነታት**

1. ብዘይሕጋዊ መንገዲ ኣብ ዝተትሓዘ ቦታ ዝሰፈረ ንብረትን ንዝተሃነፀ ህንፀት፣
2. ዝለዓለ ናይ ኤሌክትሪክ ዝርገሐ መስመር ኣብ ዝዝርገሓሉ እዋን ንዝይለዓልን ናይ ቁመት ገደብ ንዝተገበረሉ ንብረት፣
3. ብግዚያዊ ውዕሊ ንተጠቀምቲ ዝተመሓላለፈ ውዕሊ እዋኑ ዝወደአ እንተኾይኑ፣

4. ካሕሳ ከምዘይኽፈል ተገሊፁ ዝተኻየደ ህንፀት ወይ ብዘይፍቓድ ንዝተሃነፀ ህንፀትን ዝዓረፈ ንብረትን፣
5. ካብ ዝተውሃበ ኣጠቓቕማ መሬትን ኣገልግሎትን ወፃኢ ብዘይፍቓድ ዝተሃነፀ ህንፀት ወይ ቀዋሚ ምምሕያሽ፣
6. ካብ ሕጋዊ ትሕዝቶ ወፃኢ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ብምስፍሕፋሕ ኣብ ዝተትሓዘ ቦታ ዝተሃነፀ ህንፀት፣
7. ንረብሓ ህዝቢ ክውዕል ዝተወሰነሉ ቦታ ንህዝቢ ግልፂ ካብ ዝኾነሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3 ኣዋርሕ ዝተሃነፀ ህንፀት ወይ በዓል ትሕዝቶ ካሕሳ ክወስድ ብደብዳበ ካብ ዝፈለጠሉ ጊዜ ንደሓር ዝዓረፈ ንብረት ካሕሳ ኣይኽፈልን፣
8. ኣብ ናይ መንግስቲ ክራይ ገዛን ትሕዝቶን ብተኻራይ ብዘይ ፍቓድ ዝተሃነፀ ህንፀት ካሕሳ ኣይኽፈልን።

<u>ንኡስ ክፋል ኣርባዕተ</u>

<u>ዓይነት ካሕሳን ኣገባብጣ ክፍሊትን</u>

**ዓንቀፅ 31. ኣተማምና ካሕሳ ንብረት**

ኣተማምና ካሕሳ ንብረት ብዝስዕብ ኣገባብ ይፍፀም፦

1. ትሕዝቶ መሬቱ ንዝለቐቕ በዓል ትሕዝቶ ኣብ ልዕሊ ትሕዝትኡ ንዝርከብ ንብረትን ንዝገበሮ ቀዋሚ ምምሕያሽን ካሕሳ ይኽፈሎ።
2. ናይ ንብረት ካሕሳ ምግባጥ ዝስራሕ ንብረት ኣብ ዝለዓለሉ እዋን እቲ ንብረት ኣብ ዝርከበሉ ከባቢ ብዘሎ እዋናዊ ዋጋ ዕዳጋ ይኸውን።
3. ናይ ልምዓት ተልዓሊ መንበሪ ገዛ ዘለዎ ቦታ ሙሉእ ብምሉእ እንትውሰድ ንተልዓሊ ዝኽፈል መጠን ካሕሳ ነቲ ዝተልዓለ ገዛ ሙሉእ ብሙሉእ ዝትክእ እዋናዊ ዋጋ ኮይኑ ካብቲ ከባቢ ዝተሓተ ስታንዳርድ ገዛ ክስርሕ ዝኽእል ዝነኣሰ ክኸውን የብሉን፣
4. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተሓተ ናይ መንበሪ ገዛ ዋጋ ዝውሰን ብቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን ተዳልዩ ብካቢኔ ክልል እንትውሰን ወይ እንትፀድቕ ይኸውን፣
5. ዝለዓል ገዛ ብኽፋል እንተኾይኑን ዝተረፈ ናይቲ ገዛ ኣካል ዓርሱ ክኢሉ ግልጋሎት ዝህብ እንተኾይኑን ዝኽፈል ካሕሳ ንዝፈረሰ ክፋል ጥራሕ ይኸውን።
6. ዝቐረየ ናይቲ ገዛ ኣካል ግልጋሎት ዘይህብን ዓርሱ ኪኢሉ ጠጠው ዘይብልን ብበዓል ሞያ ዝተረጋገፀ እንተኾይኑ ናይቲ ገዛ ሙሉእ ካሕሳ ይኽፈል።
7. ዝፈርስ ትሕዝቶ ብኽፋል እንተኾይኑ እቲ ዝቐሪ ቦታ ትሕቲ ስታንዳርድ ምዃኑ እንተተረጋጊፁ ንሙሉእ ንብረቱ ካሕሳ ተኸፊልዎ ለቐቑ ዝቐረየ ቦታ ናብ መንግስቲ ኣታዊ ይግበር።

**ዓንቀፅ 32. ናይ ገዛ ካሕሳ አተማምናን ኣገባብጣን**

1. ናይ ገዛ ካሕሳ ዝስላሕ ብተመሳሰሊ ወይ ተተካኢ ቦታ ንመስራሕ ዘድሊ እዋናዊ ናይ ጉልበት፣ ናይ ማተርያልን መሽንን ዋጋ ታሓሳቢ ብምግባር ይኸውን
2. ምስ ገዛ ምትሕሓዝ ዘለዎ ናይ መረባ ምንፃፋት፣ ምምልኻዕ መረባ፣ ሴፕቲክ ታንክን ካልኦት ህንፀታት ምስቲ ገዛ ሓቢሮም ክትመኑ ኣለዎም።
3. እቲ ገዛ ብምልዓሉ ሓቢሮም ዝለዓሉ መስመር ግልጋሎታት ተዛዊሮም ዝስርሑ እንተኾይኖም ናይ ንብረት ካሕሳ ምኽፋል እንተይኣድለየ እቶም መስመራት ንምልዓል፣ መሊስካ ንምትካልን ንምርኻብን ዘድሊ ወፃኢታት ተተሚኑ ይኽፈል።
4. መረባ ንምምልኻዕ ዝተተኸሉ ከም ዕንበባ፣ ሳዕሪ፣ ካልኦት ኣእዋም ንብረትን ንምልማዕ ዝወፀ ወፃኢ ብእዋናዊ ናይ ከባቢ ዋጋ ተሓሳቢ ብምግባር ካሕሳ ይኽፈል።
5. ዝፈርስ ገዛ ዝተሃነፀሉ ብናይ ሊዝ ትሕዝቶ እንተኾይኑ ተልዓሊ ተለዋጢ ቦታ ዘይደሊ እንድሕር ኮይኑ ካብ ገዛ ካሕሳ ብተወሳኺ ዝኸፈሎ ዝቐረየ ናይ ሊዝ ዘመን ክፍሊት ተመላሲ ይገበረሉ።
6. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (4) ዓንቀፅ 31 እዚ መምርሒ ከምዘለዎ ኮይኑ መጠን ገንዘብ ካሕሳ ገዛ =ንህንፀት እቲ ገዛ ዝተገበረ ወፃኢ /በቲ እዋናዊ ዋጋ/+ኣብ መሬት ቀዋሚ ምምሕያሽ ንምክያድ ዝተገበረ ወፃኢ/በቲ እዋናዊ ዋጋ/ ኣብ ግምት ኣትዩ ዝግበዋ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 33. ኣተማምናን ኣገባብጣን ካሕሳ ሓፁር**

1. ናይ ሓፁር ካሕሳ ዝስላሕ ምስ ዝፈረሰ ሓፁር ተመጣጣኒ ዝኾነ ሓፁር ብሓድሽ ንምስራሕ ዘድሊ እዋናዊ ናይ ካሬ ሜትር ወይ ናይ ሜትር ኩብ ወይ ብቑፅሪ ዋጋ ብምስላሕ ይኸዉን
2. ናይ ሓፁር ካሕሳ ናይ ሓፁር ህንፃ መሰረት ብምግባር ብካሬ ሜትር ወይ ብሜትር ኩብ ወይ ነፀላ ዋጋ ብምዉፃእ ክትመን ይኽእል፤
3. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ (4) ዓንቀፅ 31 እዚ መምርሒ ከምዘለዎ ኮይኑ መጠን ገንዘብ ካሕሳ ሓፁር=ናይ ሓፁር መጠን ብካሬ ሜትር ወይ ብሜትር ኩብ ወይ ብቑፅሪ X እዋናዊ ዋጋ ሓፁር ኣብ ግምት ኣትዩ ዝግበዋ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 34. ኣተማምና ካሕሳ ዝራእቲን ተረፍ ምህርቲ ዝራእትን**

1. ዝባፀሐ ዝራእቲ እንተኾይኑ፣
   - ሀ) በዓል ትሕዝቶ ብዝተውሃቦ ጊዜ ገደብ ዝራእቱ ኣኪቡ ክወስድ ይኽእል
   - ለ) እቲ ቦታ ብህፁፅ ዝድለ እንተኾይኑ ዝራእቱ ንምእካብ ጊዜ ምሃብ እንተዘይተኻኢሉ ናይ ሓደ ዓመት እቶት ብእዋናዊ ናይ ከባቢ ዕዳጋ ዋጋ ተገቢጡ ይኽፍሎ።



2. እቲ ዝራእቲ ዘይባፅሐ እንተኾይኑ ዝኽፈሎ ካሕሳ ዝራእቱ እንተዝባፅሕ ክህቦ ዝኽእል እቶት መጠን ብእዋናዊ ናይቲ ከባቢ ናይ ዕዳጋ ዋጋ ተገቢጡ ዝራእቱ ክሳብ ዝእክብ ዝበፅሕ ዘሎ ጊዜ ከውፅኦ ዝኽእል ዝነበረ ወፃኢታት ተቐኒሱ ይኸፈሎ።

3. ናይ ዝራእቲ ተረፈ ምህርቲ ካሕሳ ዝትመን ናይ ተረፈ ምህርቲ እዋናዊ ናይ ከባቢ ዋጋ መሰረት ብምግባር ይኸዉን።

4. ምስ ሕርሻን ውፅኢቱን ዝተኣሳሰር ተመን ካሕሳ ብቢሮ ሕርሻን ልምዓት ገፀርን ክልል እናተዳለወ ብካቢኔ ክልል እንትውሰን ዝፍፀም ይኸውን፤

5. ኣብ ሓደ ናይ ሕርሻ ቦታ ኣብ ሓደ ዓመት ዉሽጢ ካብ ሓደ ጊዜ ንላዕሊ እቶት ዝህብ እንተኾይኑ ናይ ሓደ ዓመት ናይ ሕርሻ ቦታ እቶት መጠን ኣብቲ ዓመት ዉሽጢ ዝኣተወ እቶት ድምር ይኸውን፤

6. ናይ ዝራእቲ ካሕሳ = ናይ ቦታ ስፍሓት ብሄ/ር X ካብ1ሄ/ር ዝኣቱ ዓመታዊ እቶት /ምህርቲ/ ብኩ/ል X ናይ 1ኩ/ል ናይ ከባቢ እዋናዊ ናይ ዕዳጋ ዋጋ ብብር + ኣብ መሬት ቀዋሚ ምምሕያሽ ንምክያድ ዝተገበረ ወፃኢ እዩ።

7. ናይ ዝራእቲ ተረፈ ምህርቲ ካሕሳ =ናይ ቦታ ስፍሓት ብሄ/ር X ካብ ሄ/ር ዝርከብ ተረፈ ምህርቲ ብኩ/ል X ናይ ሓደ ኩ/ል ተረፈ ምህርቲ /እቶት/ ብናይ ከባቢ እዋናዊ ዕዳጋ ዋጋ ብብር እዩ።

ዓንቀፅ 35. ኣተማምና ካሕሳ ኣትክልቲ ወይ ኣሕምልቲ

1. ዝበፅሐ ኣትክልቲ እንተኾይኑ፣
   ሀ) በዓል ትሕዝቶ ብዝወሃቦ ግዜ ገደብ ኣኪቡ ክወስድ ይኽእል።
   ለ) ንልምዓት ዝድለ ቦታ ብህፁፅ ዝድለ እንተኾይኑን ኣትክልቲ ንምእካብ እኹል ጊዜ ምሃብ ተዘይተኻኢሉን ናይ ሓደ ዓመት እቶት ብእዋናዊ ናይ ከባቢ ዕዳጋ ዋጋ ተገቢጡ ይኸፈሎ።

2. እቲ ተኽሊ ዘይባፅሐ እንተኾይኑ፦
   ዝኽፈል ካሕሳ እቲ ተኽሊ እንተዝባፅሕ ነይሩ ክህቦ ዝኽእል ዝነበረ እቶት መጠን ብእዋናዊ ናይ ከባቢ ዕዳጋ ዋጋ ተገቢጡን እቲ ኣትክልቲ ክሳብ ምእካብ ዝበፅሕ በዓል ትሕዘቶ ከውፅኦ ዝኽእል ዝነበረ ወፃኢታት ብመቕናስ ይኸዉን።

3. ኣብ ሓደ ናይ ሕርሻ ቦታ ኣብ ሓደ ዓመት ዉሽጢ ካብ ሓደ ጊዜ ንላዕሊ እቶት ዝህብ እንተይኾኑ ናይቲ ዓመት ናይ ሕርሻ ቦታ እቶት መጠን ኣብ ዓመት ዉሽጢ ዝኣቱ ምህርቲ ድምር ይኸዉን፤

4. ናይ ኣትክልቲ ምህርቲ ካሕሳ = ናይ ቦታ ስፍሓት ብሄ/ር X ኣብ 1ሄ/ር ዝኣቱ ኣትክልቲ ብኩንታል X ናይ 1ኩ/ል ኣትክልቲ ብናይ ከባቢ እዋናዊ ዕዳጋ ዋጋ ብብር + ኣብ መሬት ቀዋሚ ምምሕያሽ ንምክያድ ዝተገበረ ወፃኢ እዩ።

ዓንቀፅ 36. ካሕሳ ፍረ ዝህብ ቀዋሚ ተኽሊ

1. ቀዋሚ ተኽሊ ፍረ ኣብ ምሃብ እንድሕር ዘይበፅሐ ኮይኑ ተኽሊ ኣብ ዝርከበሉ ብርኪ ንምብፃሕ ዘውፅኦም ወፃኢታት ብእዋናዊ ናይ ከባቢ ዋጋ ብምስላሕ ይኽፈል።

2. ቀዋሚ ተኽሊ ኣብ ፍረ ምሃብ ዝበፅሐ እንተኾይኑ ዝበፀሓሉ ብርኪ ንምብፃሕ ዘውፀኦ ወፃኢ ብእዋናዊ ናይ ከባቢ ዕዳጋ ዋጋ ተገቢጡ ይኽፈል።

3. ቀዋሚ ተኽሊ ፍረ ንምሃብ እቲ ቦታ ኣብ ዝልቐቐሉ እዋን ፍሪኡ ዝበፅሐ እንተኾይኑ።

   ሀ) በዓል ንብረት እቲ ፍረ ክወስድ ዝደሊ እንተኾይኑ ብዝወሃቦ ግዜ ገደብ ኣኪቡ ምውሳድ ይኽእል።

   ለ) በዓል ንብረት ፍረ ምውሳድ እንድሕሪ ዘይደልዩ ናይቲ ፍረ ወይ ምህርቲ ዋጋ ብእዋናዊ ዕዳጋ ተገቢጡ ይኽፈሎ።

   ሐ) እቲ ቦታ ብህፁፅ ዝድለ እንተኾይኑ ፍረ ወይ ምህርቲ ንምእካብ እኹል ጊዜ ምሃብ እንተዘይተኻኢሉ ናይ ሓደ ዓመት ምህርቲ ብእዋናዊ ናይቲ ከባቢ ዕዳጋ ተገቢጡ ይኽፈሎ።

   መ) እቲ መሬት ኣብ ዝድለየሉ እዋን እቲ ተኽሊ ኣብ ዕንበባ ብርኪ እንተበፂሑ ከም ኣብ ፍረ ዝበፅሐ ተሓሲቡ ናይ ሓደ ዓመት ምህርቲ እቶት ዋጋ ብእዋናዊ ዕዳጋ ብምስላሕን ፍረ ንምእካብ ክሳብ ዝበፅሕ ዘሎ ናይ ሕርሻ እታወታት ወፃኢ ብመቕናስ ይኽፈል።

4. ቀዋሚ ተኽሊ ኣብ ሄክታር ክትክል ዝግበኦ መጠን ወይ ስታንዳርድ ኣብ ግምት ውሽጢ ብምእታው ክስላሕ ኣለዎ።

   ካሕሳ ፍረ ምሃብ ዝጀመረ ቀዋሚ ተኽሊ =ካብ ሐደ ተኽሊ ዝርከብ መጠን ፍረ ብኪሎ X ናይ ሓደ ኪሎ እዋናዊ ዕዳጋ ዋጋ X ናይ ተኽሊ በዝሒ + እቲ ተኽሊ ኣብ ዝበፅሐሉ ብርኪ ንምብፃሕ ዝወፀኣ ወፃኢ ብእዋናዊ ዋጋ + ኣብ መሬት ቀዋሚ ምምሕያሽ ንምክያድ ዝተገበረ ወፃኢ እዩ፤

5. ካሕሳ ፍረ ምሃብ ዘይጀመረ ቀዋሚ ተኽሊ =እቲ ተኽሊ ኣብ ዝበፅሐሉ ብርኪ ንምብፃሕ ዝወፀ ወፃኢ ብእዋናዊ ዋጋ + ኣብ መሬት ቀዋሚ ምምሕያሽ ንምክያድ ዝተገበረ ወፃኢ እዩ።

ዓንቀፅ 37. ካሕሳ ፍረ ዘይህብ ቀዋሚ ተኽሊ ወይ ኦም

1. ፍረ ዘይህብ ቀዋሚ ተኽሊ ንኣገልግሎት ዘይበፅሐ እንተኾይኑ እቲ ተኽሊ ኣብ ዝርከበሉ ብርኪ ንምብፃሕ ዝወፅኣ ወፃኢ ብእዋናዊ ናይ ከባቢ ዋጋ ብምስላሕ ካሕሳ ይኽፈል።

ጊዜያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ * Tigray Regional State Interim Administration

2. ፍረ ዘይህብ ቀዋሚ ተኽሊ ንኣገልግሎት ዝበፅሐ እንተኾይኑ፦

ሀ) እቲ ዝሕሰብ ልምዓት ተኽሊ ንምቑራፅ ዘገድድ እንተኾይኑ ብፍቓድ ቤት ፅሕፈት ሕርሻ በዓል ንብረት ብዝወሃቦ ጊዜ ገደብ ኣኪቡ ክወስድ ይኽእል፣

ለ) ኣኪቡ ክወስድ እንተኪኢሉ ናይ መቑረፅን መጓዓዓዝን ወፃኢታት ጥራሕ ይኽፈል።

ሐ) በዓል ንብረት ቀዋሚ ተኽሊ ክወስድ እንድሕር ዘይደለየ ወይ እቲ ቀዋሚ ተኽሊ ንምእካብ እኹል ግዘ እንተዘይተዋሂቡ ነቲ ንብረት ብእዋናዊ ናይ ከባቢ ዋጋ ተገቢጡ ካሕሳ ይኽፈል።

3. ንአገልግሎት ዝበፅሐ ቀዋሚ ተኽሊ ካሕሳ ኣብ ዝበፀሐሉ ብርኪ ዓብይ ፣ ማእኸላይ፣ ንእሽተይ፣ ፈልሲ ብዝብል ብሄክታር ተገቢጡ ይኸፍል።

ካሕሳ ፍረ ናይ ዘይህብ ቀዋሚ ተኽሊ =

ሀ) ዓበይ ተኽሊ ብቑፅሪ X ናይ ሓደ ተኽሊ እዋናዊ ናይ ከባቢ ዕዳጋ ዋጋ በብር +

ለ) ማእኸላይ ተኽሊ ብቑፅሪ X ናይ ሓደ ተኽሊ እዋናዊ ናይ ከባቢ ዕዳጋ ዋጋ በብር +

ሐ)ንእሽተይ ተኽሊ ብቑፅሪ X ናይ ሓደ ተኽሊ እዋናዊ ናይ ከባቢ ዕዳጋ ዋጋ ብብር +

መ) ፈልሲ ዛፍ ብቑፅሪ X ናይ ሓደ ፈልሲ እዋናዊ ናይ ከባቢ ዕዳጋ ዋጋ በብር +

ረ) ኣብ መሬት ቀዋሚ ምምሕያሽ ንምክያድ ዝተገበረ ወፃኢ እዩ።

**ዓንቀፅ 38. ካሕሳ ሳዕሪ**

1. ኣብ ዝልቀቕ መሬት ዝርከብ ሳዕሪ ዓጺድካ ንምካብ ዝበፅሐ እንተኾይኑ በዓል ትሕዝቶ ኣብ ዝወሃቦ ጊዜ ገደብ ዓጺዱ ክወስድ ኣለዎ፤

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 በዓል ትሕዝቶ ሳዕሩ ዝወስድ እንተኾይኑ ንመዕፀድን ንመጓጓዓዝን ጥራሕ ይኽፈሎ፤

3. እቲ ቦታ ብህፁፅ ዝድለ እንተኾይኑ እቲ ሳዕሪ ተዓጺዱ ክለዓል እንድሕር እኹል ጊዜ ዘይተውሃቦ ኮይኑ ናይ ሳዕሪ ግምት በቲ እዋናዊ ናይ ከባቢ ዋጋ ተገቢጡ ይኽፈሎ፤

4. ሳዕሪ ብከባቢ ዝሸየጠሉ መለክዒ

ሀ) ብሽኽሚ እንተኾይኑ ኣብ ዝልቀቅ ቦታ ዝርከብ ሳዕሪ ብሽኽሚ በዝሒ ብምስላሕ፣

ለ) ብኹምሪ እንተኾይኑ ኣብቲ ቦታ ዝርከብ ሳዕሪ መጠን ብኹምሪ ይስላሕ

ሐ) ብጥማር እናተአሰረ እንተኾይኑ ኣብቲ ቦታ ዝርከብ ሳዕሪ መጠን ጥማር ወይ ከም ከም ከባቢኡ ናይ ዕደጋ መለከዒ ብምትማን ይስላሕ።

5. ንልምዓት ዝውስድ ናይ ሳዕሪ መሬት ብተወሳኺ ተኽሊ ዝርከበሉ እንተኾይኑ ነቲ ቀዋሚ ተኽሊ ካሕሳ ይኽፈሎ።

6. ሳዕሪ ንምዕፃድ ዘይበፅሐ እንተኾይኑ ከምዝበፅሐ ተሓሳቢ ተገይሩ ካሕሳ ይኽፈል፣

ካሕሳ ሳዕሪ= ሳዕሪ ዝሸፈኖ ቦታ ስፍሓት ብካሬ ሜትር X ኣብ ሓደካሬ ሜትር ዝቦቅል ናይ ሳዒሪ መጠን ብኩምሪ /ብፆር/ ወይ ጥማር X ናይ ሓደ ኩምሪ /ጥማር/ እዋናዊ ናይ ዕደጋ ዋጋ ብብር + ኣብ መሬት ቀዋሚ ምምሕያሽ ንምክያድ ዝተገበረ ወፃኢ እዩ።

ዓንቀፅ 39. ንሰብ ፍቓድ ማዕድን ዝኸፈል ካሕሳ

1. ማዕድን ንምውፃእ ብሕጋዊ ፍቓድ ንዝተትሓዘ መሬት እንትልቀቕ ካሕሳ ኣገባብ ብዘለዎ ናይ ማዕድን ሕጊን ውዕሊን መሰረት ይፍፀም።
2. ማዕድን ንምውፃእ ሕጋዊ ፍቓድ ብዘይተዉሃቦ ኣካል ንዘተትሓዘ ናይ ማዕድን መሬት ካሕሳ ኣይኸፈሎን።
3. በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተደንገገ ከምዘለዎ ኾይኑ ዝኸፈል ካሕሳ ናይ ማዕድን ስራሕ ንምዉፃእ ዝተተኸለ ማሽን እንሃልዩ ብንብረት ካሕሳ ብመሰረት ኣብቲ ቦታ ካልእ ቀዋሚ ንብረት እንተሃልዩ ብመሰረት ውዕሊ ናይ ንብረት ካሕሳ ይግበጥ።
4. እቲ ናይ ቦታ ትሕዘቶ ብሊዝ ስሪት ወይ ብግዜ ገደብ ሕጋዊ ውዕሊ ተለዋጢ ቦታ ዘይወሃቦ እንተኾይኑ ዝኸፈሎ ናይ ዝተረፈ ጊዜ ክፍሊት ተመላሲ ይግበረሉ።

ዓንቀፅ 40. ንናይ መቓብር ቦታ ዝኸፈል ካሕሳ

1. ዝኸፈል ካሕሳ ንናይ መቓብር ቦታ ንምልዓል፣ ተለዋጢ መዕረፊ ቦታ ንምድላዉ፣ ኣዕፅምቲ ንምዝዋርን ንመዕረፍን ከምኡ እዉን ምስ እዚ ዝተሓሓዙ ንዝግበሩ ሃይማኖታዊን ባህላዊን ስርዓት ንመፈፀሚ ዘድሊ ወፃኢታት ይሓዉስ፣
2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሰ ሃይማኖታዊን ባህላዊን ስርዓት ንምፍፃም ዝኸፈል ክፍሊት ኣብ ቀብሪ ንዝርከቡ ሰባት መጓዓዓዚን ኣበልን ከምኡውን ምስኡ ዘተተሓሓዙ ወፃኢታት ክፍሊት ኣይሓዉስን፣
3. መቓብር ዘለዎ ቦታ ንረብሓ ህዝቢ እንተተደልዩ ናይ መቓበር በዓል ዋና ወይ ተፀዋዒ ብፅሑፍ ናይ መልዓሊ ጊዜ ገደብ ክበፅሖ ክግበር ኣለዎ፣
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ብዝተውሃቦ ናይ መዓልቲ ጊዜ ገደብ ናይ መቃብር በዓልዋና እንተዘይ ኣልዒሉ እቲ መሬት ዘልቅቕ ዘሎ ኣካል ዓፅሙ ብኽብሪ ኣልዒሉ ኣብ ተለዋጢ ቦታ ክዓርፍ ክገብር ኣለዎ፣
5. መቓብር ናብ ተለዋጢ ቦታ እንትላዓል ኣብ ዘላቒ መዕረፊ ብስታንዳርድ መሰረት ክዓርፍ ይግበር፤
6. ናይ መቓብር ቦታ ካሕሳ =ነቲ ዓፅሚ ንምልዓል ዝወፅእ ወፃኢ +እቲ ዓፅሚ ብኽብሪ ዝዓርፈሉ ተለዋጢ ቦታ ንምድላዉ ዝወፅእ ወፃኢ+ እቲ ዓፅሚ ንምዝውዋርን ንመዕረፍን ዝወፅእ ወፃኢ +ሃይማኖታዊን ባህላዉን ስርዓት መፈፀሚ ወፃኢ እዩ።

**ዓንቀፅ 41. ኣተመምና ካሕሳ ተዛዊሩ ዝትከል ንብረት**

1. ናብ ካልእ ከባቢ ተዛዒሩ ዝትከል ዝህቦ ዝነበረ ግልጋሎት ክህብ ዝኽእል ንብረት ዝኽፈል ንመልዓሊ፣ ንመፅዓኒ፣ ንመጓጓዓዚ፣ ንመራገፍን መሊስካ ንመትካልን ዘድሊ ወፃኢ ይሓውስ፣
2. ንብረት ኣብ ዝለዓለሉ እዋን ዝቑረፅ ወይ ዝበላሸ ንብረት እንተሃልዩ ብበዓልሞያ እናተረጋገፀ ዝተቖረፀ ወይ ዝተባለሸወ ንምትካእ ወይ ንምፅጋን ዘድሊ ወፃኢ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ካብ ዝተገለፀ ብተወሳኺ ይኽፈል፤
3. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን 2 ዝተጠቐሱ ዝኽፈሉ እቲ ንብረት ተዛዊሩ ክትከለን ዝህቦ ዝነበረ ግልጋሎት ክህብ ክምዝኽእል ብበዓል ሞያ እንትረጋገፅ ጥራሕ እዩ።
4. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1ን2 ዝተገለፀ ክምዘሎ ኾይኑ ድምር ዝኽፈል ካሕሳ ካብቲ ንብረት ዋጋ ማዕረ ወይ ልዕሊኡ ክኸውን የብሉን፤
5. ካሕሳ ተዛዊሩ ዝትከል ንብረት=ናይ ንብረት መልዓሊ+መፅዓኒ+መጓዓዓዚ+መውረዲ+ዳግም መትከሊን ካልኦት ወፃኢታትን እዩ።

**ዓንቀፅ 42. ካሕሳ ስነ-ልቦና ጉድኣትን ምቁራፅ ማሕበራዊ ምትእስሳርን**

1. ናይ ማሕበራዊ ርክብ ምቁራፅን ናይ ስነ-ልቦና ጉድኣትን ካሕሳ ሓደ ጊዜ ጥራሕ ንሕጋዊያን ሰብ ትሕዝቶ ይኽፈል፣
2. ማሕበራዊ ርክብ ተፈጢሩ ዝበሃል ሓደ ናይ ልምዓት ተልዓሊ እንተነኣሰ ኣብቲ ዝልቀቕ ቦታ ክልተ ዓመትን ልዕሊኡን እናነበረ ዝርከብ ክኸውን ኣለዎ፣
3. ማሕበራዊ ርክብ ምቁራፅን ናይ ስነ-ልቦና ጉድኣት ካሕሳ ካብ ዝነብርሉ ቦታ ተላዒሎም ልዕሊ ሓሙሽተ ኪሎ ሜትር ንዝሰፈሩ ነበርቲ ካብ ብር 25 ሽሕ ክሳብ 60 ሽሕ ዝኽፈል ኮይኑ፦

   ሀ) ክሳብ 3 ቤተሰብ ዘለዎ ብር 25 ሽሕ

   ለ) ካብ 4-6 ኣባላት ቤተሰብ ዘለዎ ብር 45 ሽሕ

   ሐ) 7ን ልዕሊኡን ኣባላት ቤተሰብ ዘለዎ ብር 60 ሽሕ ይኽፈል።

<u>ንኡስ ክፋል ሓሙሽተ</u>

<u>ኣተማምና ካሕሳ ተልዓሊ ልምዓት</u>

**ዓንቀፅ 43. ኣብ ከተማ ካሕሳ ተልዓልቲ ልምዓት**

1. ንረብሓ ህዝቢ ክበሃል ካብ ናይ ከተማ ቦታ ትሕዝቶኦም ንዝለቁን መተካእታ ቦታ ናይ ምርካብ መሰል ንዘለዎም ሰብ ትሕዝቶ ዝወሃቦም ተለዋጢ ቦታ እንተኾይኑ ገዛ ክሳብ ዝሃንፁ ንኽልተ (02) ዓመት ዝኣክል፦

   ሀ) ንዝፈረሰ ገዛ ተመጣጣኒ መተካእታ ገዛ ብዘይ ክራይ ይወሃቦም ወይ

   ለ) ተለዋጢ ገዛ እንተዘይረኺቡ ናይ ክልተ ዓመት ክራይ ገዛ ይኽፈሎ።

2. ንረብሓ ህዝቢ ክበሃል ካብ ናይ ከተማ ቦታ ትሕዝቶኦም ንዝለቁን መተካእታ ቦታ ናይ ምርካብ መሰል ንዘለዎም ሰብ ትሕዝቶ ዝወሃቦም ኣብ ክንዲ ተለዋጢ ቦታ ብናይ ባዕሉ ወፃኢ ናይ መንግስቲ ገዛ ንክገዝእ ዝመቻቸወሉ እንተኾይኑ ንመሰጋገሪ ጊዜ፡-

ሀ) ምስ ዝፈረሰ ገዛ ተመጣጣኒ ዝኾነ ተለዋጢ ገዛ ንሓደ ዓመት ብዘይ ክራይ ይወሃቦ ወይ

ለ) ናይ ሓደ ዓመት ገዛ ክራይ ይኽፈሎ

3. ብጊዝያዊ ዝለዓል ሓደ ናይ ከተማ በዓል ትሕዝቶ ተለዋጢ ገዛ እንተሃልዩ ብጊዝያዊነት ንዘፀንሓሉ እዋን ተመሳሳሊ ተለዋጢ ገዛ ብዘይ ክራይ ወይ ብጊዝያዊ ንዘፀንሓሉ እዋን ናይ ገዛ ክራይ ይኽፈሎ

4. መጠን ዝተሓተ ክፍሊት ክራይ ገዛ ናይ መንበሪ ገዛ ክራይ ዋጋ፣ ዝተሓተ ናይ ገዛ ክራይ ብካሬ ሜትር ዋጋን ዝተሓተ ናይ መንበሪ ገዛ ብርኪ ብቢሮ ልምዓት ከተማን ኮንስትራክሽንን በቢእዋኑ እናተፀንዐ ብካቢኔ ክልል እንትውሰን ወይ እንትፀድቕ ኣብ ስራሕ ክውዕል ዘለዎ ኾይኑ፣ ክፍሊት ክራይ ገዛ=እዋናዊ ዋጋ ህንፃ /ንካሬ + 30% ምምሕዳራዊ ወፃኢ ክምቀል ንዘበን እርጋን ዝብል ኣብ ግምት ዘእተወ ኣገባብጣ ኮይኑ ወርሓዊ ዝፍፀም እዩ።

**ዓንቀፅ 44. ኣብ ገፀር ካብ ትሕዝቶ መሬቶም ንዝለቁ ሰብ ትሕዝቶ ዝወሃብ ካሕሳ**

1. ንረብሓ ህዝቢ ክበሃል ካብ ናይ ገፀር ቦታ ትሕዝቶኦም ንዝለቁን መተካእታ ቦታ ናይ ምርካብ መሰል ንዘለዎም ሰብ ትሕዝቶ ዝወሃቦም ተለዋጢ መሬት እንተኾይኑ ገዛ ክሳብ ዝሃንፁ ንኽልተ (02) ዓመት ዝኣክል፡-

ሀ) ንዝፈረሰ ገዛ ተመጣጣኒ መተካእታ ገዛ ብዘይ ክራይ ይወሃቦም ወይ

ለ) ተለዋጢ ገዛ እንተዘይረኺቡ ናይ ክልተ ዓመት ክራይ ገዛ ይኽፈሎ።

2. ንረብሓ ህዝቢ ክበሃል ካብ ናይ ገፀር ቦታ ትሕዝቶኦም ንዝለቁን ተለዋጢ ቦታ ናይ ምርካብ መሰል ንዘለዎም ሰብ ትሕዝቶ ዝወሃቦም ኣብ ክንዲ ተለዋጢ ቦታ ብናይ ባዕሉ ወፃኢ ናይ መንግስቲ ገዛ ንክገዝእ ዝመቻቸወሉ እንተኾይኑ ንመሰጋገሪ ጊዜ፡-

ሀ) ምስ ዝፈረሰ ገዛ ተመጣጣኒ ዝኾነ ተለዋጢ ገዛ ንሓደ ዓመት ብዘይ ክራይ ይወሃቦ ወይ

ለ) ናይ ሓደ ዓመት ገዛ ክራይ ይኽፈሎ።

3. ብጊዝያዊ ዝለዓል ሓደ ናይ ገፀር በዓል ትሕዝቶ ተለዋጢ ገዛ እንተሃልዩ ብጊዝያዊነት ንዘፀንሓሉ እዋን ተመሳሳሊ ተለዋጢ ገዛ ብዘይ ክራይ ወይ ብጊዝያዊ ንዘፀንሓሉ እዋን ናይ ገዛ ክራይ ይኽፈሎ

4. ካብ ትሕዝቶ ሕርሻ መሬቱ ብቀዋሚነት ንዝለቕቕ ናይ ገፀር በዓል ትሕዝቶ መሬት እንተኾይኑ

ጊዜያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State
Interim Administration

ሀ) ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ዝለዓል ናይ ልምዓት ተልዕሊ ተለዋጢ ሕርሻ መሬት እንተተዋሂብዎ ቅድሚ ምልዓሉ ዝነበሩ ሰለስተ ተኸታተልቲ ናይ ምህርቲ ዓመታት ዝረኸቦ ካብ ዝነበረ ዝለዓለ ናይ ሓደ ዓመት እቶት ብምውሳድ ብእዋናዊ ዋጋ ተራቢሑ ይኸፈሎ፣

ለ) ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ዝለዓል ናይ ልምዓት ተልዕሊ ተለዋጢ ሕርሻ መሬት ምሃብ ተዘይተኻኢሉ ቅድሚ ምልዓሉ ዝነበሩ ሰለስተ ተኸታተልቲ ናይ ምህርቲ ዓመታት ዝረኸቦ ካብ ዝነበረ ዝለዓለ ናይ ሓደ ዓመት ምህርቲ ብምውሳድ እዋናዊ ዋጋ ብምውሳድ ብ15 ተራቢሑ ይኸፈሎ፣

5. ሓደ ናይ ገፀር በዓል ትሕዝቶ ሕርሻ መሬቱ ብጊዝያዊነት ዝውሰድ እንተኾይኑ መሬቱ ክሳብ ዝምለስ እቲ ዝተወሰደ መሬት ቅድሚ ምልዓሉ ዝነበሩ ናይ 3 ተኸታተልቲ ዓመታት ዝለዓለ ናይ ሓደ ዓመት እቶት ብእዋናዊ ዋጋ ተራቢሑ ይኸፈሎ፣

6. ናይ ልምዓት ተልዓሊ ሓረስታይ ካሕሳ እንትፅብፀብ ንልምዓት ዝተደለየ ናይ ሕርሻ ቦታ ብምጥቃም ኣብ ሓደ ዓመት ጊዜ ውሽጢ ካብ ሓደ ጊዜ ንላዕሊ ምህርቲ ዝህብ እንተኾይኑ ናይቲ ሓረስታይ ዓመታዊ እቶት እንትግበጥ ኣብቲ ዓመት ውሽጢ ዝኣተወ ምህርቲ ኩሉ ተሓሳቢ ይግበር፤

7. ብጊዝያዊነት ዝተወሰደ ሕርሻ መሬት ቅድሚ ምውሳዱ ዝነበረ ናይ መፍረያይነት ብርኪ ንምምላስ ተወሳኺ ጊዜ ዘድሊ እንተኾይኑን ብበዓልሞያ እናተተረጋገፀ ንተወሳኺ ጊዜ ነቲ ልምዓት ተልዓሊ ናይ ዝተወሰኸ ጊዜ ካሕሳ ይኸፈሎ፤

8. ብጊዝያዊነት ዝተወሰደ ሕርሻ መሬት ናብ ዝነበሮ ምምልስ ዘይከኣልን ተለዋጢ መሬት ዘይወሃብን እንተኾይኑ ብቀዋሚነት መሬት ንዝተወሰደ ዝፅብፀቡ ኣገባብ ተኸቲሉ ዝፍፀም ኮይኑ ነቲ ልምዓት ተልዓሊ ዝኸፈል ካሕሳ ዝወሰዱ ተቐጊሱ ኣፈላላይ ይኸፈሎ፤

9. ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 8 ዝተገለፀ ከምዘሎ ኮይኑ እቲ ምግባጥ ካሕሳ ዝስራሕ ብቀዋምነት ክለዓል ኣብ ዝተወሰነሉ እዋን ይኸውን፣

10. ብጊዝያዊነት ዝተወሰደ ሕርሻ መሬት ኣብ ዘይተመለሰሉን ተለዋጢ መሬት ዝወሃቦ እንተኾይኑ እዋን ጊዜ ገደብ ቅድሚ ምቁራፁ ሓደ ዓመት ቀዲሙ ተለዋጢ ቦታ ክረክብ ይግበር ወይ ናይ ሓደ ዓመት እቶት ብእዋናዊ ዋጋ ተገቢጡ ይኸፈሎ፣

11. ናይ ልምዓት ተልዓሊ ሓረስታይ ቅድሚ ምልዓሉ ዝነበረ ዓመታዊ እቶት እንትግበጥ ንልምዓት ዝተወሰደ መሬት ብምጥቃም፡-

ሀ) ካብ ሕርሻ ስራሕቲ ዝርከብ እቶት ከም ንህቢ፣ ምርባሕ እንስሳ ተዋፅኦታት፣ ልምዓት ዕምበባ፣ በለስ፣ መልሚሉ ዘዕበዮ ኦም፣ ካልኦት ይውስኽ፣



ምምሕዳር ክልል ትግራይ * ግዝያዊ * Tigray Regional State Interim Administration

ለ) ዝተፈቐደ ማይ ብምውፃእን ብምሻጥን ዝርከብ ኣታውን ካልኦት እታውታትን ከም እቶት ተሓሳቢ ክግበር ኣለዎ።

12. ቅድሚ ምልዓሉ ቅድሚ ሓደ ዓመት ዝነበሩ 3 ዓመታት ንልምዓት ዝተወሰዶ መሬት ብምጥቃም ዝነበሮ ዓመታዊ እቶት ንምስላሕ ቅድሚ ምልዓሉ ዝነበሩ ኣብ ሕድ ሕድ ዓመት ዝነበረ እቶት ብግልፂ ክፍለጥ ኣለዎ፣

13. በዓል ትሕዝቶ ገፀር መሬት ካብ ትሕዝቶኡ ቅድሚ ምልዓሉ ዝነበሩ 3 ዓመታት ዝረኸቦ ዝነበረ ዝለዓለ ናይ ሓደ ዓመት እቶት ዝትመነሉ ኣገባብጣ፡-

በዓል ትሕዝቶ ገፀር መሬት

ቅድሚ ዝተልዓለሉ ዓ/ም ዝነበረ ናይ መጀመርያ ዓ/ም = (ዝተልዓለሉ ዓ/ም-1) = ሀዓ/ም

ቅድሚ ምልዓሉ ዝነበረ ካልኣይ ናይ ቀረባ ዓ/ም = (ዝተልዓለሉ ዓ/ም -2) = ለ ዓ/ም

ቅድሚ ምልዓሉ ዝነበረ ሳልሳይ ናይ ቀረባ ዓ/ም = (ዝተልዓለሉ ዓ.ም -3) = ሐ ዓ/ም

ንልምዓት ዝተወሰደ መሬት ብሄክታር= መ እንተኾይኑ

ኣብ ሀ ዓ/ም ዝነበረ ናይ ሓረስታይ እቶት = (መ x ሀ ዓ/ም ካብ1ሄ/ር ዝተረኸበ ምህርቲ ብኩ/ል xእዋናዊ ናይ 1 ኩ/ል ዋጋ ብብር) + እቲ መሬት ብምጥቃም ኣብ ሀ ዓ/ም ዝተረኸበ ተወሳኺ እቶት ብብር

ኣብ ለ ዓ/ም ዝነበረ ናይ ሓረስታይ እቶት = (መ x ለ ዓ/ም ካብ1ሄ/ር ዝተረኸበ ምህርቲ ብኩ/ል xእዋናዊ ናይ 1ኩ/ል ዋጋ ብብር) + እቲ መሬት ብምጥቃም ኣብ ለ ዓ/ም ዝተረኸበ ተወሳኺ እቶት ብብር

ኣብ ሐ ዓ/ም ዝነበረ ናይ ሓረስታይ እቶት = (መ x ሐ ዓ/ም ካብ1ሄ/ር ዝተረኸበ ምህርቲ ብኩ/ል xእዋናዊ ናይ 1 ኩ/ል ምህርቲ ዋጋ ብብር) + እቲ መሬት ብምጥቃም ኣብ ሐ ዓ/ም ዝተረኸበ እቶት ብብር

ኣብ ሀ ዓ/ም ፣ኣብ ለ ዓ.ምን ኣብ ሐ ዓ.ም ዝተረኸበ ዝለዓለ እቶት ብብር = ሰ እንተኾይኑ ናይ ሕርሻ መሬቱ ብቋሚነት ዝተወሰደሉን ተለዋጢ መሬት ዘይተውሃቦን ናይ ልምዓት ተልዓሊ ካሕሳ = ሰ x 15 ናይ ሕርሻ መሬቱ ብጊዝያዊነት ንዝተወሰዶ ተለዋጢ መሬትዘይተውሃቦ ናይ ልምዓት ተልዓሊ ካሕሳ = ሰ x ዝለቐቐሉ ጊዜ ብዓመት ናይ ሕርሻ መሬት ብቋሚነት ዝተወሰደሉን ተለዋጢ መሬት ዝተውሃቦ ናይ ልምዓት ተልዓሊ ካሕሳ = ሰ ይኸውን።

ዓንቀፅ 45. ካሕሳ ጉድኣት ኢኮኖሚ

1. ኢኮሚያዊ ጉድኣት ካሕሳ ዝኽፈል ካብ ቦተኦም ከይተልዓሉ ኢኮኖሚያዊ ጉድኣት ንዝበፅሖም ሕጋውያን ሰብ ትሕዝቶ ጥራሕ ይኸውን።
2. ኢኮኖሚያዊ ጉድኣት ዝበፅሖም ዝሰኣኑዎ እቶት መሰረት ብምግባር ብጊዝያውነት ንዝተቋረፆም ካብ 3 ወርሒ ንዘይበልፅ እዋን፣ ብቀዋሚነት ንዝተቋረፆም ድማ ካብ 6 ወርሒ ንዘይበልፅ ጊዜ ይኽፈሎም፤ ካብ ቦተኦም ከይተልዓሉ ናይ ኢኮኖሚያዊ ጉድኣት ዝበፅሆም ዝተቋረፆም እቶት መሰረት ብምግባር ይስላሕ፣
3. ካብ ቦተኦም ከይተልዓሉ ጉድኣት ዝበፅሖም ዝተቋረፆም እቶት ንምፅብፃብ፡-

   ሀ) ገዛ ወይ ቦታ ብምክራይ ወይ ብንግዲ ዝረኽብዎ ዝነበረ

   ለ) ግልጋሎት ብምሃብ ዝርከቡ ካልኦት ኣታውታት

   ሐ) ሰብ ትሕዝቶ እቶቶም ቅድሚ ምቅራፁ ዝኸፍልዎ ዝነበረ ግብሪ ከም መገናዘቢ ምጥቃም ይኽእል።

ዓንቀፅ 46. ንናይ ሓባር ትሕዝቶ መሬት ዝኽፈል ካሕሳ

1. ንረብሓ ህዝቢ ተባሂሉ ዝውሰድ ናይ ሓባር መሬት ካሕሳ ክኽፈሎም ዝግባእ እቲ ንብረትን መሬትን ብምውሳዱ ምኽንያት ዝሰኣንዎ ረብሓ መሰረት ተገይሩ ይፅብፀብ፣
2. ናይ ሓባር መሬት ካሕሳ ንምኽፋል ናይ ሓባር መሬት ሰብ ትሕዝቶን ኣብ ናይ ሓባር መሬት ዘሎ ናይ ውልቀን ናይ ሓባርን ንብረት ከከም ከተማ፣ ወረዳ ወድዓዊ ኩነታት ብናይቲ ከባቢ መራሕቲ ወይ ሽማግለታት ኣቢልካ ክፍለ ኣለዎ፣
3. ኣብ ናይ ሓባር መሬት ዝዓረፉ ናይ ሓባር ንብረታት ዝኽፈል ካሕሳ ብሓባር ዝጥቀምሉ ልምዓት ወይ ማሕበራዊ ግልጋሎን ንምህናፅ ክውዕል ይግበር፣
4. ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 3 እንተሃለወ እውን ብሓባር ዝጥቀምሉ ልምዓት ወይ ማሕበራዊ ግልጋሎት ብምህናፅ ተጠቀምቲ ክኾኑ ተዘይኪኢሎም ብካሕሳ ዝተረኸበ ገንዘብ ክመቓቐልዎ ክግበር ይኽእል።
5. ብመሰረት ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 3 ዝህነፅ ማሕበራዊ ግልጋሎት ወይ ልምዓት ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 2 መሰረት ኣብ ዝተነፀረ ቦታ ዝህነፅ ዓይነት፣ መጠንን ዝህነፀሉ ቦታን ብናይ ሓባር መሬት ሰብ ትሕዝቶ ድሌትን ናይ ካሕሳ ገንዘብ መጠንን መሰረት ተገይሩ ክውሰን ይግበር።

ዓንቀፅ 47. ምሽፋን ወፃኢ ንትመና ስራሕቲ ካሕሳ

1. ንረብሓ ህዝቢ መሬት እንትልቀቕ ንብረት ንምትማን ዝኽፈል ወፃኢ ተልዓልቲ ልምዓት ክኸፍሉ ኣይግደዱን፣

2. ኣብዚ ኣንቀፅ ንኡስ ኣንቀፅ 1 እንተሃለወ እውን ናይ ትምና ካሕሳ ስራሕ ብውልቀ ገማቲ ንክስራሕ እንትግበር ናይ ልምዓት ተልዓልቲ መሰሎም ንምኽባር ክብሉ እቲ ስራሕ ንክስራሕ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ዝተወዓዓሎ ውልቀ ገማቲ ንዝተገመተ ትመና ንምርግጋፅ ብኻሊእ ገማቲ ዳግም እንተተማኒንዎ ዝወፅእ ወፃኢ በዓልቶም ይሽፍንዎ።

## ክፋል ሰለስተ

## ምትካል እግሪ ተልዓልቲ ልምዓት

### ንኡስ ክፋል ሓደ

### ምትካል እግሪ ተልዓልቲ ልምዓትን ኣገባብ ኣፈፃፅማኡን

**ዓንቀፅ 48. ሓላፍነትን ኣፈፃፅማን ምትካል እግሪ ተልዓልቲ ልምዓት**

1. ቢሮ መሬትን መአድንን ወይ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ንተልዓልቲ ልምዓት እግሪ ከትክል ሓላፍነት ኣለዎ፣
2. እዚ ስራሕ ንምፍፃም መንግስቲ ክልል ትግራይ ቢሮ መሬትን መዓድንን ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ተኣሰሲሩ ንምፍፃም ዘኽእል ሓይሊ ሰብን በጀትን ብፍሉይ ሪኡ ክምድብ ሓላፍነት ኣለዎ፣
3. በቢ ብርኩ ዝርከቡ ኣብያተ ፅዮ መንግስቲ ኣብ ስራሕቲ ምትካል እግሪ ተልዓልቲ ልምዓት ኣድላይ ደገፍን ሓገዝን ክገብሩ ኣለዎም፣
4. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ቦታ ንልምዓት ክልቀቕ እንትውስን እንተልቅቕን ውሳንኡ ንቢሮ መሬትን መዓድንን ከፍልጥ ሓላፍነት ኣለዎ።
5. ቢሮ መሬትን መዓድንን እቲ ካብ ምምሕዳር ወረዳን ከተማን ዝመፆ ውሳነ ግብረ መልሲ ክህብ ኣለዎ፣

**ዓንቀፅ 49. ምክያድ ዳህሰሳዊ መፅናዕቲን ምሓዝ መረዳእታን**

1. ቢሮ ኩነታት ማሕበረ ኢኮኖሚ ብልምዓት ተልዓልቲ ዝምልከት ፅንዓት ብምክያድ ብልምዓት ንዝለዓሉ ሰብ ትሕዝቶ እግሪ ንምትካል መበገሲ ዝኸውን መረዳእታ ይፈልን ይውድብን፣
2. ዝካየድ መፅናዕቲ ምትካል እግሪ ናብ ፅንዓት ዘካይድ ኣካል ዘሎ ብርኪ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ቐሪቡ ይፀድቕ፣
3. ተልዓልቲ ንምጥያሽ ዘኽእል ናይ ዳህሳስ መፅናዕቲ ምክያድ፣ ናይ ምትካል እግሪ ፓኬጃት ምቕራፅን ከም ኣድላይነቱን ፕሮጀክታት ክቕረፅ ኣለዎ፣
4. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ዝውደብ መረዳእታ ዝስዕቡ ኣጠቓሊሉ ክሕዝ ይግባእ፦
   ሀ) ተልዓልትን ምስኦም ሓቢሮም ዝነብሩ ዕድመኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ውሉድ በዝሒ፣ ፆታ፣ ዕድመ፣ ኣካላዊ ኩነታት፣ ብርኪ ትምህርቲ፣ ፋይናንሳዊ ዓቕምን ክሕዝ ኣለዎ፣

ለ) መሬቶም ብምልዓሉ ተልዓልቲ ክስእንዎ ዝምኽሉ ጥቕምን ኣታውን፣

ሐ) ንተልዓልቲ ዘድሊ ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ ፣

መ) ቀጥታ ደገፍ ዘድልዮም ከምኡ እውን ፋይናንሰዊ ዓቕሚ ዘለዎምን ዘይብሎምን ክመላኸት ኣለዎ።

5. ብመፅናዕቲ ተልዓልቲ ዝሰፍሩሉ ቦታ ምስ ተፈለጠ ኣብ ልዕሊ ኣብቲ ከባቢ ዝነብር ማሕበረሰብ ክበፅሕ ዝኽእል ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊን ከባብያውን ፅዕንቶ ክንፀር ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 50. ምዝገባ ብልምዓት ተለዓልቲን ምፍላይ ተጠቀምቲ ምትካል እግሪን**

1. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ብምኽንያት ልምዓት ንዝለዓሉን ስድረኦምን ክምዝግብን ተረባሒቲ ዝኾኑ ብምምዝጋብ ተጠቀምቲ ምትካል እግሪ ዝኾኑ ክፈሊ ኣለዎ፣

2. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ብምኽንያት ልምዓት ተልዓልቲ እንትምዝግብ ካብዞም ዝስዕቡ ኣካላት ሓበሬታ ክረክብ ይኽእል፦

ሀ) ካብ ቤት ፅሕፈት መሬትን መኣድንን፣

ለ) ካብ ወሳኒ ኩነት ፣

ሐ) ካብ ተወከልቲ ተልዓልትን ሕብረተሰብን ፣

መ) ካብ በዓል መዚ ወይ ቤት ፅሕፈት ልምዓት እቶት፣

ረ) ካብ ተልዓልትን ቤተሰቦምን ዝቐርብ መረዳእታ፣

ሰ) ካብ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ወይ ጣብያ

ሸ) ካብ ቤት ፍርዲ ወይ ካልእ ሕጋዊ መረዳእታ ናይ ምሃብ ስልጣን ዘለዎ ኣካልን።

3. ተጠቀምቲ ምትካል እግሪ ንምምዝጋብ ፦

ሀ) ዝተሓደሰ መለለዪ ማንነት፣

ለ) በዓል ትሕዝቶ መረጋገፂ ሰርቲፊኬት፣ ሳይት ፕላን ወይ ደፍተር፣

ሐ) እዋናዊ ግበሪ ዝኸፈለሉ መረዳእታ፣

መ) ኣብ በዓል ትሕዝቶ ክርክር እንተሃልዩ ወይ ብውርሲ ዝተረኸበ መሰል እንተኾይኑ ውሳነ ቤት ፍርዲ፣

ረ) ብሞግዚት ዝመሓደር እንተኾይኑ ናይ ሞግዚትነት መረዳእታ ክቐርብ ኣለዎ።

4. ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዝተጠቐሱ ዘማለአ ተልዓሊ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ኣቢሉ ይምዝገብ፣ ብምኽያት ዕድመ፣ ኣካላዊ ጉድኣት ወይ ካልእ ብቑዕ ምኽንያት ብኣካል ቀሪቡ ክምዝገብ ዘይኽእል እንተኾይኑ መዝጋቢ ኣብ ዘለዎ ከይዱ ይምዝግብ፣

5. ምፍላይ ተጠቀምቲ ምትካል እግሪ እንትካየድ፦

ሀ) ነበርቲ ከተማ ወይ ገፀር ምኻኑ፣ ብካሕሳ ዝረኸቦ መጠን ገንዘብን ዝነበሮ ፋይናንሳዊ ዓቕምን፣

ለ) ካብ ተልዓልቲ ዝተወሰደ ስፍሓት መሬት፣ ዝተርፎም ስፍሓት መሬትን ብሙሉእ ወይ ብኸፋል ዝለዓል ምዃኑ፣

ሐ) ምስራሕ ዝኽእሉን ዘይኽእሉን፣ ምስራሕ ዝኽእሉ ይሰርሑዎ ዝነበረ ስራሕን ንቐፃሊ ክሰርሑዎ ዝመረፁዎ ዘፈር ስራሕን፣

መ) በዝሒ ስድራን በዝሒ ሓቢሮምዎ ዝነብሩ ዕድምኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ውላድን ክፍለጡ ኣለዎም።

6. ኣብ ምትካል እግሪ ተጠቀምቲ ክኾኑ ዝግበኦም ቤተሰብ ተልዓሊ እንትፍለዩ፦

ሀ) ዕድመኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑን ምስ በዓል ትሕዝቶ ሓቢሮም ዝነብሩ፣

ለ) ዕድመኦም ትሕቲ 18 ዓመት ኮይኖም ወለዶም ብህይወት ዘየለዉ ወረስቲ፣

ሐ) ናይ ሓዳር መረጋገፂ ዘቕረቡ ሰብ ሓዳር፣

መ) መራሕቲ ስድራ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ክፍለዩ ዝግባእ ኮይኑ ነዚ መፍለዪ ዝኸውን መረዳእታ ከቕርቡ ኣለዎም።

7. ብርኪ ጉድኣት ናይ ልምዓት ተልዓሊ ዝፍለየሉ ፍልፍል እቶቱ እንትጃረፅ ኮይኑ፣

ሀ) ካብ 75%-100% ቀዳማይ ብርኪ ጉድኣት ተባሂሉ ይተሓዝ፣

ለ) ካብ 50%-74% ዘሎ ካልኣይ ብርኪ ጉድኣት ተባሂሉ ይተሓዝ፣

ሐ) ትሕቲ 50% ጉድኣት ሳልሳይ ደረጃ ጉድኣት ዘለዎ ተባሂሎም ይተኣሓዙ።

ዓንቀፅ 51. ንተልዓልቲ ልምዓት ዝወሃብ ደገፍ

1. ንተልዓልቲ ልምዓት ዝወሃብ ደገፍ ካብ ዝነብርሉ ቦታ ተላዒሎም ናብ ካሊእ ቦታ ንዝሰፍሩ ሕጋውያን ውልቀ ሰብ ትሕዝቶ ይኸውን፣

2. ናይ ልምዓት ተልዓልቲ ዘጣይሽ ኣካል ደገፍ ንዘድልዮም ተልዓልቲ ምስ ዝምልከቶ ከተማ ወይ ወረዳ ወይ ክፍለ ከተማ ምምሕዳር ኣካላት ብምዃን ክንፅሩ ኣለዎ፣

3. ተልዓልቲ ልምዓት ፦

ሀ) ናብ ዝሰፍርሉ ከባቢ ንብረቶም ንምጉዕዓዝ ዘድሊ ወፃኢ ደገፍ

ለ) ንተለዋጢ ቦታ ወይ ንተለዋጢ ገዛ ካርታ፣ ናይ ፕላን ስምምዕነትን ህንፀት ፈቓድ ግልጋሎት ክፍሊት ነፃ ምግባር፣

ሐ) ኣብ ክንዲ ተለዋጢ ቦታ ብዕድጊት ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ ንዝወሃቦም ናይ ኤሌክትሪክን ናይ ማይን መእተዊ ግልጋሎት መሸፈኒ ወፃኢ ደገፍ ይግበር።

4. ን ተልዓልቲ ልምዓት ናይ ምኽሪ ግልጋሎት ደገፍ ብዘጣየሾም ኣካል ክረኸቡ ኣለዎም፣

5. ብሓባር ተወዲቦም ናይ ሓባር መንበሪ ወይ ድርጅት ንዝሃንፁ ናይ ልምዓት ተልዓልቲ፦

ሀ) ናይ ደገፍ ድሌት ዘለዎም ተልዓልቲ ምኻኖም ንዘጣየሾም ኣካል ብፅሑፍ እንተመልክቱ፣

ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State Interim Administration

ለ) ብሓባር ንምልማዕ ብውዕልን መረዳእታን ኣቢሎም ተወዓዲሎም መረዳእተኦም እንተቕርቡ፣

ሐ) እንተነኣሰ ዝተሓተ ናይ ሀንፃ ቁመት ንምህናፅ ብዝኽእል ቦታ ስፍሓት ንምልማዕ መስፈርቲ እንተማልኡ በዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ፊደል ለ ዝተገለፀ ደገፍ ይግበር።

6. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 5 ብሓባር ተወዲቦም ብሓባር ንዘልምዑ ዝግበር ደገፍ ተለዋጢ ቦታ ክዳለዎሎም ብምግባር ይኸውን፣

7. ሓረስቶት ኣብ ዝሰፍርሉ ሓዱሽ ከባቢ ዝወሃቦም መሬት ብሓባር ወይ ብክላስተር ናይ ምልማዕ ድሌት እንተሃልይዎም ብዘመናዊ መንገዲ ከልምዑ ብናይ መሬት ምድላው ቴክኖሎጂ ኣጠቓቕማ ደገፍ ይግበረሎም፣

8. ናይ ልምዓት ተልዓልቲ ንስራሕ ዝበፅሑ ናይ ቤተሰብ ኣባላት ብናይ ክልል መንግስቲ ይኹን ብናይ ልምዓታዊ ሰብ ሃፍቲ ኣቢሎም ብዝፍጠር ናይ ስራሕ ዕድል ወይ ምትእስሳር ንግዲ ቀዳምነት ክረኽቡ ደገፍን ክትትልን ክግበረሎም ኣለዎ፣

9. ናይ ልምዓት ተልዓልቲ መነባብሮኦም ንምምሕያሽ ናይ ገንዘብ ሕፀረት እንተጋጢምዎም መፅናዕቲ መሰረት ብምግባር ኣቐዲሞም ኣብ ዘዳልውዎ ፕሮጀክት ሓሳብ መሰረት 20 ሚኢታዊ ብምቑጣብ 80 ሚኢታዊ ናይ ልቓሕ ግልጋሎት ክመቻቸወሎም ክግበር ይኽእል፣

10. ናይ ልምዓት ተልዓልቲ ሓረስቶት ዘፍረይዎ ምህርቲ ኣብ ዕዳጋ ተወዳደርቲ ክኾኑ ናይ ስልጠናን ናይ ዕዳጋ ስርዓት ምትእስሳርን ክፍጠረሎም ዘድሊ ደገፍ ይግበር።

**ዓንቀፅ 52. ምቕራፅ ፓኬጅ ምትካል እግሪ**

1. ቢሮ መሬትን መዓድንን ብልምዓት ተልዓልቲ እግሪ ንምትካል ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ብምስታፍ ዝተገበረ መፅናዕቲ መበገሲ ብምግባር ንተልዓልቲ ናይ ምትካል እግሪ ፓኬጅ ክቕረፅ ኣለዎ፣

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተጠቐሰ ከም ዘሎ ኮይኑ እቲ ቤት ዕዮ ንልምዓት ኣድላዪ ዝኾነ መሬት ኣብ ዝርከበሉ ከተማ ወይ ወረዳ ወይ ብኣማኻሪ ፓኬጅ ክቕረፅ ይገብር፣

3. ብኢንቨስትመንት ምኽንያት ተልዓልቲ ዝኾኑ ብሽርክና ማሕበር ወይ ብሼር ወይ ብሕብረት ስራሕ ማሕበር ምልማዕ እንተዘይኪኢሎም በዓል ሃፍቲ ንተልዓልቲ እግሪ ናይ ምትካል ፕሮጀክት ብምቕራፅ ዘተኣናግድ ኣካል ብምፅዳቕ ናብ ተግባር ይኣቱ፣

4. ብልምዓት ተልዓልቲ ድሌትን ክእለትን ከምኡ እውን ናይቲ ከባቢ ፀጋ ወይ ሃፍቲ ኣብ ግምት ብምእታው ሓቢርካ ብምልማዕ ክሰርሑ ዝኽእሉ ፓኬጃት ብምቕራፅ ምስ ውልቀ ሰብ ሃፍትን ብውዕል ስምምዕነት ከልምዑ ምትብባዕ፣

Tigray Regional State Interim Administration

5. ብልምዓት ተልዓልቲ ብውልቀ ሰብ ሃፍቲ መሰሎም ከይስእኑ ቢሮ ወይ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ብጥንቅቓ ናይ ውዕል ስምምዕነት ሞዴል ክቕርብ ይግበር፣

6. ናይ ልምዓት ተልዓልቲ ብሓባር ንምልማዕ እንትፍቀድ እት ዝቅረፅ ፓኬጅ ምስ ሓቢርካ ምልማዕ ዘተባብዑ ገበርተ ሰናይ ብምትእስሳር ምልማዕ ይከኣል፣

7. ዝተዳለወ ፓኬጅ ምትካል እግሪ በቲ ዝተፀንዐ ድሌት ተልዓልቲን ናይቲ ከባቢ ፀጋን መሰረት ብምግባር ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ክቐርፅ ኣለዎ፡

8. ዝቕረፅ ፓኬጅ ብዋናነት፡-

   ሀ) ብቐጥታ ክሰርሑ ዘይኽእሉ ደገፍ ዝረኽብሉን ብናይ ሓገዝ ፕሮግራም ዝሕቆፍሉ ኩነታት ምፍጣር፣

   ለ) ክሰርሑ ዝኽእሉ ተልዓልቲ ክሰርሕሉ ዝኽእሉ ናይ ስራሕ ዘፈር፣ መስርሕን መሸጥን ምድላው፣

   ሐ) ውስንነት ፋይናንሳዊ ዓቕሚ ዘለዎም ተልዓልቲ ብገንዘብ ወይ ብዓይነት ንብረት ልቓሕ ኣቕርቦት ክግበር ኣለዎ፣

   መ) ተልዓልቲ ናብ ስራሕ ምስኣተው ውዕኢታዊ ንክኾኑ ምትእስሳር ዕዳጋ፣ ማሽነሪ ወይ ንብረታትን ደገፍን ክግበረሎም ኣለዎ፣

   ረ) ተልዓልቲ ኣብ ዝሰፈርሉ ቦታ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ኣገልግሎት ክቐርበሎም ኣለዎ፣

   ሰ) ተልዓልቲ እግሪ ንምትካል ዘድልዮም ስልጠና፣ ምኽሪን ሞያዊ ደገፍን ይግበረሎም፣

   ሸ) መተግበሪ ግዜ ገደብን ንምትግባር ዘድልዩ ወፃኢ ዝሓዘ ክኸውን ኣለዎ።

9. ዝተዳለወ ፓኬጅ ምስ ጭቡጥ ነባራዊ ኩነታት ብምግንዛብ ብቢሮ ወይ ወረዳ ወይ ከተማ ክፀድቕን መፈፀሚ በጀት ክምደበሉን ይግባእ።

**ዓንቀፅ 53. ምቕራፅ ፕሮጀክት ምትካል እግሪ**

1. ብልምዓት ተልዓልቲ እግሪ ናይ ምትካል ስልጣን ዝተውሃቦ ኣካል ዝቕረፅ ፕሮጀክት ናብ ስራሕ ምእታውን ተልዓልቲ ምትካል እግሪን ዘድልዩ መስርሕን መሸጥን ቦታ ምድላው፣ ህንፃታት፣ ሼዳት፣ ንምህናፅ ካልኣት ተመሳሳሊ ስራሕቲ ንምፍፃም ኣዋፃኣይ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ክቕረፅ ኣለዎ፣

ክልል ምምሕዳር ... Tigray Regional State * Interim Administration

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝተገለፀ ፕሮጀክት ኣዋፃኣይ ፕሮፖዛልን መፈፀሚ በጀትን ተልዓሎቲ ኣብ ዝርከብሉ ከከም ዓይነት ፕሮጀክቱ ክልል ወይ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ክፀድቕ ኣለዎ፣

3. እቲ ፕሮጀክት ንምትግባር ዘድሊ በጀት ብመልማዕቲ ወይ ብኻሊእ መንገዲ ዝሽፈን ኣገባብ ክም መማረፂ ክቐርብ ይኽእል፣

4. እቲ ዝተቐረፀ ፕሮጀክት መጀመሪን መወድኢን ግዜ፣ ተጠቀምቲ ኣካላት፣ ትዕቢት ዝግበር ውፅኢት፣ ዘድሊ በጀትን ክትትልን ደገፍን መፈፀሚ ትልሚ ኣገባብ ኣገማግማ ስርዓት ክህልው ይግባእ፣

5. ዝተቐረፀ ኣዋፃኣይ ፕሮጀክት ፕሮፖዛል ናይ ምትካል እግሪ ዝተገምገመ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ናብ ቢሮ ክፍልዋ ኣለዎ። ፕሮጀክት ዝግምግም ብኣወዳድባ ቤት ዕዮ ቤት ፅሕፈት፣ ክላስተር፣ ኤጀንሲ፣ ቢሮ፣ ዳይሬክተር ክፍቀድ ኣለዎ።

**ዓንቀፅ 54. ንተልዓልቲ ልምዓት ዝተሃነፀ ህንፃ ወይ መስርሕን መሸጥን ቦታ ምትሕልላፍን ምምሕዳርን**

1. ብመንግስቲ ወይ ብመልማዕቲ ወፃኢ ንተልዓልቲ ምትካል እግሪ ተባሂሉ ዝተሃነፁ ህንፃታትን መስርሕን መሸጥን ቦታታትን ብምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ይምራሕ፣

2. ተልዓልቲ ምትካል እግሪ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ካልኦት ናይ ስራሕ ዕድል ንምፍጣር ዝተሃነፁ ህንፃታትን መስርሕን መሸጥን ቦታታት ምትካል እግሪ ስራሕ ንክፍፀም ብፈፃሚ ስራሕ ምስተወሰነ ናይ ምትሕልላፍ ስራሕ ብምውዳድ ይፍፀም ይኽእል፣

3. መስርሕን መሸጥን ቦታን ህንፃን ንተልዓልቲ ልምዓት ተጠቀምቲ ዝመሓላለፍ ብውዕል ግዜ ገደብ ብሕጊ ኣገባብ ተልዓልቲ ዓርሶም ኪኢሎም ካብ 5-10 ዓመት ጥራሕ ይኸውን፣

4. ናይ ብርኪ ዕቤት ዘርኢ ውፅኢት ገምጋም ብምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ እናተመዘነ ናይ ልምዓት ተልዓልቲ ካብ ምትካል እግሪ ፓኬጅ ዝወፅሉ ኩነታት ምፍጣር፣

5. ብልምዓት ተልዓልቲ ክፍሊት ካሕሳን ምትካል እግሪ ቤት ዕዮ ተልዓልትን ፋይናንሳዊ ዓቕሚን መጠን ጉድኣትን ኣብ ግምት ብምእታው ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓብቐፅ 1ን 2ን መሰረት ህንፃታት ወይ መስርሕን መሸጥን ቦታ ግዜ ገደብ መጥቀሚ ብክራይ ወይ ብዘይክራይ ክወሃብ ይኽእል፣

6. ዕብየት ኣታዊ ተልዓሊ እግሪ ዝተኸለሉ ክፉል ወይ ዓይነት ስራሕ መሰረት ብምግባር ወፃእታት ሕድሳት ህንፃ፣ ዕገናን ምምሕዳራዊ ወፃእታትን ተጠቃሚ ምትካል እግሪ ክሸፍን ክውሰን ይግበር፣

7. ንተለዓልቲ ምትካል እግሪ ተባሂሎም ዝተሃነፁ ህንፃታት ከተማ ረብሓኦም ተፀኒዑ ብቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ክልል እንትውሰን ብምኽንያት ምትካል እግሪ እናተጠቐምሉ ንዝርከቡ

Tigray Regional State Interim Administration

ተለዓልቲ ብመሸጣ ክመሓላለፍ ዝኽእል ኮይኑ ካብቲ መሸጣ ዝተረኸበ ኣታዊ ንስራሕቲ ምትካል እግሪ ክውዕል ይግበር፣

8. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ንተለዓልቲ እግሪ ንምትካል ብገደብ ጊዜ ዝተውሃቦም ህንፃታትን መስርሕን መሸጥን ቦታታትን ገደብ ጊዜ እንትኣክል ብውዕሊ መሰረት ተረኪቡ ንካልኦት ተለዓልቲ እግሪ ክተኽልሉ ብውዕሊ የመላላፈሎም፣

9. ንምትካል እግሪ ዝተዳለወ ቦታ ተለዓልቲ ብማሕበር ተወዲቦም ብናይ ባዕሎም ወፃኢ ቀዋሚ ህንፃ ክሃንፁን ክጥቀሙሉን እንትውሰን እቲ ቦታ ኣብ ከተማ እንተኾይኑ ብናይ ሊዝ ምደባ ክፍሊት ኣብ ገፀር እንተኾይኑ ብክራይ መሬት ገፀር ክጥቀሙሉ ክግበር ዝኽእልን ብመሰረት ኣብዚ መምርሒ ሕዝል 02 ዝፍፀምን ኮይኑ፦

ሀ) ኣብ ከተማ ብኣጠቓቕማ መሬት ፕላን መሰረት ንከተማ ሕርሻ፣ ንናይ ሓባር ንግዲ ህንፃ፣ ናይ ሓባር መምረቲ ሼድ፣ ዝተፈቐደ ግልጋሎት ሓምለዋይ ልምዓት መናፈሻ፣ ንናይ ሓባር ማሕበራዊ ግልጋሎት መውሃቢ ትካል ብዝፍቀድ ተመን መበገሲ ሊዝ፣

ለ) ኣብ ገፀር ንመፍረይቲ ፣ ንኮንስራኽሽን እታዎት መምረቲ፣ ንልምዓት ሃፍቲ እንስሳ፣ ንሕርሻን መቀናበሪ ምህርትን፣ ንማእኸላት እታዎት ሕርሻ፣ ማእኸላት ምህርቲ ሕርሻ፣ ንክውዕል ቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ክልል ወረዳ ወይ ከተማ ክውስን ይኽእል።

10. ዝተልዓለ ቦታ ንህንፀት ፓርክ ኢንድስሪ እንተኾይኑ ኣብቲ ፓርክ ኣብ ዝተፈቐደሎም ቦታ ሼድ ሃኒፆም ክጥቀሙ ወይ ዝተሃነፀ ሼድ ብክራይ ንክጥቀሙሉ ቅድሚያ ክወሃቦም ወይ ኣቐዲሙ ኣብ ዝተሃነፀ ፓርክ ኢንድስትሪ ሼድ ተኻርዮም ክጥቀሙ ይግበር፣

11. ኣብያተ ዕዮ፣ ዓበይቲ ትካላት መንግስቲን ውልቀ ትካላትን ብኮንትራት ዝህብዎም ስራሕቲ ብልምዓት ተለዓልቲ ብማሕበር ተወዲቦም ክሰርሕዎም ክግበር ይኽእል፣

12. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 8 ፊደል ሀ ንተልዓልቲ ክወሃብ ዝኽእል ተልዓልቲ ባዕልቶም ክሰርሑሉ ዝወሰዱዎ ቦታ ብዘይካ ብውርሲ ህንፀት ካብ ዝወድኡሉ ግዘ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 10 ዓመት ንሳልሳይ ወገን ክመሓላልፉ ኣይኽእሉን፣

13. ብምኽንያት ምትካል እግሪ ሓደ ግዘ መስርሕን መሸጥን ቦታ ወይ ህንፃ ዝረኸበ ተልዓሊ ተወሳኺ እግሪ መትከሊ ኣይወሃቦን፣

14. ብሕብረት ሽርክና ማሕበር፣ብሕብረት ስራሕ ማሕበር፣ ብሼር ወይ ብመሰል ቀዳምነት ምልማዕ ምኽንያት መሰል ዝረኸበ ተልዓሊ ኣብ ደገፍ ማዕቀፍ ምትካል እግሪ ተጠቃሚ ኣይኸውንን።

ዓንቀፅ 55. ፍልፍል በጀት ምትካል እግሪ ተልዓልቲ

1. ተለዓልቲ እግሪ ንምትካል ዘድሊ በጀት ብመሰረት ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ዓንቀፅ 5 እቲ ኣዋጅ መሬት ንረብሓ ህዝቢ ክልቀቕ እንትውሰን ወፃእታት ምትካል እግሪ ዝሽፈን ብዝተወሰነሉ ኣካል ይኸውን፣
2. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እንተሃለወ እውን ተልዓልቲ እግሪ ንምትካል ዘድሊ ተወሳኺ በጀት ብዓይነት ወይ ብገንዘብ ካብ ዝተፈላለዩ ኣካላት ደገፍ ብምሕታት ወይ ብምትሕብባር ብምእካብ ወይ ብመንግስቲ ክልል ወይ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ክምደብ ይኽእል፣
3. ብቤት ምኽሪ ፈፃሚ ስራሕ ክልል እንትውሰን ንተልዓልቲ ልምዓት እግሪ ንምትካል ገንዘብ ዘተኣላልሽ ኣካል ብምስያም ገንዘብ ምትእልላሽን ዝተወሰነ ገንዘብ ንምትካል እግሪ ክውዕል ክገብርን ይኽእል፣
4. ኣብ ምትካል እግሪ፣ ዳግም ምልማዕን ዳግመ ህንፀት /RRR-Project/ ምስ እዚ ፕሮግራም ዝነጥፉ ናይ ምግባረ ሰናይ ትካልት ብምውዳድ ክስራሕ ይኽእል፣

**ዓንቀፅ 56. ምድላውን ምፅዳቕን መተግበሪ ትልሚ ምትካል እግሪ**

1. ቢሮ ወይ ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ተልዓልቲ ቅድሚ ምልዓሎም ጀሚሩ ክሳብ መሊሶም ዝሰፍሩን እግሪ ዝተኽሉን ዘሎ ስራሕ ፕሮግራምን ግዘ ሰለዳን ንምፍፃም ትልሚ ትግበራ ምትካል እግሪ ክዳሉ ኣለዎ፣
2. ዝዳሎ ትልሚ ዝፍፀሙ ቀንዲ ተግባራት፣ ትፅቢት ዝግበረሉ ውፅኢት፣ እዋን ትግበራ ፣መፈፀሚ በጀትን ፍልፍሉን፣ ተጠቀምትን ፈፃሚ ኣካልን ብግልፂ ከመላኽት ኣለዎ፣
3. ዝተዳለወ ትልሚ ትግበራ ቅድሚ ምፅዳቑ፣
   ሀ) ብተልዓልቲ፣ መዳርግቲ ኣካላትን እቲ በጀት ዝሽፍን ኣካልን ሪኢቶ ክወሃቦ ኣለዎ፣
   ለ) ከከምኣድላይነቱ ኣብ ምልክታ ሰለዳ ብምልጣፍ ወይ ኣብ ዌብ ሳይት ብምፅዓን ተወሳኺ ሪኢቶ ክወሃቦ ምግባር ይከኣል፣
   ሐ) ዝተውሃቡ ሪኢቶታትን ሪኢቶ ሰብ ሞያን ሓዊሱ ምስ ማዕበለ ናብ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ቐሪቡ ክፀድቕ ኣለዎ፣
4. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ዝፀደቐ ትልሚ ትግበራ ናብ እቲ ትልሚ ዘቕረበ ኣካል መሊሱ ክልእኾን ንተግባራውነቱ ደገፍን ክትትልን ክገብር ኣለዎ፣

## ንኡስ ክፋል ክልተ

## ደገፍን ክትትልን ተልዓልቲ ልምዓት

### ዓንቀፅ 57. ኣፈፃፅማ ምትካል እግሪ ተልዓልቲ ልምዓት

1. ቢሮ ትሕዝቶ መሬቱ ዝተልዓለ ፓኬጅ ምትካል እግሪን ነዚ መፈፀሚ ዝኾውን መፈፀሚ ትልሚን ይሕንፅፅ፣
2. ምሕዳር ከተማን ወረዳን ንተልዓልቲ ልምዓት እግሪ ክተኽሉ ናይ ምግባር ግቡእ ኣለዎም፣
3. ምምሕዳር ከተማ ወይ ወረዳ ስራሕቲ ምትካል እግሪ ቅድሚ ምጅማሩ ዳህሳስ ብምክያድ ኩነታት ኣታዊ፣ ብርኪ ትምህርቲን ተዛመድቲን መረዳእታ ተልዓልቲ ብምእካብ እግሪ መትከሊ ደገፍ ዘድልዮም ይፈልዩ፣
4. ኣብ እዋን ስግግርን ብዘላቕነት ምትካል እግሪን ዘድሊ ደገፍ ክፍለይ ኣለዎ፣
5. ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 4 ዘሎ ሕሉው ኮይኑ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ኣብ ዝተቐረፀ ፓኬጅ ተልዓልትን ዕድሚኦም 18 ዓመትን ልዕሊኡን ዝኾኑ ምስ ወላዲኦም ዝነብሩ ኣታዊ ዘይብሎም ኣባላት ስድራ ተልዓልትን እግሪ ክተኽሉ ይገብር፣
6. ተልዓልቲ እግሪ ዝተኽሉሉ ዓይነት ስራሕ እቶም ተልዓልቲ መሊሶም እግሪ ምትካሎም ደገፍን ክትትልን ብምግባር ክረጋገፅ ኣለዎ፣

### ዓንቀፅ 58. ኣገባብ ኣተገባብራ ደገፍ ምትካል እግሪ

1. ዝግበር ስራሕ ምትካል እግሪ ኩነታት መነባብሮ ተልዓልቲ ዘመሓይሽ ክኸውን ኣለዎ ፣
2. ተለዓልቲ እግሪ ንምትካል ኣብ መንን መንግስቲ፣ መሬት ዝልቀቐሉ ኣካል፣ ብልምዓት ተልዓልትን ምትሕብባር ፣ምኽክርን ኣሳታፊይ ኣሰራርሓን ይህሉ፣
3. እግሪ ንምትካል ዝወሃብ ደገፍ ድሌት ተልዓልቲን ዓቕሚን ፀጋታት እቲ ከባቢን ተሓሳቢ ዝገብረ ክኸውን ኣለዎ፣
4. ንተልዓልቲ ዝግበር ደገፍ ምትካል እግሪ ዘላቒ ፍልፍል ኣታዊ ክህልዎም ዘኽእልን ዘጋጠሞም ፀገም ኣብ ምፍታሕ ዘተኮረን ክኸውን ኣለዎ።

### ዓንቀፅ 59. ኣብ እዋን ስግግር ዝግበር ደገፍ

1. ዝግበር ደገፍ ተልዓልቲ ብቐዋምነት ናብ ዝሰፍሩሉ ቦታ ክሳብ ዝዛወሩ ኣብ ዘሎ ጊዜ ክገጥሞም ዝኽእል ፀገም ምንፍታሕ ዝለዓመ ይኸውን፣
2. ናይ ስግግር እዋን ደገፍ ብዋናነት፦

   ሀ) ተልዓልቲ ቅድሚ ምልዓሎም ሕጊ ዝፈቕደሎም ካሕሳ ፣ ተለዋጢ ወይ ካሕሳን ተለዋጢን ክረኽቡ ምግባር፣

ለ) ዝኸፈሎም ካሕሳ ወይ ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ ብመሰረት ሕጊ ክፍፀም ክትትል ምግባር፣

ሐ) ዝወሃብ ናይ መንዓዝያን ካልኦት ተመሳሰልቲ ድጋፋትን ብኣግባቡ ዝተውሃቦ ምኻኑ ምክትታል፣

መ) መሰረተ ልምዓት ኣብ ዝተማለአሉ ቦታ ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ ክወሃቦም ምግባር ወይ ንክማላእ ምክትታልን ክፍፀም ምግባርን ፣

ረ) ዝተውሃቦም ናይ ካሕሳ ገንዘብ ውፅኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ክጥቀሙ ምኽሪ ምሃብ፣

ሰ) ብማሕበር ተወዲቦም ክሰርሑ ዝደልዩ ክውደቡ ምደገፍ፣

ሸ) እታዎት ስራሕቲ ህንፃ ብተመጣጠኒ ዋጋ ዝረኽቡሉ መንገዲ ምምችቻው፣

ቀ) ብስታንዳርድ ሸንሸና ዝተዳለወ ናይ ገዛ ዲዛይንን ናይ ህንፃ ፍቓድን ብዘይክፍሊት ክረኽቡ ምግባር፣

በ) ተልዓልቲ ኣብ ዝሰፍሩሉ ከባቢ ምስ ዝነብር ማሕበረሰብ ምፍላጥን ተጠቀምቲ ማሕበራዊን ኢኮኖሚያውን ግልጋሎት ክኾኑ ምምችቻውን፣

ተ)ተለዓልቲ ንዝፅበዮም ሓዱሽ ናይ ናብራ ስግግር ክዳለዉ ከከምኣድላይነቱ ብመራሒ ስድራ፣ መራሒት ስድራ፣ ደቂ ኣንስትዮን መናእሰይን ብምክፍፋል ብስነ-ልቦና ክዳለዉ ግንዛበ ምፍጣር ዝምልከቱ እዮም።

**ዓንቀፅ 60. ብዘላቒነት ካብ ቦታኦም ንዝለዓሉ ዝግበር ደገፍ**

1. ብዘላቒነት ንዝለዓሉ ዝግበር ደገፍ ብዋናነት ፦

ሀ) ኩሎም ሰብ ሕጋዊ ትሕዝቶ ተልዓልቲ ክፍሊት ካሕሳን ተለዋጢ ቦታ ወይ ገዛ ብእዋኑ ክረኽቡ ምክትታልን ምድጋፍን፣

ለ) ተልዓልቲ ብስነ -ልቦና ተዳልዮም ቀፃሊ ህይወቶም ብኣግባቡ ምምራሕ ክኽእሉ ግንዛበ ምፍጣርን ስነ -ልቦናዊ ምኽሪ ምሃብን ፣

ሐ) ምንም ዓይነት ስራሕ ክሰርሑ ንዘይኽእሉ ዘላቒ ፍልፍል እቶት ምፍጣር፣

መ) ፅንዓት መሰረት ብምግባር ፀገም ፋይናንስ ንዘለዎም ናይ ገንዘብ ወይ መሸን ልቓሕ ምድላው፣ ናይ ክእለት ክፍተት ንዘለዎም ብስልጠና ክበቕዑ ምግባር፣ ስራሕ ንዝስኣኑ ብባዕሎም ወይ ብማሕበር ተወዲቦም ዝሰርሑሉ ወይ ዝቑፀሩሉ ዕድል ምምችቻው፣

ረ)ተልዓልቲ ጉድኣት ኣካል ተጋደልቲ ትግራይ እንተኾይኖም ካብ ዘሎ ዕድል ደገፍ ቐዳምነት ክረኽቡ ምግባር ፣

ምምሕዳር ግዝያዊ ክልል ትግራይ* Tigray Regional State Interim Administration

ሰ)ፀገም መስርሕን መሸጥን ቦታ ዘለዎም መስርሕን መሸጥን ቦታ ክረኽቡ ምግባር፣

ቀ) ናብ ምፍራይ ድሕሪ ምእታው ናይ ዕዳጋ ፀገም ንዘጋጠሞም ዕዳጋ ምትእልላሽን ምትእስሳር ምፍጣርን ድጋፋት ዘተኮረ ክኸውን አለዎ።

2. ኣብዚ ዓንቀፅ ዝተቐመጡ ድጋፋት ኣብ ፓኬጅ ምትካል እግሪ ተኻቲቶም ዝቕረፁ ይኾኑ ።

**ዓንቀፅ 61. ብጊዚያውነት ንዝለዓሉ ዝግበር ደገፍ**

ዝግበር ደገፍ ብጊዚያውነት ንዝፀንሑሉ ግዘን ዝተቋረፆም ኣታውን መሰረት ብምግባር ይኸውን፣ ብጊዚያውነት ንዝለዓሉ ተልዓልቲ ዝግበር ደገፍ ብዋናነት ፦

1. ብመሰረት ሕግታት ካሕሳ ዝግበኦም ክፍሊት ካሕሳ ብእዋኑ ክረኽቡ ምደገፍ፣
2. ተላዒሎም ንዝፀንሕሉ ግዘ ግዚያዊ ተለዋጢ መሬት ወይ ገዛ ወይ ክራይ ገዛ ክረኽቡ ምደገፍ፣
3. ብውዕሎም መሰረት ናብ ቦታኦም ክምለሱ ምክትታልን ምግባርን፣
4. ዝተውሃቦም ካሕሳ ብኣግባቡ ክጥቀሙ ምምኻርን ምክትታልን፣
5. ክክምኣድላይነቱ ኣብ እዋን ፃንሒቶም ጊዚያዊ ስራሕ ዕድል ክረኽቡ ምምችቻው ዝብሉ ደገፋት ይግበሩሎም።

**ዓንቀፅ 62. ገደብ ጊዜ ደገፍ ምትካል እግሪ**

1. ምስራሕ ክም ዘይኽእሉን ደገፍ ክም ዘድልዮምን ንዝተረጋገፀ ተልዓልቲ እቲ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ብዘላቕነት ፍልፍል እቶት ዝረኽብሉ ፕሮጀክት ቀሪፁ ከተግብር ኣለዎ፣ ወይ ክሳብ ብህይወት ዘለዉ ዝጥቀምሉ ፓኬጅ ደገፍ ክሕቆፉ ክገብር ኣለዎ፣
2. ብመሰረት ንኡስ ዓንቀፅ 1 ዝወሃብ ደገፍ ብዝኾነ መንገዲ ናብ ሳልሳይ ወገን ክመሓላለፉ ኣይፍቀድን፣
3. ምስራሕ ክም ዘይኽእሉን ደገፍ ክም ዘድልዮምን ንዝተረጋገፀ ተጠቀምቲ ቀጥታ ደገፍ ብሞት እንትፍለዩን ኣብ ትሕቲኦም ዝመሓደሩን ሓቢሮም ዝነብሩን ህፃውንቲ እንተሃልዮም ወላዲኦም ረኺብዎ ዝነበረ መሰል ክሳብ ዝመልኦም ብሞግዚትነቶም ኣቢሎም ደገፍ ይረኽቡ፣
4. ምስራሕ ዝኽእሉ ነገር ግን ደገፍ ዘድልዮም ተልዓልቲ ናብርኦም ብዘላቒነት ንምቕፃል ዝግበር ደገፍ ዝለዓለ ገደብ ጊዜ 5 ዓመት ይኸውን፣
5. ተቐባልነት ብዘለዎ ፀገም ምኽንያት ወይ ምቁራፅ ደገፍን ክትትልን ኣብ ዝኣኽሎ ብርኪ እንተዘይበፂሑ እቲ ደገፍ ንተወሳኺ ክልተ ዓመት ክቕፅል ይኽእል፣
6. ምስራሕ ንዝኽእሉ ተልዓልቲ ዝግበር ደገፍ፣

ሀ) ብመንግስቲ ኣብ ዝተዳለወ መስርሕን መሸጥን ቦታ ወይ ህንፃ ተጠቃሚ ብምግባር እንተኾይኑ ዝድገፍ እንተበዝሐ ክሳብ 7 ዓመት፣

ለ) ቀዋሚ ዕድል ስራሕ ብምምችቻው ዝግበር ደገፍ እቲ ዕድል ስራሕ ክሳብ ዝምቻቸ ዘሎ ጊዜ ጥራሕ፣

ሐ) ጊዚያዊ ዕድል ስራሕ ንዝተመቻቸወሎም ቀዋሚ ዕድል ስራሕ ክሳብ ዝረኽቡ ወይ ብባልቶም ስራሕ ፈጢሮም ዝሰርሑሉ ኩነታት ክሳብ ዝመቻቸው ክሳብ 3 ዓመት ፣

መ) ብውልቀ ወይ ብማሕበር ተወዲቦም ብባዕሎም ስራሕ ፈጢሮም ክሰርሑ ብምምችቻው ዝግበር ደገፍ ክሳብ 4 ዓመት ዝፀንሕ ይኸውን፣

7. ኣብዚ መምርሒ ኣብ ንኡስ ዓንቀፅ 5 ብዝተቐመጠ እዋን ደገፍ ውሽጢ ተልዓልቲ ልምዓት ብኢኮኖሚ በቒዖም ዓርሶም ክኢሎም ናብረኦም ክመርሑ ንምግባር ጥብቂ ክትትልን ውዕኢታዊ ዘይኾኑ ብካልእ ኣማራፂ ሓዊሱ ንምብቃዕ ፃዕሪ ክግበር ኣለዎ፣

8. እዋናዊ ክትትል ብምግባር ተልዓልቲ ብኢኮኖሚ ምብቃዖም እንትረጋገፅን ዓርሶም ክኢሎም ካብ ዝነበሮም ናብራ ዝሐሸ ብርኪ ናብራኦም ዝመርሑሉ ብርኪ እንተበፂሖም ኣብዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3ን 4ን ዝተቐመጠ ገደብ ጊዜ ቅድሚ ምእኻሉ ደገፍ ምትካል እግሪ ጠጠው ክብል ይኽእል፣

9. ብድኽመት እቲ ተልዓሊ ዝግበረሉ ደገፍን ዝወሃቦ ሙያዊ ምኽርን ብኣግባቡ እንተዘይተግቢሩ ደገፍ ምትካል እግሪን ክትትልን ካብ ዝግበረሎም ወፃኢ ክኸውን ክውሰን ይኽእል፣

10. ዓመታዊ ኣታዊ ብልምዓት ተልዓሊ ብልምዓት ቅድሚ ምልዓሉ ካብ ዝነበሮ ኣታዊ ብላዕሊ ምዃኑ እንትረጋገፅን እዚ ኣታዊ ናብርኡ ብዘላቕነት ዓርሱ ንምምራሕ ዘኽእል ምዃኑ እንትርጋገፅ ኣፍልጦ ብምሃብ ካብ ደገፍ ምትካል እግሪ ተጠቃምነት ይሰናበት፣

11. ተልዓሊ ብናይ ባዕሉ ፍቓድ ካብቲ ከባቢ እንተለቒቑ ወይ ዝሓሸ ኣማራፂ እንተረኺቡ ወይ ዓርሱ ካብ ማዕቐፍ ደገፍ እንተወፂኡ ካብ ተጠቃሚነት ደገፍ ምትካል እግሪ ክሰናበት ይግበር።

ዓንቀፅ 63. ንተጠቀምቲ ምትካል እግሪ ዝግበር ክትትል

1. መሬት ንረብሓ ህዝቢ ክልቀቕ ተወሲኑ ንተልዓልቲ ግልፂ ካብ ዝኾነሉ እዋን ጀሚሩ እግሪ ንክተኽሉ ብትልሚ ዝምራሕ ተኸታታሊ ክትትል ክግበረሎም ይግባእ፣

2. ኣብ ዝግበር ክትትል ዝተነፀሩ ክፍተታት ብኣካልን ክከምኣድላይነቱ ኣብ ሓበራዊ መድረኽ ወይ ብመልክዕ ግብረ መልሲ ክፍተት ንዘርአየ ኣካል ምፍላጥን ክእረም ደገፍን ክትትልን ክግበርን ኣለዎ፣

3. ዝተፈጠረ ክፍተት ብናይ ኣሰራርሓ ስርዓት ፀገም እንተኾይኑ እቲ ኣሰራርሓ ስርዓት ዘዕደቐ ኣካል መስተኻኸሊ ክገብር ምስ እኹል መብራህርሂ ብምቕራብ ክእረም ይግበር፣

4. ከከምኣድላይነቱ ብክትትል ዝተፈለዩ ጥፍኣታት ክእረሙ መስተኻኸሊ ስጉምቲ ክውሰድ ኣለዎ፣

Tigray Regional State Interim Administration

5. ዝውስድ ስጉመቲ ክም ናይቲ ጥፍኣት መጠን ዝፈላለ ክይኑ፣

ሀ) ብድኽመት እቲ ተልዓሊ ዝተፈጠረ እንተኾይኑ ንመጀመርታ ግዜ ናይ ቃል መጠንቀቕታ ንኻልኣይ ግዜ ፅሑፍ መጠንቀቕታ ንሳልሳይ ግዜ ዝግብሩ ደገፍ ክሳብ ምቁራፅን ካብቲ ፓኬጅ ምስንባትን ስጉምቲ ክውሰድ ይኽእል፣

ለ) ብስራሕተኛ ምትካል እግሪ ወይ ሰብ ብፅሒት ዝተፈጠረ እንተኾይኑ ከከምክብደቱ ኣገባብነት ብዘለዎ ሕጊ መስተኻኸሊ ስጉምቲ ይውሰድ፣

ሐ) በቢእዋኑ ብዝግበር ክትትል ዝንፀሩ ክፍተታትን ጥፍኣታትን ንመረዳእታ እናተትሓዙ ይቕመጡ።

ዓንቀፅ 64. መረዳእታ ምውዳብን ምሓዝን

1. በቢ ብርኩ ዝርከብ ምትካል እግሪ ዝምልከቶ ቤት ፅዮ ባዕሉ ብዘመንጨዎን ካብ ካልኦት ዝተቐበሎን መረዳእታ ተልዓልቲ ብሶፍት ኮፒ ፣ ብኤሌክትሮኒክ ቅዳሕን ሕትመትን ክምኡ እውን ባክ ኣፕ ክሕዝ ኣለዎ፣

2. ኣብ ምትካል እግሪ ዝትሓዙ መረዳእታታት ብዋናነት፦

ሀ) ሙሉእ መረዳእታ ተልዓልቲ ከከምኣድላይነቱ ብፎቶ ወይ ቪድዮ ሓዊሱ፣

ለ) ንተልዓልቲ ዝተውሃበ ተለዋጢ ቦታ ፣ ተለዋጢ ገዛ ወይ ገዛ ክራይን መጠን ዝተኸፈለ ካሕሳን፣

ሐ) ደገፍ ምትካል እግሪ ተጠቃሚ ዝተገበሩ ተልዓልትን በቢ ግዝኡ ዘለዉዎ ብርኪ ዝርኢ መረዳእታን፣

መ) ተለዓልቲ ክለዓሉ ዝተገበረሉ ልምዓት ዝርዝር መረዳእታ፣

ረ) ምስ ልምዓት ተልዓልቲ ዝተኣሰሩ ውፅኢታት፣ በቢእዋኑ ዝተገበረ ደገፍን ንተልዓልቲ ምትካል እግሪ ዝወፁ ወፃእታትን ተዛመድቲ መረደእታታን ዘጠቓለለ ክኸውን ኣለዎ፣

3. ኣገባብ ኣተሓሕዛ እዞም መረዳእታታት ብዘመናዊ መንገድን ድሕንነት እቲ መረዳእታ ብዝሕሉን ክኸውን ኣለዎ።

<u>ክፋል ኣርባዕተ</u>

<u>ጥርዓንን ይግባእንን</u>

ዓንቀፅ 65. ኣቀራርባ ጥርዓንን ኣገባብ ኣፈታትሕኡን

1. ብልምዓት ተልዓሊ ኣብ ኣሰራርሓን ኣፈፃፅማን ኣወሳስና ካሕሳን ተለዋጥን ኣብ ምትካል እግሪን ደገፍን ክትትልን ጥርዓን እንትህልዎ ናብ ስሩዕ ቤት ፍርዲ ቅድሚ ምቕራብ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ንዝጣየሽ ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን ጥርዓኑ ብፅሑፍ ከቕርብ ይኽእል፣

2. ጥርዓን መቕረቢ ጥርዓን ዝቐረበሉ ትሕዝቶ ዝርከበሉ ከተማ፣ ክ/ከተማ፣ ወረዳ፣ ጣበያ፣ ቁሸት፣ ቀጠና ዝገልፅ መረዳእታ ብምጥቃስ ዝርዝር ጥርዓኑ ክቕርብ አለዎ፣
3. ብተልዓልቲ ዝቐርብ ጥርዓን ካሕሳን ተለዋዋጭ ንህዝቢ ዕላዊ ካብ ዝተገበረሉ ዕለት ጀሚሩ አብ ውሽጢ ሰላሳ /30/ ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኸውን፣
4. ድንጋገ ንኡስ 3 እዚ ዓንቀፅ እንተሃለወ እውን ቅድሚ ካሕሳን ተለዋዋጭ ግልፂ ምኻኑ ዝተፈጠረ ጥርዓን እንተሃልዩ ግን ተልዓሊ አቐዲሙ ጥርዓን ክቕርብ ይኽእል እዩ፣
5. አብ ትሕቲ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ዝተወደበ ጥርዓን ሰማዒ አካል ብተልዓልቲ ወይ መሰለይ ተነኺኡ ዝብል አካል ዝለዓል ጥርዓን ተቐቢሉ አብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልቲ መልሲ ክህብ አለዎ፣
6. ተልዓሊ ወይ መሰለይ ተነኺኡ ዝብል ጥርዓን ዘቕረበ አካል ጥርዓን ሰማዒ አብ ዝሃቦ መልሲ ቅር ዝበሎ እንተኾይኑ አብ ውሽጢ 30 ስራሕ መዓልቲ ናብ ጉባኤ ሰማዒ ይግበአኒ ይግበአኒ ክቕርብ ይኽእል፣

ዓንቀፅ 66. ምቕራብ ይግበአኒ

1. ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን አብ ዝሃቦ ውሳነ ዘይተሰማምዐ አካል ናብ ይግብአኒ ሰማዒ ጉባኤ ይግበአኒ ክቕርብ ይኽእል፣
2. ብይግበአኒ ሰማዒ ዝሃቦ ውሳነ ቅር ዝበሎ አካል ውሳነ ብፅሑፍ ካብ ዝበፅሖ ዕለት ጀሚሩ አብ ውሽጢ ሳላሳ /30/ ናይ ስራሕ ማዓልቲ ንማእኸላይ ቤት ፍርዲ ይግበአኒ ክቕርብ ይኽእል፣
3. ንማእኸይ ቤት ፍርዲ ይግበአኒ ዘቕርብ ናይቲ መሬት ትሕዝቶ መልቀቒ ትእዛዝ ዝበፅሖ በዓል ትሕዝቶ ንማእኸላይ ቤት ፍርዲ ይግበአኒ ክርአየሉ ዝኽእል ንክለቅቅ ትእዛዝ ዝተውሃበን እቲ መሬት ንምምሕዳር ወረዳ ወይ ንከተማ ከም ዘረከበ መረዳእታ አተሓሒዙ እንተቕርብ ጥራሕ እዩ፣
4. በዓል ትሕዝቶ ክፍሊት ካሕሳ ድሕሪ ምቅባል ብመጠን ካሕሳ ይኹን አወሳሰና ንብረት ምትማን ዝቐርብ ይግበአኒ ጥርዓን ተቐባልነት የብሉን፣
5. ጥርዓን መቕረብቲ ደቂ አነስትዮ፣ ጉድአት አካል፣ አረጋውያን ወይ ወረስቲ ዝኾኑ ህፃናት እንተኾይኖም ንዘቕርብዎ ጥርዓን ፍሉይ ናይ ሕጊ ደገፍ ይግበረሎም፣
6. ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ይግበአኒ ሰማዒ ጉባኤ እንተዘይአጣይሹ ይግበአኒ ዘለዎ ብልምዓት ተልዓሊ ንወረዳ ቤት ፍርዲ ክቅርብ ይኽእል።

ዓንቀፅ 67. አወዳድባን አሰራርሓን ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን

1. ጥርዓን ሰማዒ ኮሚቴ ናይ ባዕሉ ፍሉይ ክፋል መስርሒ ቦታ /ቤት ፅሕፈት/ ዝህልዎ ኮይኑ አብ ትሕቲ ምምሕዳር ወረዳ፣ ከተማ ይጣየሽ፣

2. ዝጣየሽ ጥርዓን ሰማዒ ኮሚቴ ብሙያ፣ ስነ ምግባርን ተቐባልነቶምን ዝሕረዩ 3 ኣባላት ይህልዉዎ ፦

2.1. ኣብ ከተማ ፣-

ሀ) ካብ ቤት ምኽሪ ሓደ በዓልሙያ ሕጊ፣

ለ) ካብ ዝምልከቶ ቤት ዕዮ እቲ ምምሕዳር ብቕዓት ዘለዎ ብዓል ሞያ ምህድስና ወይ እቲ ዋኒን ሕርሻ ዝምልከት እንተኾይኑ ብዓል ሞያ ሕርሻ፣

ሐ) ካብ ከይዲ ስራሕ ምልማዕን ምሕደራን መሬት ናይ ኣጠቃቅማ ምስኡ ዝተተሓሓዘ ብዓል ሞያ፣

2.2. ኣብ ወረዳ ፣-

ሀ) ካብ ቤት ምኽሪ ሓደ በዓልሙያ ሕጊ ፣

ለ) ካብ ዝምልከቶ ቤት ዕዮ እቲ ምምሕዳር ብቕዓት ዘለዎ ብዓል ሞያ ምህድስና ወይ እቲ ዋኒን ሕርሻ ዝምልከት እንተኾይኑ ብዓል ሞያ ሕርሻ፣

ሐ) ካብ ቤት ፅሕፈት መሬትን መኣድንን ነቲ መደብ ስራሕ ቅርበት ዘለዎ ብዓል ሞያ፣

3. ኣባላት ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን በቲ ንኣባልነት ዘድሊ ሞያ ዝሰልጠና ደቂ ኣንስትዮ እንተሃልየን እንተነኣሰ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣባል እቲ ኮሚቴ ትኸውን፣

4. ተፀዋዕነት ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን ንዋና ኣማሓዳሪ ወረዳ ወይ ከንቲባ ከተማ ይኸውን፣

5. ስራሕ ዘመን ኣባላት ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን ክልተ ዓመት ኮይኑ ቤት ምኽሪ እንተኣሚንሎም ዳግም ኣባላት ኮይኖም ክምረፁ ወይ ክምደቡ ይኽእሉ፣

6. ኣካቢ እቲ ኮሚቴ ብከንቲባ ወይ ብዋና ኣማሓዳሪ ዝስየም ኮይኑ ፀሓፊ ብኣባላት ኮሚቴ ይምረፅ፣

7. እዋን ኣኼባን ሰዓት ስራሕን ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን እንተወሓደ ኣብ ሰሙን 03 መዓልቲ ስራሕ ዝህልዎም ኮይኑ እቲ ኮሚቴ ብንፁር መዓልቱ ንህዝቢ ግልፂ ይገብር።

ዓንቀፅ 68. ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ሰማዒ ጉባኤ ይግባኣኒ

1. ጉባኤ ሰማዒ ይግባእኒ ናይ ባዕሉ ፍሉይ ክፋል መስርሒ ቦታ ወይ ቤት ፅሕፈት ዝህልዎ ኮይኑ ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር ወረዳ ወይ ከተማ ይጣየሽ፣

2. ጉባኤ ሰማዒ ይግባእኒ ብሙያ፣ ስነ ምግባርን ተቐባልነቶምን ዝሕረዩ 5 ኣባላት ይህልዉዎ።

2.1. ኣብ ከተማ፣-

ሀ) ካብ ቤት ምኽርን ካልእ ኣገባብነት ዘለዎ ቤት ዕዮን ክልተ ሰብሙያ ሕጊ፣

ለ) ካብ ዝምልከቶ ቤት ዕዮ እቲ ምምሕዳር ብቕዓት ዘለዎ ብዓል ሞያ ምህድስና ወይ እቲ ዋኒን ሕርሻ ዝምልከት እንተኾይኑ ብዓል ሞያ ሕርሻ፣

ሐ) ካብ ከይዲ ስራሕ ምልማዕን ምሕደራን መሬት ናይ ኣጠቃቅማ ምስኡ ዝተተሓሓዘ ብዓል ሞያ፣

መ) ካብ ኮንስትራክሽን ዋጋ ትመና ዝከታተል ብዓል ሞያ፣

2.2. ኣብ ወረዳ ፣-

ሀ) ካብ ቤት ምኽርን ካልእ ኣገባብነት ዘለዎ ቤት ዕዮን ክልተ በዓልሙያ ሕጊ፣

ለ) ካብ ዝምልከቶ ቤት ዕዮ እቲ ምምሕዳር ብቕዓት ዘለዎ ብዓል ሞያ ምህድስና ወይ እቲ ዋኒን ሕርሻ ዝምልከት እንተኾይኑ ብዓል ሞያ ሕርሻ፣

ሐ) ካብ ቤት ፅሕፈት መሬትን መኣድንን ነቲ መደብ ስራሕ ቅርበት ዘለዎ ብዓል ሞያ፣

መ) ካብ ቤት ፅሕፈት ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ናይ ሕርሻ ምህርቲ ዕዳጋ ክትትል ሓደ ብዓል ሞያ፣

3. ኣባላት ይግበኣኒ ሰማዒ ጉባኤ በቲ ንኣባልነት ዘድሊ ሞያ ዝሰልጠና ደቂ ኣንስትዮ እንተነኣሰ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ኣባል እቲ ጉባኤ ትኸውን፣

4. ተፀዋዕነት ይግበኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ንዋና ኣማሓዳሪ ወረዳ ወይ ከንቲባ ከተማ ይኸውን፣

5. ስራሕ ዘመን ኣባላት ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን ብቤት ምኽሪ ወረዳ ወይ ከተማ ይውሰን፣

6. ኣካቢ እቲ ይግበኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ብከንቲባ ወይ ብዋና ኣማሓዳሪ ዝስየም ኮይኑ ፅሓፊ ብኣባላት ኮሚቴ ይምረፅ፣

7. እዋን ኣኼባን ሰዓት ስራሕን ጉባኤ ሰማዒ ይግበኣኒ እንተወሓደ ኣብ ሰሙን 03 መዓልቲ ስራሕ ዝህልዎም ኮይኑ እቲ ጉባኤ ብንፁር መዓልቱ ንህዝቢ ግልፂ ይገብር።

ዓንቀፅ 69. ስልጣን ተግባርን ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን

1. ካብ ትሕዝቶ ምልዓል ወይ ተለዋጢ ቦታ ወይ ካሕሳ ወይ ካልኦት ተዛመድቲ ጉዳያት ዝምልከት ዝቐረበ ጥርዓን ናይ ምርኣይ ስልጣን ኣለዎ፣

2. ንውሳነ ኣወሃህባ ኣድላዪ ኮይኑ እንትረኸቦ ኣገባብነት ንዘለዎም ካብ ዝምከቶ ኣካል ብምእዛዝን ሞያዊ ሪኢቶ ምቕባልን መረዳእታን ክቐርብ ይእዝዝ፣

3. ከከምኣድላይነቱ መትከላትን ኣሰራርሓን ፍትሃብሄር ስነ-ስርዓት ይኽተል፣

4. ንዝሀቦ ውሳነ ወይ ትእዛዝ ተፈፃምነት ኣድላዪ ኮይኑ እንትርከብ ናይ ፖሊስ ሓይሊ ወይ ናይ ፀጥታ ኣካላት ክጥቀም ይኽእል፣

5. ጥርዓን መቕረቢ ጥርዓኑ ብመሰረት ኣዋጅ፣ ደንብን እዚ መምርሒን ተኸቲሉ ዘቕረበ ምዃኑ ምፅራይ፣

ዓንቀፅ 70. ስልጣን ተግባርን ጉባኤ ሰማዒ ይግባኣኒ

1. ኣብ ልዕሊ ጥርዓን መቕረቢ ዝተውሃበ ውሳነ ናብ ጉባኤ ሰማዒ ይግባኣኒ እንትቐርብ እቲ ዝቐረበ ቅሬታ መርሚሩ ውሳነ ከፅንዕ፣ ከመሓይሽ ወይ ክስዕር ይኽእል፣
2. ዝቐረበሉ ይግባኣኒ ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልቲ መርሚሩ ውሳነ ይህብ፣ ውሳንኡ ብፅሑፍ ንተኸራከርቲ ወገናት የፍልጥ፣
3. ጉባኤ ሰማዒ ይግባኣኒ ዝሃቦ ውሳነ ቅር ዝበሎ ኣካል እቲ ውሳነ ኣብ ኢዱ ካብ ዝበፅሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 ናይ ስራሕ መዓልቲ ማእኸላይ ቤት ፍርዲ ይግባኣኒ ክቕርብ ይኽእል፣
4. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ይግባኣኒ ክቐርብ ዝኽእል ይግባኣኒ በሃሊ ክለቅቕ ትእዛዝ ዝተውሃቦ ቦታ ምስ ኣረከበን ዘረከበሉ መረዳእታ ምስ ይግባኣኒ ቅርታኡ ኣተሓሒዙ እንተኣቕሪቡን ጥራሕ ይኸውን ፣
5. ጉባኤ ሰማዒ ይግባኣኒ መትላካትን ስነ-ስርዓት ኣሰራርሓን ፍትሃብሄር ስነ ርስዓት ብምኽታል ስርሑ ይፍፅም፣
6. ንዝሀቦ ውሳነ ወይ ትእዛዝ ተፈፃምነት ኣድላዪ ኮይኑ እንትርከብ ናይ ፖሊስ ሓይሊ ወይ ፀጥታ ኣካላት ክጥቀም ይኽእል፣
7. ጥርዓን ሰማዒ ኣብ ሕጊ ዝተቐመጠ ግዜ ገደብ ውሽጢ ውሳነ ብዘይምሃቡ ምኽንያት ናብ ይግባኣኒ ሰማዒ ጉባኤ ይግባኣኒ እንትቐሪቡ ጉዳዩ መርሚሩ በዓሉ ክውስን ወይ መስተኻኸሊ ኣንፈት ሂቡ ናብ ኮሚቴ ሰማዒ ጥርዓን ክምልሶ ይኽእል።
8. ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ኣብዚ መምርሒ ዝተቐመጡ ኮሚቴታት ካብ ሓደ ኮሚቴ ንላዕሊ ኣባል ኮይንካ ምስራሕ ኣይከኣልን።

## ክፋል ሓሙሽተ

## ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

ዓንቀፅ 71. መሰጋገሪ ድንጋገ

1. እዚ መመርሒ ቅድሚ ምፅዳቑ ኣብ ስራሕ ብዝነበረ መምርሒ መሰረት ዝተወሰኑ ውሳነታትን ዝተፈፀሙ ተግባራትን በዚ መምርሒ ቅቡላት ይኾኑ፣
2. ብመሰረት ኣብ ስራሕ ዝፀንሐ መምርሒ ቁፅሪ1/2000 ተጀሚሮም ኣብ ከይዲ ዝርከቡ ዋኒናት በቲ መምርሒ መሰረት ይተኣናገዱ፣
3. ቅድሚ'ዚ መምርሒ ምውፅኡ ንልምዓት ተባሂሉ ተላዒሉ ዛጊድ ብዝኾነ መልክዑ ካሕሳ ዘይወሰደ፣ ምውሳድ ጀሚሩ ዝተረፎን ግምቱ ፈሊጡን መሬቱ ኣረኪቡን ብምኽንያት ጥርዓን ምቕራቡ ኣብ ዕፁው ባንኪ ገንዘቡ ተቐሚጡ ኣብ ከይዲ ዝፀንሐ ዋንነት እቲ ፕሮጀክት ብዘየግድስ ብመሰረት'ዚ መምርሒ ተገቢጡ ክፍሊት ካሕሳ ይወሃቦ።

ጊዚያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State Interim Administration

4. ብመሰረት እዚ ዓንቀፅ ንኡስ ዓንቀፅ 3 ናይ ሕሉፍ ንተልዓሊ ልምዓት ዝወሃቦ ክፍሊት ካሕሳ ናይ መንግስቲ ዓቕሚ እናተራእየ ይፍፀም፤

5. ኣብ ትግራይ ብዘጋጠመ ሾናት ምፅናት ዘርኢ ካብ 2013 ዓ/ም ክሳብ 2015 ዓ/ም ስሩዕ መረዳእታ ሕርሻዊ ኩነታት ስለዘይነበረ ካብ 2009 ዓ/ም ክሳብ 2012 ዓ/ም ዝነበረ መረዳእታ ተወሲዱ ብእዋናዊ ነፀላ ዋጋ እናተራብሐ ንቐፀልቲ 3 ዓመታት( ክሳብ 2019 ዓ/ም) ዝሰራሕ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 72. እዚ መምርሒ ኣብ ምፍፃም ዘድሊ መሓውር ስራሕ**

1. እዚ መምርሒ ንምፍፃም ዘኽእል መሓውር ስራሕ ኣብ ውሽጢ ቢሮ ክህልው ኣለዎ፤
2. ድንጋገ ንኡስ ዓንቀፅ 1 እዚ ዓንቀፅ ከምዘለዎ ኮይኑ ቢሮ ክህልው ዘለዎ መሓውር ዝፈጥር ብመሰረት ሕጊ ሲቪል ሰርቪስ ትግራይ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 73. ግቡእ ምትሕብባርን ተሓታትነት ሕግን**

3. እዚ መምርሒ ብሙሉእነት ክትግበር ዝምልከቶ ኩሉ ግቡእ ኣለዎ፤
4. ኣብዚ መምርሒ ዝተቐመጡ ድንጋገታት ዝጠሓሰ ወይ እዚ መምርሒ ብኣገባቡ ከይፍፀም ዘተዓናቕፈ መንግስታዊ ኣካል፣ ዘይመንግስታዊ ኣካል ይኹን ውልቀ ሰብ ኣገባብነት ብዘለዎ ሕጊ ተሓታቲ ይኸውን።

**ዓንቀፅ 74. ተፈፃምነት ዘይብሎም ሕግታት**

1. ንረብሓ ህዝቢ ክባሃል ንዝልቀቅ መሬትን ንብረትን ኣከፋፍላ ካሕሳን ኣፈፃፅምኡን ንምውሳን ዝወፀ መምርሒ ቁፅሪ 1/2000 ዓ/ም ተፈፃምነት የብሉን፣
2. ምስዚ መምርሒ ዝፃባእ ዝኾነ መምርሒ ወይ ኣሰራርሓ ኣብዚ መምርሒ ኣብ ዝተሸፈኑ ዋኒናት ተፈፃምነት ኣይህልዎን።

**ዓንቀፅ 75. ተፈፃምነት እዚ መምርሒ**

እዚ መምርሒ ካብ ዝፀደቐሉ ዕለት 18/06/2016 ዓ/ም ጀሚሩ ተፈፃሚ ይኸውን።

ጌታቸው ረዳ ካሕሳይ

ፕሬዚደንት ጊዜያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ

<u>መቐለ</u>

ጊዜያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ
Tigray Regional State Interim Administration

**ሕዛል1.**

**ንነባር በዓል ትሕዝቶ መንበሪ ቦታ ዝወሃብ ስፍሓት ተለዋጢ ቦታ ስታንዳርድ**

| ተ.ቁ ረ ጋ | ነባር ቦታ ዝነበሮ ስፍሓትሜ. ካሬ | ኣብ ከተማ መቐለ ዝፍቀድ ስፍሓት | ኣብ ዓበይቲ ከተማ ዝፍቀድ ስፍሓት | ኣብ ዕሽል ከተማ ዝፍቀድ ስፍሓት | ኣብ ቆላ ከተማታት | ኣብ ገፀር ዝፍቀድ ስፍሓት |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | < 100 | 140 | 140 | 140 | 200 | 200 |
| 2 | > 100 < 175 | 140 | 140 | 140 | 200 | 200 |
| 3 | > 175 < 225 | 175 | 200 | 200 | 200 | 200 |
| 4 | > 225< 275 | 200 | 250 | 250 | 250 | 250 |
| 5 | > 275< 325 | 250 | 300 | 300 | 300 | 300 |
| 6 | > 325< 375 | 300 | 350 | 350 | 350 | 350 |
| 7 | > 375< 450 | 350 | 400 | 400 | 400 | 400 |
| 8 | > 450< 500 | 400 | 450 | 450 | 450 | 450 |
| 9 | > 500 | 450 | 500 | 500 | 500 | 500 |

Tigray Regional State Interim Administration

ሕዛል 02

ተሓራሲ መሬት ዝተልዓሎም ንምትካል እግሪ ፕሮጀክትታት ዝፍቀድ ቦታ ስታንዳርድ

| ረ ጋ | ዓይነት ፕሮጀክትበዝሒ | በዝሒ ተጠቀምቲ | ኣብ ሪጆፖሊስን ዓበይቲን ከተማ ዝፍቀድ ስፍሓት | ኣብ ዕሽል ከተማ ዝፍቀድ ስፍሓት | ኣብ ገፀር ዝፍቀድ ስፍሓት | መብርሂ |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 | ሓባር ንግዲ ማእኸል | 25-50 | 750 ካሬ | 1000 ካሬ | 1250 | ልዕሊ100 እንተኮይኖም በዝሒ X 25/3 X 2 |
| | | 51-75 | 1000 | 1250 | 1500 | |
| | | 76-100 | 1500 | 1700 | 2000 | |
| 2 | መፍረይቲ /ብሎኬት፣ ብረታብረት፣ ዕንፀይቲን ውዕኢቱን፣ ኬሚካል ኢንዳስትሪ፣ ኮንስትራክሽን እታወት/፣ ምቅንብባር ውዕኢት ወይ እታወታት ሕርሻ፣ ግልጋሎት ጋራዥ | 5 | 500 | 750 | 1000 | በዝሒ ማሽን ኣብ ግምት ዘእተወ ይኾውን |
| | | 6-10 | 1500 | 2000 | 2000 | |
| | | 11 - 15 | 2000 | 2500 | 3000 | |
| | | ልዕሊ 15 | 2500 | 3000 | 3250 | |
| 3 | ግልጋሎት /መጥሓን፣ ውዕኢት ውሕልልና ባህላዊ ምግቢ ዓባን ኣቑሑትን/ | 5-10 | 250 | 300 | 300 | |
| | | 11-15 | 300 | 350 | 400 | |
| | | ልዕሊ 15 | 350 | 400 | 450 | |

| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| 4 | ሃፍቲ እንስሳ ምፍራይ ደርሁ፣ ጤለ በጊዕ | 3-5 | 350 | 400 | 400 | ብተግባር እንስሳ ዝነበረኦም እንተኮይኖም |
| | | 6-10 | 500 | 500 | 500 | |
| | | ልዕሊ 10 | 750 | 750 | 1000 | |
| | ምህጣር ክፍቲን ፀባ ላሕሚን | ልዕሊ 5 | 1000 | 1500 | 1500 | |
| 5 | ሓምለዋይ ልምዓት<br>• ፈልሲ ጣብያ | 5ን ልዕሊ ኡን | 750-1000 | 750-1000 | 1000-1500 | ብመሰረት ፕላን |
| | • ሓምለዋይ መናፈሻ | 5ን ልዕሊ ኡን | 1000-1500 | 1000-1500 | ----- | |
| 6 | ክፍቲ ዕዳጋ ሸቐጥ /ዕዳጋ ሓረስቶት ወይ ጉሊት | ንሕድ ሕድ | 12 | 15 | 15 | ብፕላን መሰረት ኮይኑ ግዝያዊ |
| 7 | ንህቢ | | --- | --- | 10000 - 50000 | በዘሎ ቐረብ |
| | | | | | | |